ነጻ ፕረስ ንምዕባለ ሃገር FREE PRESS FOR NATIONAL PROGRESS

# መቓልሕ

ኤሪሳት፡ ፍሉይ ሕታም፡ ዝኽሪ 20 ዓመት፡ ምዕጻው ጋዜጣታት ብሕቲ፡ መስከረም 18, 2021፡ ቁ.1

## ኣስታት 2200 ኤርትራውያን ዝፈረምሉ ሰነድ ጻዊዒት ንሰላም ሎሚ ንፕረ. ኢሰያስ ንኣም ሃይለ መንቀርዮስ ንጀነራል ሰብሓት ክርከብ 'ዩ።

3ይ ዓመት ቁ.45 ~ 1 ሓምለ 2001

ብተበግሶ 5 ገዱሳት ኤርትራውያን፡ ኣቶ ተስፋ መሓሪ፡ ኣቶ ሰይድ መሓመድ፡ ኣቶ ጳውሎስ ናትናኤል፡ ኣቶ ሚልዮን ሰመረን ኣቶ ኣማኑኤል መለሰን፡ ዝጀመረን ብዙሓት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ኤርትራውያን ደገፎም ብፈርምኦም ዝገለጽሉ፡ ብስም ጀጋኑ ሰውኣት ዝቐረበ ጸውዒት (Petition) ንሰላማዊ፡ ሕጋውን ቅዋማውን ፍታሕ፡ ንዘይምቅዳው ህግደፍ፡ ሎሚ 1 ሓምለ 2001 ዓ.ም ናብ ፕረዚደንት ኢሳያስ (ከም መራሒ ሃገር)፡ ናብ ኣምባሳደር ሃይለ መንቀርዮስ(ከም ናይ ቀረባ ተወካሊ ናይ'ቶም ቅሉዕ ደብዳቤ ናብ ኣባላት ህግደፍ ዝጸሓፉ 15 ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ)፡ ናብ ሚኒስተር ምክልኻል ጀነራል ሰብሓት ኤፍሬም(ከም መራሒ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ) ከምኡ እውን ናብ መራሕቲ ሃይማኖትን ክርከብ ምዃኑ ኣዳለውቲ ናይ'ቲ ጸውዒት ኣብ ዝዘርግሕዎ መግለጺ ኣፍሊጦም።

ኲለን ማዕከናት ዜና ሃገርና ከቃልሕኦ እና ውዑን፡ እዚ ኣስታት 2200 ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነበሩ ዜጋታት ዝፈረምሉ ጥርዓን፡ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ፍልልያቶም ብሰላም ፈቲሖም ሓድነት ሃገርና ከደልድሉን ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ክብገሱን ዝጽውዕ ኮይኑ፡ እቲ ጻውዒት ብተወሳኺ ንዘይሻራውነት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣትሪሩ ዝጠልብ'ዩ። ብመሰረት ኣበገስቲ ናይ'ቲ ጻውዒት ኣውጺኦሞ ዘለዉ መግለጺ፡ ነቲ ናይ ጥርዓን ሰነድ ገለ ላዕለዎት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ(ናይ ጀነራልነት ማዕርግ ዘለዎም) ዝፈረምሉ ብምህላዎም፡ መረጋገጺ ናይ'ቲ ንደልዮ ዘለና ሃዋህው'ዩ ክብሉ ገሊጾም።

ንሶም ኣብ መግለጺኦም፡ እቲ ዘቕርብዎ ዘለዉ ጥርዓን ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን ጸግዒ ዘይሓዘ፡ ናብ ውልቀ ሰባት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ናብ ኣገባባት፡ ትካላትን ኣተገባብራን ዝቐንዐ ሰለማዊ፡ ሕጋውን ቅዋማውን ሰረት ክሕዝ ዝጽውዕ'ዩ። ኣብ መወዳእታ እቶም ኣዳለውቲ፡ ንኹሉም ኣብ'ቲ ሰላማዊ ጻውዒት . ዝፈረሙ ገዱሳት ዜጋታት እናድነቑን፡ ብምሉኡ ህዝቢ ነቲ ጉዳይ ብሰላም ኣብ ምፍታሕ ምእንታን ክተባባዕ፡ ነቲ ጻውዒት ኲለን ማዕከናት ዜና ሃገርና ከቃልሕኦ እናጸውዑን፡ ነቶም ነቲ ጻውዒት ንምፍኳስ ኢሎም ናይ ሓሶት ፈርማን ናይ መላገጺ ኣስማትን ዝጸሓፉ ሰባት ኰኒኖም።

## "ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምቅላስ እቲ ግዜ ሕጂ 'ዩ" ኣምባሳደር ሕብረት በርሀ

3ይ ዓመት ቁ.63 ~ 2 መስከረም 2001

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲኔቭያን ነበር ወይዘሮ ሕብረት በርሀ፡ ትማሊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደምበ ኣዝማሪና ዶት ኮም ኣብ ዝጸሓፈቶ ርእይቶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ተፈጢሩ ዘሎ የዕናዊ ፖለቲካ ህግደፍ፡ ንለውጢ ዝሰርሓሉ ግዜ ሕጂ'ዩ። እተን ዝድለያ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ብቕዋማዊ ኣገባብ ክምስረታ እቲ ግዜ ኣኺሉ'ዩ ክትብል ጽሒፋ ። ንሳ፡ ነቲ ብገለ ኣብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንፖለቲካዊ ብስለት ህዝቢ ኦርትራ ኣመልኪቶም፡ ' ህዝብና ንዲሞኪራሲ ቅሩብ ኣይኮነን፡ ፖለቲካዊ ብስለት የብሉን' ብምባል ዝግበርዎ ምንእኣስ ኮኒና። " እቲ ብስም እስላማዊ ጥሩፍነት፣ናይ ዕንወት ባእታታትን፡ ትሕተ ሃገራውያን ዝግበር ህዝቢ ክጽዕር ኣለዎ ኢላ።



ኣምባሳደር ሕብረት፡ ህግደፍ ዝኸዶ ዘሎ ኣካይዳ፡ ዕላምኡ ነቶም 15 ኣባላት ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍ ንምእላይን፡ ሸሙቶም ንምቅንጣጥን ኣብ ዘይቅዋማዊ ቤት ፍርዲ ንምቕራብን ኮይኑ፡ ህዝቢ ግን ነዚ ጉዳይ እዚ ነቐሕሉ ኣንጻሩ ክዓጥቕን መሳርሒ ህግደፍ ካብ ምዃን ነብሱ ከግልልን ጸዊዓ።

ኣብ መወዳእታ " እዚ ሕጂ ትጋሊሁ ዘሎ ናይ ደሞክራሲ መጋረጃ ከይተዓጽወ እንተደኣ ዘይጸዓርና፡ ዳሕራይ ንሕናን ደቅናን ኣብ ትሕቲ ጨቋኒ ስርዓት ክንነብር ምዃንና ምርእ ከድልየና'ዩ" ኢላ።

## ኮሚቴ ንዴሞክራሲ ኤርትራ ደገፉ ንጉጅለ 15 ገሊጹ።

3ይ ዓመት ቁ.63 ~ 2 መስከረም 2001

ኣብ ሽወደን ዝመደበ ኮሚቴ ንዴሞክራሲ ኤርትራ ዝተባህለ ማሕበር፡ ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ እቲ ብጉጅለ 15 ኣባላት ህግደፍ ተላዒሉ ዘሎ ጉዳይ : ጸገም ኩሉ ህዝቢ ኤርትራን እምነ ኩርናዕ ናይቲ ክንጅምሮ ዝግብኣና ዴሞክራሲያዊ ኣካይዳን ብምዃኑ ብመትከል ከምዝድግፍ ሓቢሩ። ብመሰረት መግለጺ ኮሚቴ ንዴሞክራሲ ኤርትራ፣መንግስቲ ኣብ ልዕሊ እዞም 15 ኣባላት ማእከላይ ሸማግለ ክፍጽሞ ንዝደልዮ ዘሎ ማእሰርቲ ባይታ የጣጥሕ ምህላው ብምጥቃስ፡ ዝኾነ ኣብ ልዕሊኦም ብሰንኪ ዘቕረብዎ ርእይቶ ዝፍጸምን ነዊሕ ዝቕጽል ፖለቲካዊ ሳዕቤን ክፈጥር ከምዝኽእል ኣገንዚቦም። እቲ መግለጺ ብተወሳኺ፡ ጸገንቲ ንዝበሎም ጉጅለ15 ማእከላይ ባይቶን ኣባላት ህግደፍን ናይ ምንቅስቓስ መሰሎም ክውሓስን ከምዝግብኦ ጸዊዖም።

## ኤርትርያን ሜድያ ኣክሽን ኔትዎርክ ምእሳር ፕረ. ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ከምዘተሓሳሰቦ ገሊጹ።

3ይ ዓመት ቁ.56 ~ 9 ነሓሰ 2001

ኤርትርያን ሜድያ ኣክሽን ኔትዎርክ ምእሳር ፕረ. ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ከምዘተሓሳሰቦ ገሊጹ። ኣብ ጀርመን ዝመደበሩ፡ (ኤርትርያን ሚድያ ኣክሽን ኔትዎርክ ዝተባህለ ማሕበር ኣብ ማዕከናት ዜና ዝነጥፉ ዜጋታት፡ኩነታት ማእሰርቲ ፕረዚደንት ማሕበር ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተመሃራይ ሰመረ ከሰተ ከምዘሻቕሎም ኣብ ዝዘርግሕዎ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጦም።

እቶም ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ብ6 ግንቦት ዘውጽእዎ ሓባራዊ መግለጺኦም ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣዝማሪና ዶት ኮም" ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ተማሃራይ ሰመረ፣ ሓላፍነታውን ሞያውን ግዴታኡ ብምብርካቱ ዝተኣሰረ እንተኾይኑ፡ ካብ ተኣሲርዎ ዘሎ ቦታ ብህጹጽ ክልቀቕ ንመንግስቲ ኤርትራ ኣተሓሳሲቦም። ሕጊ ጥሒሱ ኣንተድኣ ኮይኑ ፡ ጉዳዩ ኣብ ዝርኢ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ከምዝግባእ ብተወሳኺ ጠቒሶም ።ንሶም ኣብ መግለጺኦም፡ ምኽንያት መእሰሪኡ ንቤተሰቡ ኮነ ህዝቢ ብሓፈሻ ክግለጽ ከምዘለዎ ድማ ኣዘኻኺሮም። ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኮነ ወከልቲ ማዕከናት ዜና ካብቶም ቀንዲ ኣባላት ሓደ ሕብረተሰብ ምዃኖም ዘገንዘበ መግለጺ ኣብ ጀርመን ዝመደበሩ (ኤርትርያን ሚድያ ኣክሽን ኔትዎርክ ክተባብዑን ጠለባቶም ክማልኣሎም ከምዝግባእ መኺሩ። ሃገራዊ ጉቡኦም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዘበርከቱ ዘለው ጋዜጠኛታት ናይ ውልቂ ጋዜጣታት ንባዕሎም፡ ብቐረባ ኣብ ዝነጥፉለን ትካላት ኮይኖም ግቡኦም ከበርክቱ ከምዝግባእ ድማ ሓቢሮም። ሃናጽን ግብራውን ተሞክሮታቶም ድማ ኣትሒትካ ክርአ ከምዘይብሉ ኣብ መግለጺኦም ጠቒሶም።ብፍላይ ኣብዚ ተኣትዩ ዘሎ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ተራ ማዕከናት ዜና ኣገዳሲ ምዃኑ ብተወሳኺ ኣዘኻኺሮም።

ኣብዚ ግዜዚ፡ ብሰንኪ ምፍርራህን ናይ ምእሳር ስጉምትን፡ ንመልክዕ ሃገርና እናዳወና ይመጽእ ብምህላው ከምዘተሓሳሰቦም እቶም ጀርመን ዝመደበሮም ኤርትራውያን ብተወሳኺ ገሊጾም። ከምዚ ዓይነት ተግባራት ኣብ መጻኢ ክድፍኣሉ ከምዘይብሉ ብምጥቃስ ተመሃር ዩኒቨርስቲ ሰመረ ኮነ ካልኦት ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዝርከቡ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት ክፍትሑ ጻውዒት ኣቕሪቦም።

### ዳዊት ሃብተሚካኤል (1974 - )

መስራቲን ምክትል ዋና ኣሰናዳኢን ናይታ ብ29 ታሕሳስ 1998 ዝጀመረት ጋዜጣ መቓልሕ ዝኾነ ዳዊት ሃብተሚካኤል ፣ ኣብ መስከረም 2001 ክሳብ ዝእሰር፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከም መምህር ናይ ፊዚክስ ይሰርሕ ነይሩ። ብፍሕሸዉ ባህሪኡን ንጋዜጠኛነት ዘለዎ ፍሉይ ተወፋይነትን ዝፍለጥ ዳዊት፡ ኣብ'ታ ዝምህረላ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃኣስመራ ሓፈሻዊ ኣብ ምጥርናፍ ናይ ስነጽሑፍ ክለባትን ኣብ ምስልጣን ስፖርታዉያን ጉጅለታትን ብዝነበሮ ተራ እዉን ይልለ። ኣብ ምስንዳእ ግዜጣ ዘመን ጥራይ ከይተሓጽረ ፡ ኣብታ ጋዜጣ ብዳህቲ ዓንቀጻት የበርክትን፡ ኣብ'ታ " ክምብል በለ'ምበር" ዝሰመያ ዓምዱ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ይግምግምን ነይሩ።

ዳዊት ኣብ'ታ ዝበዝሑ ጋዜጠኛታት ተሞቒሖም ዝተወሰዱላ ዕለት እኳ ኣንተዘይተወሰደ፣ "ንሓጺር ኣዋን እዮም ዝእሰሩ ዝኾኑ" ዝብል ግምት ሒዙ፡ ናብ ቦታ ስራሑ ኣብ ዝተመለሰሉ ጽባሕ ግን ብኣባላት ጸጥታ ተወሲዱ ክሳብ እዛ ሰዓት ደሃይ የብሉን።

### ማቲዎስ ሃብተኣብ

(1974- )

ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ ማቲዎስ፡ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ጎዳይፍ ዛዚሙ ፡ ኣብ ቤት- ትምህርቲ ቴክኒክ ብሓፈሻዊ ኣውቶመካኒክስ ድሕሪ ምስልጣኑ፡ ኣብ 1993 ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተጸንቢሩ ብግብራዊ ሒሳብ (Applied Mathemathics) ዝተመረቐ እዩ። ማቲዎስ ኣብ'ታ ብተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ እትወጽእ ዝነበረት ጋዜጣ ይሳተፍን ብዳህቲ ጽሑፋት ብምብርካት ዝፍለጥን እዉን ነይሩ።

ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ክዛዝም ኣብ ዝቐርበሉ ዝነበረ ኣዋን ብ 29 ታሕሳስ 1998 ምስ ብጾቱ ብምዃን ንጋዜጣ መቓልሕ መስሪቱን እታ ግዜጣ ምስ ካልኦት ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ኣብ መስከረም 2001 ክሳዕ ትዕጾ ድማ ከም ዋና ኣሰናዳኣኢ ኮይኑ ነጢፉን። ብዕቱብነቱን ተባዕ መልእኽቲ ብዝሓዙ ጽሑፋቱን ዝልለ ማቲዎስ፡ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኮይኑ የገልግለሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ እዩ ተኣሲሩ። ክሳብ ሕጂ ድማ ዝኾነ ደሃይ የብሉን።

# “ኣነ ብወገነይ ብግንባር ዝምራሕ መንግስቲ ርእየ ኣይፈልጥን ‘የ።........” ምሁር ስነ - ፖለቲካ ኣቶ ሙሴ ኤፍሬም

3ይ ዓመት ቁ. 46 ~ 5 ሓምለ 2001

ትማሊ 4 ሓምለ 2001 ዓ. ብርክት ዝበሉ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተሳተፍዎ ሰሚናር ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተኻይዱ። እዚ ብተቓማጣይ ሃገረ ሽወደን፡ ምሁር ፖለቲካል ሳይንስ፡ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ድምጺ ኤርትራን(ዓምድታት ትግርኛ) ናይ ነዊሕ እዋን መሓዛ ህ.ግንባርን ዝኾነ ኣቶ ሙሴ ኤፍሬም ዝተዋህበ ሰሚናር፡ ህልው ኩነታት ሃገርናን ንመሰርሕ ምርጫ ኤርትራን ኣመልኪቱ ንልዕሊ ክልተ ሰዓት ዝትዩ።

ኣብ’ዚ ሰሚናር ንመሰርሕ ምርጫ ኣልዒሉ ኣብ ዝዘተየሉ እዋን፡ ኣቶ ሙሴ ኤፍሬም፡ “ሓደ ቅኑዕ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ፡ ብዘይ ሕብረ ሰልፋዊ ስርዓት ክረጋገጽ ይኽእል’ዩ ዝብል እምነት የብለይን። ብሓደ ሰልፊ ዝኸይድ ዲሞክራሲ የለን። ስለምንታይ፡ ኣነ ከም ፖለቲካዊ ባእታ ኮይነ ክንቀሳቐስ ኣብ ዝጸናሕክሉን ከም ተማሃራይ ኮይነ ኣብ ዘጽናዕክዎ” ክልሰ-ሓሳባትን ከምኡ እዮም ክንጽኑለይ ጸኒሖም” ድሕሪ ምባል፡ ንፍልልይ ግንባርን ሰልፍን ከረድእ እንከሉ-”ግንባር : ብ ዘ ተ ፈ ላ ለዩ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ሰባት/ ባእታታት ዝቆመ፡ግን ንሓደ ንጹር ሓባራዊ ጸገም (ንኣብነት ናጽነት) ዝቃለስ ምንቅስቓስ ክኸውን እንከሎ፡ ፣ሰልፊ ግን፡ ብሓደ ዓይነት(ተቐራራቢ) ፖ ለ ቲ ካ ዊ ኣ ረ ኣ እ ያ ታ ት (ፍልስፍና) ዘለዎም ሰባት ዝቖመ ኮይኑ፡ ንፖለቲካዊ ስልጣን ዝ ቃ ለ ስ ኣ ካ ል /



ምንቅስቓስ’ዩ”ኢሉ። ንሱ ብዛዕባ ብስለት ሕብረተሰብና ንምእንጋድ ምርጫ፡ ቅዋም፡ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓትን፡ ዲሞክራስን ተሓቲቱ ክዛረብ እንከሎ። እዛ ሃገር’ኳ 13 ሰልፍታትን ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታት ዝነበሮ ሃገራዊ ባይቶ ዝነበራ ሃገር’ያ። ኣነ ከም’ዚ ካብ ገለ ገለ ሰባት ዝሰማዕ ዘሎ፡ ናይ ህዝብና ናይ መግዛእታዊ ድሕረ ባይታ እናምጻእኻ ዝግበር ዘሎ ጎስጓስ፡ ታሪኽ ካብ’ታ ንደልያ ጥራይ ቁንጭል እናበልና እ ን ተ ዘ ይ ወ ሰ ድና ያ ይሓይሽ በሃላይየ።ክብል እንከሎ፡ ሓደ ተማሃራይ ብወገኑ፡ እዚ ህዝቢ ብቅዓት የብሉን ካብ ምባል፡ ከም’ቲ ኣዝዩ ገፊሕ መዓስከር ስልጠና(ሳዋ) ከፊትና፡ ብወትሃደራዊ ከምዝበሰል ዝገበርናዮ፡ ሕጂ ድማ ሰፊሕ ናይ ፖለቲካ ተሳትፎ መድረኽ ከፊትና ከነብስሎ’ዩ ዝግባእ” ኢሉ።

ኣቶ መሴ፡ «እዚ ዝመጽእ ታሕሳስ ዝግብር ምርጫ ከመይ ዝኸውን እመስለካ?» ተባሂሉ ምስተሓተተ፡ ብእምነተይ ኣብ ውሽጢ 4 ኣዋርሕ ተወዲባ ክትወዳደር ትኽእል ፓርቲ ዘላ ኣይመስለንን።» ድሕሪ ምባል፡ “ እቲ ምርጫ ብብሕቲ ክኸውን’ዩ ዝብል እምነት’ዩ ዘሎኒ» ኢሉ። ቀጺሉ ንቀጻልነት ህግደፍ ኣብ ስልጣን ኣመልኪቱ ክምልስ እንከሎ፡ “ ኣነ ብወግይ ብግንባር ዝምራሕ መንግስቲ ርእየ ኣይፈልጥን’የ።

ህ.ግ ከምኡ ክገብር’ዩ ዝብል እምነት’ውን የብለይን።» ኢሉ። ንሱ ብዛዕባ፡ቲ ኣብ ንድሬ ምርጫ ዘሎ ንገለ ገለ ኤርትራውያን ካብ ተሳትፎ ዝኽልክል ዓናቕጽ ርእይቶ ክህበሎም እንከሎ፡” ተሳትፎ ኣብ ምርጫ ምስ ፖለቲካዊ ክድዓትን ታሪኻዊ ድሕረ ባይታን ዝተኣሳሰር ዘይኮነስ፡ ምስ ኣድማሳዊ ሕጊ ዓለምና ተኣሳሲሩ ክረአ ዝግብእ መሰላት ናይ ተፈጥሮ ሕጊ እዩ።» ኢሉ። ብሓፈሻ ድማ፡ ንድሬ ምርጫ ኣብ ገለ ገሊኡ ክቕየር ከምዘለዎን ጽዑቕ ህዝባዊ ርእይቶ ዝሓትት ምኳኑን ዘነጽር ደብዳቤ ንፕረዚደንት ልኢኽሉ ምንባሩ ሓቢሩ።

እቶም ተማሃር ብወገኖም፡ ኣብ’ዚ ዝስዕብ ነጥብታት ምሉእ ብምሉእ ዘይተመለሱ ሕቶ ኣቕሪቦም ዘይምህላው ትካላት ዲሞክራሲ ንምህናጽ ዲሞክራሲ ኣይዕንቅፎን’ዶ? ህግደፍ ንምንታይ ኣባላት ንምምዝጋብ ጎስጓስ ይገብር ኣሎ? ህ.ግ.ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ህዝባዊ’ዶ ክንብሎ ንኽእል? ፖለቲካዊ ቅሩብነት ንዲሞክራሲ ብወገን መንግስቲ ዘሎ’ዶ ይመስል? ንምንታይ እታ ብባይቶ ዝተመርጸት ኮሚቴ ምንዳፍ ሕግታት ሰልፊ ብፕረዚደንት ተኣልያ፡ ብኻልእ ዘይሕጋዊ ኣካል ተተኪኣ ክነሳ እቲ መስርሕ ይቕጽል? ኣብ መወዳእታ ድማ፣ እቲ ዝካየድ ዘሎ ዘተ ንድፍታት ናብ ቀጽሪ ዩኒቨርስቲ ክኣቱ፡ ብሓለፍቲ መንግስቲ፡ ኣብ ክንዲ ንኣድላይነት ዲሞክራሲ፡ ቅዋም፡ ምርጫን ሰልፍታትን ዘነኣእስ ዘረባታት ዝዝረብ ንዕኡ ዘተባብዕ ክኸውንን፡ ህግደፍ መጻኢ ዕድላቱ እንታይ ከምዝኸውን ህዝቢ ብቕልጡፍ ክፍልጥን ጸዊዖም።

# ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጌር ተወሳኺ መብርሂ ሂቡ።

3ይ ዓመት ቁ.39 | 10 ሰነ 2001



ነቲ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ጋዜጣ መቓልሕ ዝገበሮ ቃለመጠይቕ ይኹን፡ ካልኦት ብሕታውያን ጋዜጣታት ኤርትራ ዝሃብዎ ቃለ መጠይቕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጋዜጣታት ዝተፈላለየ ርእይቶ ክወሃብ ጸኒሑ’ዩ። ነዚ ብምዕዛብ፡ «ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ርእይቶታት ትም ኢልካ ምዕዛብ ከም በደለኛ ኮይኑ’ዩ ዘስምዕ”ብምባል ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር ናብ ቤት ጽሕፈትና ሓደ ሕጽር ዝበለ ቀሉዕ ደብዳቤ ልኢኹ’ሎ።

ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ኣብ ደብዳቢኡ፡ ከም ሰብ ክጋገ ስለዝኽእል፡ ነቲ ኣብ ኣቀራርባ ይኹን ኣብ ትሕዝቶ ኣመልኪቱ ዝቐረበለይ ሃናጺ ርእይቶን ነቐፌታን ብልቢ’የ ዝቕበሉ» ድሕሪ ምባል፡ «እንተ’ቲ ኩሉ’ቲ ኣብ ጋዜጣ መቓልሕ ዝበልክዎ፡ ነቲ ብዛዕባይ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝበሃል ዝነበረ ወግዓዊ መግለጺ ስለዝደለኹ’ምበር፡ ስልጣንን መዓርግን ስለዝጎደለኒ ከምዘይኮነ ኩብርህ እፈቱ።»

ሜጀር ጀነራል ጽሑፉ ብምቕጻል፡ «ኩሉ ብኸም’ዚ ኣገባብ ካብ ስርሑ ደው ዝበለ ሓላፊ፡ ‘ስለዝሰረቐ እዩ፡ ምስ እገለ ምትእስሳር ናይ ንግዲ ኣለዎ፡ እገለ ወገናዊ’ዩ፡ ወዘተ.... ‘ ኮይኑ ኣሉ እቲ መደምደምታ። እዚ ድማ፡ መብዛሕትኡ ካብ ውሱናት ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝፍኖ ምኳኑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ስልጣንና መዓርግናን ክንዕቅብ እንተንደሊ፡ ቀሊል’ዩ።

ኣብ ባይቶ ይኹን፡ ኣብ ካልእ ኣኼባታት ዘይምዝራብ እዩ። ከም’ቲ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት።» ኢሉ።

# ኣቦ መንበር ቤት - ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ኣቶ ሲራክ ክፍለ ተኣሲሩ

3ይ ዓመት ቁ.40 ~ 14 ሰነ 2001

ኣቦ መንበር ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ፕሪማ ኦይል ካምፓኒን ዝኾነ ኣቶ ሲራክ ክፍለ . ዛጊት ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ምእታዉ እሙናት ምንጭታት ንጋዜጣ መቓልሕ ሓቢሮም።

ኣቶ ሲራክ ክፍለ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ትሕቲ ቐይዲ ዝኣተወ ክኸውን ከሉ፡ እንታይ ዓይነት ገበን ፈጺሙ ግን ዛጊት ዝተፈልጠ ነገር ዋላ’ኳ እንተዘየሎ፡ ገለ ገለ ሓበሬታታት ግን፡ ኣቶ ሲ ራክ ምስ ናይ ገንዘብ ምጥፍፋእ ዝተተሓሓዝ ጉዳይ ከይኮነ ይተርርፍንዘበሉ ኣይተሳእኑን።

ኣቶ ሲራክ ክፍለ ኣቦ መንበር ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ኮይኑ ካብ ዝምዝዝ ብዙሕ ብዘይምግባሩ፡ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ተመስሪቱ ዝበሃል ዘሎ ክሲ ምስቲ ቤት ምኽሪ ዝተኣሳሰረ ክኸውን ከምዘይክእል ዝተፈላለዩ ወገናት ይሕብሩ።

ንሶም ጉዳይ መእሰሪ ኣቶ ሲራክ ክፍለ ምስ ፕሪማ ኦይል ካምፓኒ ክተሓሓዝ ግን ልዑል ተኽእሉ ምህላዉ ይገልጹ። ፕሪማ ኦይል ካምፓኒ ካብ እትምስረት ነዊሕ ዝገበረት ክትከውን ከላ፡ እንታይ ትሰርሕ ምህላዋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓቢኡ ንጹር ሃለዋታ’ውን ዝፍለጥ ኣይኮነን።

# ሓያለ ሰብ ባራት ኣስመራ ብጋዜጣታት ኣማሪሮም

3ይ ዓመት ቁ.60

ብርክት ዝበሉ ሰብ ባራት ኣስመራ፡ ተገልጋሊ ኣብ ባራቶም ጋዜጣታት ሒዙ መጺኡ ከንብብ ነቲ ዝኣዘዞ ውዑይ ነገር ለለዝርስዖ ዘሎ፡ ምስ ዝሓለ ካልኣይ ግዜ ከውዕይዎ ይግደዱ ስለዘለዉ ከማርሩይስምዑ ኣለዉ።

እዚ ሓበሬታ’ዚ ካብ ውሑዳት ሰብ ባራት ምስ ረኸብናዮ፡ ንኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ተወኪስና፡ ሓቅነቱ ከነረጋግጽ ክኢልና ኣሎና። ድሒርና ከምዝረጋገጽናዮ ድማ፡ ኣብ ገለ ገለ ባራት፡ «ሓንሳብ ዝወዓየ ጠለብ ደጊምካ ኣውዕዩለይ ምባል ከምዘይፍቀድ ነፍልጥ» ዝብል መተሓሳሰቢ ተለጢፉ’ሎ። እዚ መተሓሳሰቢ’ዚ ምስ’ቲ ብሰንኪ ምንባብ ጋዜጣታት ዝፍጠር ጸገም ዝተሓሓዝ ምኳኑ ተፈሊጡ’ሎ።

ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ህዝቢ ጉዳይ ሃገሩ ብሳላ ብሕታውያን ጋዜጣታት ብቐረባ ይከታተሎ ስለ ዘሎ፡ ኣብኣን ዘለዎ ተገዳስነትን እምነትን እናልዓለ ይኸይድ ከምዘሎ፡ውን እቶም ገለ ገለ ወነንቲ ባራት ካብ ምግላጽ ኣይተቘጠቡን።

# “ኣብ’ዚ እዋንዚ ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ሕጊ የለን “ፕሮ.ተኪኤ ፍስሓጽዮን

3ይ ዓመት ቁ.49 ~ 12 ሓምለ 2001

# ምዕንባብ ነጻ-ፕረስ፥ ፍሉይ ህያብ ናይ’ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት’ዩ

ኣብ’ዚ እዋንዚ ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ሕጊ የለን ፕሮ.ተኪኤ ፍስሓጽዮን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርስታት ከም መምህር ዘገልገለ ኤርትራዊ ምሁር ፕሮፌሰር ተኪኤ ፍስሓጽዮን ፡ ኣብ መርበብ ዲሞክራስን ም ርጫን “ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝጸሓፎ ጽሑፍ ኣብ ኤርትራ ኣብዚ እዋን ከምቲ ኣብ ሓምሳታት ዝነበረ ግዝኣተ-ሕጊ ዝብሃል ከምዘየለ ብምጥቃስ ሃገርና፣ ክልተ ዝተፈላለየ ሕግታት ከምዘለዋ ገሊጹ። ንሱ ኣብ መገጺኡ፣ እዚም ሕግታት ድማ ነቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘገልግሉን፣ ነቶም ተራ ህዝቢ ዘገልግሉን ተባሂሎም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ሕግታት ምዃኖም ድማ ኣብሪሁ።ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ነቲ ዘይድግፍዎ ሕግታትን ቀይድታትን ብዘይገለ ፍርሒ ክጥሕሱ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ ምዃኑ ድማ ኣገንዚቡ።

ፕሮፌሰር ተኪኤ ንግሉጽነት ኣሰራርሓ መንግስቲ ኤርትራ ኣመልኪቱ ክትንትን ከሎ፡ “እቲ ዝዓበየ ምስጢር ኣብ ኣሰራርሓ ነጻ ኤርትራ ንኣገባብ ኣመሓላለፈ ውሳነ እዩ። ህዝቢ ሕጊ ከምዝጸደቐ እምበር፡ ንምንታይ ጸዲቑን ብኸመይ ጸዲቑን ዝብሉ ሕቶታት ክምለስ ኣይጸንሐን።ከም ውጽኢት ድማ



ብዙሓት ሕግታት ጸዲቐም ብዙሓት ድማ ነቲ ሕብረተሰብ ከገልግሉ ስለዘይከኣሉ ተሰሪዞም። እዚ ድማ ናይ ዝምልከቶም ኣካላትን ህዝብን ኣብግዜ ምንዳፍ ተራ ተሳትፎ ስለዘይነበረዩ” ኢሉ። ንሱ፡ ውሳኔ ብሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ብስም ህዝቢ ክውሰዱ ምጽንሖም ድሕሪ ምዝኽኻር፡ እዚ ግን ሓደገኛ ምዃኑ ኣተሓሳሲቡ። ብዛዕባቲ ምስ ወያነ ዝተኻየደ ኩናት ክግታእ ይኽእል ነይሩ’ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ገለ ወገናት ግን ፍጹም ከምዘይሰማምዓሉ ብምጥቃስ ፣እቲ ምስ ሱዳን ዘበጻሕናዮ ሕንፍሽፍሽን ኣብ ኮንጎ ኪንሻሳ (ኣዝዩ ርሑቕ ካብ ኣስመራ) ዝገበርናዮ ምትእትታው ግን ኣይሰማምዓሉን ጥራይ ዘይኮነ ፡ ህዝቢ ክፈልጦን ክሕተትን ዝነበሮን ጉዳይ በሃላይ ምዃኑ ገሊጹ። ፕሮፈሰር ተኪኤ፡ ንተሓታትነት ኣመልኪቱ ክጽሕፍ ኣብቲ ኣነ መንእይ ዝነበርኩሉ ቅድሚ 40 ዓመታት ዝነበረ ጊዜ፡ ግቡእ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝነበራ ትካላት መንግስቲ፡ ሕጂ ዘይእዱብን ዝተሓላለኸን ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓ ክሰርሓ፡ ተሓታትነት ከጥፍኣን ትዕቢት ከማዕብላን ይርኢያ ኣላዋ ብምባል፡ እዚ ሳዕቤን ናይ’ቲ ብዙሓት ኣብ ስልጣን ዘለው ስልጣን ከም ናይ ዝሓለፈ ቃልሶም ሽልማት ዝርእይዎ) ሰባት ኣተሓሳስባ ምዃኑ ኣረዲኡ። ህዝቢ ዝበለ ይበል፡ ደስ ዝበለካ ሕጊ ምሕንጻጽ ዝብል ፍልስፍና እዩ ዘሎ ኢሉ። ተሓታትነት ብግቡእ ክረጋገጽ እንተኾይኑ፡ ግን ክልተኣካላትን ነጻን ኣወዳዳሪ ዝኾነ ምርጫን ብግቡእ ከምዕብል ኣለዎ። እዘን ትካላት እዚኣተን ድማ፣ነጻ ዝኾነ ፈራዲ ኣካልን ነጻ ፕረስን ከድሊ ምዃኑ ኣጥቢቑ ብምዝካር ተድላ ባይሩ ኣብ ሓምሳታት ነታ ኣንጻሩ ዝጸሓፈት ጋዜጣ ድሃይ ኤርትራ ምዕጻው ኣዘኻኺሩ። ይኹንምበር፡ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ኤርትራ ነቲ ውሳነ ናይ ተድላባይሩ ዘይቅዋማዊ እዩ ብምባል ከም ዝለዓል ገይሩ ብምባል ንብቕዓት ናይቲ እዋን መንግስቲ ኤርትራን ብስላት ህዝብናን ኣብሪሁ።

ፕሮፌሰር ተኪኤ ብዘይካዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ብዙሕ ጽቡቕ ነገር’ኳ እተዘይነበረ፡ ምዕንባብ ነጻ ፕረስ ግን ሓደ ፍሉይ ህያብ ናይዚ እዋን’ዚ እዩ ኢሉ። እዚ ፕረስ’ዚ፡ ውሕስነት ክህልዎ ግን እቲ ዘሎ ሕጊ ፕረስ ብቕዋማዊ ሕጊ ክመሓየሽን ተናጋጽነት ናይ ፈራዲ ኣካል ክረክብ ክኽእል ከምዘለዎ ጠቒሱ። እቲ ዝመጽኣ ሃገራዊ ባይቶ ከኣ ነቲ ተፈጺሙ ዘሎ ጌጋታት ብምልላይ ናይ ምዝራብ ናጽነት ዘንግስ ሕጊ ክነድፍ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምርጫ ናይ ኩሉ መድሃኒት ዘይምዃኑ ገለጸ ፕሮፌሰር ተኪኤ፡ ምርጫ ትርጉም ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ህዝቢ ናይ ተመረጽቲ ለውጢ ምስ ዝህልዎን ብዘይዝኾነ ጽልዋ ምስ ዝካየድን ጥራይ ምዃኑ ኣረዲኡ። ዓለምለኻውያን ለገስቲ ሃገራት ወይ ድማ ውድባት ከተሐጉስ ኢልካ ዝካየድ ምርጫ ግን፡ ፍትሕን ደሞክራስን ዘምጽእ ዘይምዃኑ ሓቢሩ።ነጻ ፕረስን ነጻ ፍርዳዊ ኣካልን ድማ ዋሕስ ነጻን ርትዓውን ምርጫ ምዃኑ ብምዝኽኻር ጽሑፍ ዛዚሙ።

## መደብ ቁርሲ ቀዳም ኣብ ጠዓሞት መንግስታት ሳልሳይ ዓለም ዝዓበየ ትጻባእቲ ጋዜጠኛታት ሙኳኖም ዘትዩ።

3ይ ዓመት ቁ.49 ~ 15 ሓምለ 2001

ትማሊ 14 ሓምለ 2 ኣብ ጽሑፋት ሲነማ ኣዝመራ ኣብ ዝተገብረ መደብ ቁርሲ ቀዳም ኣብ ጠዓሞት፡ ንስነ ምግባር ጋዜጠኝነትን ስነ ቋንቋ ጋዜጣታትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ ዘተ ተኻይዱ። እዚ ብኣቶ ዮናስ መስፍን መምህር ስነ ጋዜጠኝነት ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስትን ኣቶ ኣዲገብረ ክኢላ ቋንቋ ትግርኛን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ብዝሕ ዝበሉ ግዱሳት ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ንተዓዘብቲ ዘሳተፈ ሓያለ ኣካታዒ ነጥብታት ተላዒሉ።በብዝምልከቶም ድማ፡ መልስታት ተዋሂብዎም።

ኣቶ ዮናስ መስፍን፡ ንስነ-ምግባር ጋዜጠኛታት ኣመልኪቱ ክዛረብ እንከሎ”ስነ ምግባር ጋዜጠኛታት፡ ብጸቕጢ፡ ካብ ኣድቨርታይዝመንት ዝመጹ ጸቕጥታት፡ ብወድዓውነት፥ተጻረርቲ ረብሓታትን ብምግሃስ መሰል ብሕትውናን ይጽሎ እዩ።» ኢሉ። ንሱ፡ ን«ስነ-ምግባር ጋዜጠኝነት» ኣመልኪቱ ክዛረብ እንከሎ፡ «ስነ ምግባር ጋዜጠኝነት ማለት፡ ሓደ ጋዜጠኛ ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ክገብሮ ዘለዎ ነገር’ዩ። እዚ ስነ ምግባር’ዚ ዘይገበርካ ተባሂሉ፡ ሓደ ጋዜጠኛ ክቕጻዕ ወይ ክእሰር ኣይክእልን’ዩ። እንተኾነ፡ ክግሰጽ፡ ክንጸግን ክፍንፈንን ይኽእል’ዩ።» ድሕሪ ምባል፡ ጋዜጠኛ ዋላ’ኳ ስነ ምግባራዊ ክኸውን ኣለዎ ጋዜጠኛታት ገለ ገለ ጽሑፋት(ነቐፌታታት) ንምጽሓፍ ድማ፡ ደፋራት ክኾኑ ኣለዎም።»ኢሉ። ንጸገም ጋዜጠኛታት ኣልዒሉ ኣብ ዝተዛረበሉ ከኣ፡ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም መንግስቲ እቲ ዝዓበየ ተጻባኢ ጋዜጠኛታት ምዃኑ ብምሕባር፡ ጋዜጣታት ኣብ ኣዝየን ትሑት ናይ ቁጠባ ጅግሪ ከለዋ፡ ህዝባውያን ጋዜጠኛታት ብንኣሽቱ ጌጋታት ኣመሳሚስካ ምኽሳስ፡ ካልኣይ ሕማም ርእሲ ፈጢርካ ካብ ዕዳጋ ምእላየን’ዩ ዘስምዕ’ሞ፡ ብሽምግልና ጉዳይካ ምዕራፍ ዝበለጸ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣቶ ዮናስ ኣብ መወዳእታ፡ ንብርክት ዝበሉ ሕቶታት ብኣዝዩ ልዙብን ዘዕግብን መንገዲ ብምምላስ ኣስተምህሩኡ ዛዚሙ። ኣቶ ኣዲ ገብረ ብወገኑ፣ንኣጠቓቕማ ስርዓት ነጥቢ ኣብ ጋዜጣታትና ኣመልኪቶም ሰፊሕ ኣብነታዊ ኣስተምህሮ ሂቦም።ንሶም ኣብ ጋዜጣታትና ዝቀርብ ምሉእ ሓሳባት፡ ኣዝዩ ነዊሕ ብ ርእሲ ምዃኑ፡ ክልተ ነጥቢ፡ ንጽልን ድርብን ሰረዛት ብግቡእ ንጥቀመሎም ስለዘየለና፡ንኣንበብቲ ኣሰልቸውትን ኣደናገርትን ኮይኖም ብምባል፡መእረምታ ክግበር ተላብዮም። ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝቐመጡ ኣቶ ኣዲ ገብረ፡ ኣዝዮም ማረኽቲ ዝኾኑ ናይ ቀደም ዓናቕጽ ጋዜጣታት ኤርትራን፡ ኣብ ናይ ሕጂ ጋዜጣታት ዝወጸ ስርዓት ነጥቢ ዘይጥቀም ዓናቕጽን ኣምጺኦም ብምውድዳር፡ ንተሳታፊ ንጹር ስእሊ ሂቦም። ኣብ’ቲ ኣጠቓቕማ ንጽልን ድርብን ሰረዛት ዝምልከት፡ ተሳተፍቲ ብዙሕ ተቓውሞ’ኳ እንተርኣዩ፡ ብኻልእ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ኣስተምህሮ ግን፡ ዕጉባት ምንባሮም ጋዜጠኛና ካብ’ቲ ቦታ ጸብጺቡ።

## ልዕሊ 15 ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ህጹጽ ኣኼባ ጸዊዖም

3ይ ዓመት ቁ.36 ~ 31 ግንቦት

ልዕሊ 15 ዝኾኑ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለው ህግደፍ፣ ህግደፍ ምዱብ ኣኼብኡ ዘቃንዓሉ ግዜ ስለዝሓለፈን፡ ነቲ ንሶም ኣጋጢሙ ዝብልዎ ዘለዉ ቅልውላው ንምፍታሕን ህጹጽ ኣኼባ ክግበር ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብጽሑፍ ሓቲቶም ከምዝተነጽጉን፣ሕጂ ድማ ፣ናብ ኩሎም ኣባላት ህግደፍ ቅሉዕ መልእኽቲ ከምዝለኣኹን ፣ደምበ ኣዝማሪኖ ኮም ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ፣ትማሊ ምሸት ንቅዳሕ ደብዳቤኦም ፣ከታሞምን ብፕረዚደንት ዝተዋህቦም መልስን ብምቕራብ ሓቢራ። እቲ ንሳቶም ዝጸሕእፍዎ ደብዳቤ፣እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ይንበቦ።”እዚ መልእኽቲ’ዚ ጻውዒት ንምዕራይ፣ጻውዒት ንሰላማዊ ዲሞክራስያዊን ዘተ፣ ጻውዒት ንምሕያልን ምድልዳልን፣ጻውዒት ንሓድነት፣ጻውዒት ንግዝኣተ ሕግን ስርዓተ ፍትሕን’ዩ።።ብሰላማውን ሕጋውን መንገዲ።።ብመሰረት ኣብ ደምበ ኣስማሪኖ ኮም ሰፊሮ ዘሎ ሰነዳት ፣እዞም ልዕሊ 15 ዝኾኑ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ዘለዉን ዝነበሩን ፣ዝለኣኽዎ ደብዳቤ ናብ ፕረደንት ኢሳያስ በጺሑ ክልተ ግዜ፣ናይ “ትጋገዩ ኣለኹም” ዝብል ናይ ኢድ ጽሑፍ መልሲ ከምዝረኸበ ተፈሊጦ ኣሎ። ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ’ውን ህጹጽ ኣኼባ ንምክያድ ብዝዘወሓደ ናይ  ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ጠለብ ክረክብ ኣለዎ ብምባል ነጺግዎ።

ኣብ’ቲ ናብ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝተላእከ ክልተ ደብዳቤታት፣ኣስማትን ፊርማን ናይ’ዞም ዝስዕቡ ይርከቦ፥ ማሕሙድ ኣሕመድ ሸሪፎ፣መስፍን ሓጎስ፣ጴጥሮስ ሰለሙን፣ሃይለ ወልደትንሳኤ(ድሩዕ)፣ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ፣በራኺ ግ/ስላሴ፣ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር፣ሳልሕ እድሪስ ኬክያ፣መሓመድ ብርሃን ብላታ፣ኣድሓኖም ገብረማርያም፣ሃይለ መንቀርዮስ፣ኣስቴር ፍስሓጽየን፣ ኣልኣሚን ሸኽ ሳልሕ፣ሕእምድ ሕምድ፣ ብሪጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ስዩምን ጀርማኖ ናቲን።

## ምፍጣር ህዝባዊ ዘተ ሓላፍነት ፕረስ’ዩ

3ይ ዓመት ቁ.63 | መስከረም 2 2001

ቀልጢፈ ርእይቶ ክህበሉ ብግዜ ዝዓደመኒ ተበግሶ ሜ/ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር እዩ። ከም ጉዳይ ግን ተመሳሳሊ ርእይቶታት ክለዓሉን ክዝረበሎም ከም ዘሎዎምን, ዘተናን ክትዓትናን ሃነጽትን ሃገራውያንን ክኾኑ ኣብ ሓንጎለይ ዝተሓንጎረን ዝኸረመን ትሕዝቶ’ዩ።ዘሎ። መንግስቲ ንኽምኡ ኣይተበገሰን ንምባል ኣይኮነን። ይዕሞቕ ይሰፋሕ ባይታ ይፈጠር ኩልና ርእይቶ ንሃበሉ፣ ሓሳባትና ነፍስሰሉ ዝብል ናይ ዕድመ መልእኽቲ’ዩ ሰዲዱልና ንሃገራውያን ኣንበብቲ። ብዝያዳ ንሰብ ሞያ። -ንወለዶታት ዝኸይድ ቁጠባዊ ስትራተጂ ንስኣል -ንወሎዶታት ዘገልግል ዲፕሎማስያዊ ትልሚ ንተልም -ንወሎዶታት ዝጥምት ናይ ጸጥታን ምክልኻልን ዋሕስ ንትከል እዩ ዝብለና ዘሎ። ዕሸሽ ክበሃል ዘይከኣል ጉዳይ ስለ ዝኾነ ብዕቱብነት ንጠምቶ። «ሃገርና ድኻ’ያ ኢሉ ኣብ ጽሑፉ።ድኽነት ክሳብ ንኣልዮ ምስ ፍሉይ ኩነታት ኣብ 2 ይ ደረጃ ክሰራዕ እንተዘይኮይኑ፣ወትሩ ቀዳማይ ጸላኢና እዩ። እዚ ድኽነት’ዚ ግዝያዊ ድኽነት ጥራይ እንተኾይኑ፡ ስንስለታት መገዛእቲ ዝፈጠሮ ወይ ዘውረደልና ትብል መቐረትን ኩላትና ንሰማማዓላን ምኽንያት እያ። እዚ ድኽነት ባዕልና ዘፈጠርናዮ ድኽነት’ዩ ናብ ዝብል መግለጺ’ዩ ክቅየር። እታ «ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ድኽነት’ዩ» እትብል ምኽኒት ወይ ሕጽናት ኣብቂዓ’ያ ማለት’ዩ። ምኽንያቱ፡ ድኻ ትበሃል ሃገር ክትህሉ ኣይግባእን። ሓንቲ ሃገር ኣብ መሬት’ያ ትምስረትን ትስረትን። ኣብ መሬት ሰብ፡ ማይ፡ ማዕድን፡ሓጺን ዕንጸይቲ፡ ወዘተ… ኣሉ። እዚ ኣብ ዓለም ኣብለጭሊጩ ንርእዩ ዘሎና ሃብቲ ኣብ ዘመነ እንእኒ ሓመድን እምንን’ዩ ነይሩ። እዚ ናይ ዓለም ንጉስ ወይ ናይ ደቂ ሰብ ቋንቋ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ገንዘብ ኣብ ሓደ ሕሞት እምንን ሓመድን’ዩ ነይሩ። ሰብ ንርእሱ ሓመድን እምንን ምንባሩ ንሰማማዕ። ኣብ . ህዋ ተወሊዱ ዝዓበየ ሰብ ክሳብ ንረክብ ብኡ ኢና ክንሰማማዕ። እቲ ንዓለም ብሓደ ጊሓት ሓመዳ ንላዕሊ ክገብራ’ዩ ዝበሃል ብርእሰ ሓያላንን ካልእን ኣተሰርሐ ሚሳይላት ሓመድን እምንን’ዩ ነይሩ። ስለ’ዚ፡ ሓመድን እምንን ናብ ሃብትን ዘመናዊ መሳርሕን ናይ ምቕያር ሕቶ ናይ ኣሰራርሓ ጉዳይ’ምበር፡ ናይ ተፈጥሮ ጉዳይ ኣይኮነን። ወርቃዊ ኢዮቤልዩ (ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ) ክብዕል 10 ዓመት ኣቢሉ ተሪፉ ኣሎ። ኣብ’ዘን 10 ዓመታት ብዓይነቱን ዓቕን ይፈላለ’ምበር ሓደ ግምት ዘወሃቦ ስራሕ እንተዘይሰሪሕና፡ ድኽነት ተቃሊስና ኣብ ሓደ ምዕራፍ እንተዘይኣብጺሕናዮ፡ «መግዛእቲ ዝፈጠሮ ድኽነት’» ኢልና ክንዛረብ መልሓስ ክትኣቢ’ያ። ምኽንያቱ፡ እታ ሕጽኖት ዝተወደአት። “ባዕልና ዘፈጠርናዮ ድኽነት “ ኢልና መንኩብና ኣደላዲልና ነቐፌታ ምስካም’ዩ።

ኣብ ማርሳ ጉልቡብ ዘሎ ናይ ጉምሩክ ሓላፊ፡ ናይ’ቲ ቦታ ናይ ጉምሩክ ሓሪ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መንግስቲ ናይ ጉሩክ ኣማኻሪ’ዩ። ኣብ ኣልባንያ ዘሎ ናይ ትራክተር መራሕ ጋንታ፡ ናይ’ቲ ቦታ ናይ መንግስቲ ናይ ትራክተር ኣማኻሪ’ዩ፡ ናይ ‘ዩ ብሕትን ናይ መንግስትን ጋዜጣታት ናይ’ዚ ዓውዲ ናይ መንግስቲ ኣማኸርቲ ናይ’ዚ ዓውዲ ናይ ህዝቢ መራሕቲ ኢኹም። ንስኹም እንተዓሺኹም ፕረስ ሃገርና ክዕሹ’ዩ’ እንተለቢምኩም ድማ ብኣንጻሩ። ሞያ ፡ ሞያ እዩ። ብማዕበል ክግዛዕ ኣይግባእን። ከም’ዚ ሜ/ጀነራል ብርሃነ ዘልዓሎ ኣርእስቲ ምስ ዝርከብ ናብ ከምኡ ስሓቡና። ኩሉ ጠመተና ብዛዕባ ሃገራውነትን ህዝባውነትን ከም ዝሓስብ ግበርዎ። ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ብሰንኪ ጥሩፍ ኣተሓሳስበኣን ንሃገራዊ ረብሓን ሓድነት ህዝብን ዝሃሲ ጽሑፋት ዘቕርባ ጋዜጣታት ቀልጢፈን ይደኽማ ። ምኽንያቱ፡ ብሰንኪ ኣቀራርበኣን ዕዳጋ ኣይረኽባን። ዓበይቲ ኩባንያታት ድማ፡ ከም መዋዓውዒ ስለዘይጥምተኣን ካብ’ቲ ቀንዲ ኣታዊ ናይ ጋዜጣታት ዝኾ COMMERCIAL NEWSs ኣታዊ ኣይረኽባን።

ኩለን ጋዜጣታታት ኤርትራ ናብ ከም’ዚ ዓይነት ባህሊ ይደፍኣና’ዶ ኣሎዋ? ንዝብል ሕቶ፡ ኣብ ገምጋመን መሊሰንእ ይኾና። ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ እቲ ቀንዲ ወሳኒ፡ ናይ ቁጠባ ሓይሊ እዩ። ኣተሓሳስባና ክትዕና ዘተና ናብኡ ከም ዘዝንብል ምግባር ናይ መራኽቢ ብዙሃን(መንግስትን ብሕትን) ዝዓበየን ሞያውን ሓላፍነት’ዩ። ካብኡ ወጻኢ ክንጓዓዝ ምስ እንፍትን፡ ብደረጃ ሃገር ዝጥምት ቀይሕ መብራህቲ ኣብ ቅድሜና ክውላዕ’ዩ። ንርኣዮ ንጠንቀቐ።

ሜ/ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር ኣብ መበል 11 ሕጡብ ጽሑፉ 4ይን 5ይን መስመር “ንናይ ቁጠባ ክኢላታት ገዲፈ” እትብል ንእሽቶ ሓረግ ኣስፊሩ ኣሎ። 4 ቃላት ስለዘሎዋ እየ ንእሽተ ሓረግ ኢለ’ያ ብዓቀና። ብትሕዝቶኣ ግን፡ ብደረጃ ሃገርን ኣህዛብን ንወለዶታት ትጥምት ስለ ዝኾነት፡ ብዙሕ ትምህርቲ ክንጽበየላ ኢና። ክኢላታት ቁጠባ ሃየ መሃሩና። ተማሃሮ ድማ ሓንጎልናን እዝንናን ንኸፈት። ውሕጅ ዝኾነ ሓሳበት ክፈስስ’ዩ ዝግባእ። ብዓቐኑን ብዓይነቱን ውሕጅ። ውሕጅ ማይ፡ ጉንዲ ደንጎላ፡ ሓመድ፡ ገበል፡ እሾኽ ሳዕሪ፡ ወርቂ ሉል ወዘተ ኣሎዎ። ካብኡ ጸጽቡቑ ምምራጽ ቁጠባዊ ፖሊሲ ናይ ዝሕንጻጽ ኣካል ዕማም ይኸውን። ክኢላታት ቁጠባ ጸጽቡቑ ክሓርዩልና፡ ወሳኒ ኣካል ክፋት ሓንጎል ሒዙ ክዳሎ ሃገራዊ ዕማም ዝጠልቦ ለራሕ’ዩ። ጋዜጣታት ኤርትራ ድማ ካብ’ዚ ባዕልኹም ብጽሒትኩም ውሰዱ።

ወልደጋብር ኣብርሃ
ኣስመራ

## ፍሉይ ኣተኩሮ

# ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ነበር፣ ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን፣ካብ ስልጣን ድሕሪ ምእላዩ ምስ ሬድዮ ድምጺ ኣመሪካ

*ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ነበር ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ሰሙን ካብ ስልጣን ድሕሪ ምእላዩ፡ ምስ ጋዜጠኛ ሬድዮ ድምጺ ኣሜሪካ ኣዳነች ፍስሃየ ዝሓለፈ ሓሙስን ብቅድሚ ትማሊ ዓርብን ቃለ መጠይቕ ኣካይዱ ነይሩ። ካብ'ዚ ቀጺልና ንትሕዝቶ ናይ'ቲ ቃለመጠይቕ ነቕርበልኩም፡*

ሬ.ድ.ኣ፡- ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ኣብ ኢልኩም፡ ኣብ ውሽጢ 7 ዓመታት ኣብ ሰለስተ ናይ ሚኒስተርነት ቦታ ምስግጋርኩም እቲ ምኽንያት እንታይ'ዩ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ዝነበረና ናይ ኣሰራርሓ ልምዲ'ዩ ካብ ምባል ሓሊፈ ዝኾነ ይኹን ካልእ ትርጉም ክህቦ ኣይክእልንየ። ምናልባት እዛ ሕቶ'ዚኣ ንፕረዚደንት ናይ'ዛ ሃገር ዝምልከት'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣነ ብወገነይ ግን፡ ኣብ ዝተመደብክሉም ቦታታት ብተወፋይነት ክሰርሕ ክኢለ'የ።

ሬድኣ፣- ካብ'ቲ ክሳብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝነበርካዮ ቦታ ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ዝተኣለኻሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ ነይሩ? ኣቶ ጴጥሮስ- ኣነ ሕጂ'ውን ብልክዕ ዝፈልጦ ነገር የብለይን። ኣነ ዝፈለጥክዎ፡ ነገር ኣንተነይሩ፡ ካብ'ቲ ዝነበርክዎ ቦታ ሃንደበት ከምዝተቐየርኩን፡ ኣቶ ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ ድማ፡ ኣብ ክንዳይ ከምዝተተክአን ጥራይ እዩ።

ሬድኣ፡- ሕጂ ኣብ ምንታይ ኩነታት ትርከብ ኣለኻ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ብናይ 'ዚ ሃገር ኣዘራርባ፡ «ምድስካል» ዝበሃል ነገር ኣሎ። ኣነ ድማ፡ ደስኪለ'የ ዘለኹ። ምድስካል ክበሃል እንከሎ፡ ብቐጥታ ንሓደ ሰብ ምርጋእ፡ ካብ ስራሕ ደው ምባል ኮይኑ፡ እዚ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ሰባት ኣብ ዘይድለይሉ ግዜ፡ ብመልክዕ መቕጻዕ ቲ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ደሞዞም ከይተቀርጸ፡ ካብ ስራሕ ከምዝግለሉ ምግባር'ዩ።

ሬድኣ፡- ንምንታይ ካብ ስልጣንካ ከምዝተባረርካ ሓቲትካ'ዶ/ ክትሓትት ዲኻ? ኣቶ ጴጥሮስ፡- ኣነ ካብ ድሕሪ ሕጂ፡ ዓመታት ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ፖለቲካ ተግባር ክሳተፍ መደብ ስለዘይብለይ፡ ንምንታይ ከም ዝተባረርኩ ናይ ምሕታት መደብ ውን የብለይን።

ሬ.ድ.ኣ፡- ንስኻ ሓደ ካብ'ቶም ንፕረዚደንት ኢሳያስ ቅሉዕ ደብዳበ ዝጸሓፉ 15 ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ደ.ፍ ኢኻ። ንምንታይ ኢኹም ነዚ ደብዳቤ'ዚ ክትጽሕፉ ተደሪኽኩም?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- እቲ ደብዳቤ ምናልባሽ ኣጸቢቑ ይገልጾ'ዩ። እቲ ጉዳይ ብሓደ እዋን ዝተፈጥረ ዘይኮነ፡ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሐ፡ ናይ ኣሰራርሓን ናይ ተግባርን ፍልልይ እኹብካብ'ዩ። ኩነታት ምስ ግዜ እናተቐያየሩ መጺኦም ንምባል ይከኣል'ዩ። ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ ኩላትና፡ ናጽነት ምጉንጻፍ ዝብል ስለዝነበረ፡ ሰብ ንኹሉ ጸይሩ ይኸይድ ነይሩ። ድሕሪ'ቲ ኣብ 1987 ዝተገብረ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ ግን፡ እቲ ግንባር ናጽነት ምስ ተረኸበ፡ እቲ ስልጣን ንህዝቢ ከም ዘረክቦ'ዩ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ናጽነት ምስ ተረኸበ፡ ኣብ 1993 ረፈረንደም ምስ ተረኸበ ድማ፡ እቲ ጉዳይ ተላዒሉ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ኤርትራ ቅዋማዊ መንግስቲ ኣተኣታትያ ክትጉዓዝ' ያ ተባሂሉ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 1997 ቅዋም ጸዲቑ ክሳባ ሕጂ ግን፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከይተተግበረ ጸኒሑ'ዩ። ብሓጺሩ፡እቲ ጉዳይ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ክርአ ይኽእልዩ። ዋና ትሕዝትኡ፡ ነዛ ሃገር ዋሕስ ዝኾናን ብዉሕስ ኩነታት ንምጉዓዝ ክሕግዘና ዝኽእል፡ ናብ ቅዋማዊ መንግስቲ ምስ እንሰጋገር ጥራይ እዩ ። እንተኾነ እዚ ዝበሃል ዘሎ ቅዋማዊ መንግስቲ ግን፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እናተዓናቐፈ'ዩ'ሞ፡ ካብ ሕጂ ግን፡ ሽለል ክበሃል የብሉን ። ብቅልጡፍ ድማ፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ድማ፡ ነቶም ዝሓለፉ ኣሰራርሓና ዝምልከት'ዩ ። ነዚ ብዝምልከት ዝተፈላለየ ርእይቶታት ክህልዉ ለዝኽእሉ፡ ሓፈሻዊ ገምጋም {Evaluation: } ይገበር'ሞ ፡ ንመጻኢ ከመይ ዓይነት ኣበርክቶክህብስለዝኽእል፡ክንጥቀመሉንፈትንዝብል'ዩ።

ሬ.ድ.ኣ – ሚኒስተራትን ካልኦት ሓለፍቲ መንግስትን ፡ ቀጻሊ ብዘይ ምኽንያት ምቅይያር፡ እዚ ምቅይያር'ዚ ብዘይ ኣፍልጦ ሃገራዊ ባይቶ ምውሳንን ዓበይቲ ሃገራዊ ውሳኔታትን ውዕላትን ይግበሩ እዮም ኢልኩም፣ኣብ ደብዳቤኹም ጠቒስኩም ኣለኹም። እዚ ነገር'ዚ፡ ቀደም ዝጀመረ ምዃኑ'ውን፡ ኣብ'ቲ ደብዳቤ ተጠቒሱ'ሎ። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ነዚ ንምእራም ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ናይ ምእራም ፈተነ ኣሉ'ዶ?

ኣተ ጴጥሮስ፡- ምስ'ቲ ሕሉፍ ባህሊ ናይ'ቲ ውድብ ኣተኣሳሲርካ ክርአ ዝኽእል ይመስለኒ። ከም'ቲ ዝበልናዮ፡ እቲ ውድብ | ኣብ ምትእምማን ዝተሞርከሰ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብሓደ ዝተጓዕዘ ኣመራርሓ ብምዃኑ፡ ሽለል ናይ ምባል ኩነታት ነይሩ'ዩ ምባል ይከኣል'ዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፡ ሕቶታት ኣይቀርቡን'ዮም ነይሮም ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ። ናብ'ዚ ናይ ሕጂ ቅሉዕ ደብዳበ ቅድሚ ምብጻሕና'ውን፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ናይ ባይቶ ኣኼባታት ሕቶታት ተላዒሎም እዮም። ብመሰረት 'ዚ ድማ፡ ገምጋም ክግበር፡ ነዚ ተግባር ንምክያድ እትነጥፍ ኮሚቴ ተመስሪታ።



ድሕሪ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ኣኼባ ባይቶ ክግበር፡ ምስረታ ሰልፍታትን ምርጫን ዘጽድቓ ኮሚቴታት ተመስሪተን፡ እቲ ምርጫ ኣብ ታሕሳስ 2001 ክካየድ ተወሲኑ። ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ጉባኤኡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት ክካየድ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። እዚ ኣዝዩ ጽቡቕ መደብ'ዩ ነይሩ። ግብራዊ እንተዝኸውን፡ ኩሉ ዘሎ ጸገማት ብዘተ ምተፈትሐ ነይሩ። እዚ ከም'ዚ እናሃለወ ግን፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ፡ ሓደ ናይ ሰሚናር ኣርእስቲ ኣውጺኡ ናይ'ቲ ሰሚናር ኣርእስቲ ድማ፡ ነቲ ዝሓለፈ መድረኽ በቲ ናቱ ኣረኣእያ ጥራይ ዝግምግምን፡ ንብዙሓት ኣባላት እቲ ግንባር ከኣ፡ ቅንዕና ብዝጎደሉ መንገዲ ዘውንጅል ዩ። ንሓደ ወገን ጥራይ ዕድል ዝህብ፡ ጎስጓስን ዘመተን ከኣ ጀሚሩ። ካብ'ዚ ብምልዓል ድ ማ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ናይ ባይቶ ኣኼባ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ነቕርብ ዝነበረና ሰባት ዝነቅፍ'ዩ። ብዝወሓደ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ተሳቲፍና ርእይቶና ክንህብ ዕድል ክወሃበና ነይርዎ ። ብወገንና፡ ሃገራዊ ባይቶ .ካብ ዝወሰዶ ውሳኔ ወጻኢ እዩ ኢልና፡ ነቲ ቤት ጽሕፈት ሓቲትና'ኳ እንተነበርና፡ እቲ ዝረኸብናዮ መልሲ ግን፡ ኣሉታዊ መልሲ ስለዝነበረ፡ ኣብ መጠረሽታ ኣብ'ዚ በጺሕና። ሬ.ድ.ኣ፡- እዚ ሰሚናር መዓስን ብኸመይን'ዩ ተኻይዱ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ኣብ ከባቢ ጥርን የካቲትን ዩ ተኻይዱ። ትሕዝትኡ ድማ ኣብ ጋዜጣታትን ኢንተርነትን ወጺኡ'ሎ። ነቲ ሰሚናር ዘዳለዎ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ'ዩ። እቲ ንሰሚናር ዝተዳለወ) ጽሑፍ ነቲ ዝሓለፈ መድረኽ ብናቱ ኣተረጓጉማ ዝገልጽ፡ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ድማ፣ ብናቱ . ርእይቶ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ነቶም ሕቶታት ዘቕረቡ ሰባት ድማ፡ ብብልሽውና፡ ብኽድዓ ት፡ ብምጉዳል እምነትን ብትሕተ ሃገራውነትን ይገልጾም። እቲ ሰሚናር፡ ኣብ ልዕሊ'ዞም ሰባት ስጉምቲ ምውሳድን፡ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብን ዝደፋፍእ ስለ ዝነበረ፡ ግልጺ ዕላማ ዝነበሮ ዘመተ እዩ ነይሩ። እቲ ዘመተ፡ ዘይሕጋዊ ስለዝነበረ እዩ መዛረቢ ጉዳይ ዝኾነ። ነዚ ኢና ድማ ኣኼባ ክግበር ዘጸዋዕና። እዚ ጸውዒት'ዚ፡ ነቲ ዝተገብረ ጌጋ ንምእራም ኮይኑ፡ እቲ ዝጸዋዕና'ዮ ኣኼባ ከኣ፡ ነቲ ገዚኡ ዝሓለፈ ኣኼባ'ዩ ነይሩ። ቅሉዕ ደብዳብ ክንጽሕፍ ዝተገደድና ድማ፡ ብሰንኪ ምድንጓይ ኣኼባ ሓሳብና ንገልጸሉ ዕድል ምርካብ ስለዝሰኣንና እዩ።

ሬ.ድ.ኣ፡- ኣብ ኤርትራ ብልሽውና ኣሎ ዝብል ዘረባ ኣይነበረን። ሕጂ ድሕሪ'ዚ ናይ ህግደፍ ምክፍፋል ግን፡ ብቀጻሊ ክለዓል ይስማዕ ኣሉ። ብወገንካ ነዚ ጉዳይ ብልሽውና ከመይ ትርእዮ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ኣብ'ዚ ክልተ ተጻራሪ ነገራት ኣሉ። ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ብልሽውና ዘይብለን ሃገራት'ያ ክትበሃል ጸኒሓ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ግን፡ ናይ'ዛ ሃገር ዝዓበየ ሽግር፡ ብልሽውናዩ ክበሃል ሰሚዕና። እዚ ንባዕሉ ዝጋጮ ነገር'ዩ። ብርእይቶይ፡ ይበዝሕን ይውሕድን ይኹን እምበር፡ ኣብ ዓለም ካብ ብልሽውና ፍጹም ነጻ ዝኾነ ሃገር ኣሎ ኣይብልን'የ። ኣብ ኤርትራ ብልሽውና ብዘይምህላው ጠቓሚ'ዩ። ብሕጂ'ውን ከየስፋሕ ፍሕን ሱር ከይሰድድን ምክልኻሉ ኣገዳሲ ይመስለኒህ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዝብሃል'ውን፡ ካብ ዝምስረት ነዊሕ ግዜ ኮይኑ'ሎ። እንተኾነ፡ ናይ'ዛ ሃገር ቅዋም ጸዲቑ እንከሎ፡ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክቕጽል ምስ ቅዋም ስለዝጻረር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝህሉ ኣይግብኦን'ዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን፡ ናይ ምትእምማን መንፈስ ስለዝነበረ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ዝተወሰኑ ጉዳያት ክፈትሕ ኢሉ ስለዝተመስረተ፡ ድሕሪ ግዜ ክብቅዕ ኢና ገሚትና ነይርና። ሕጂ ካብ ዝግብኦ ግዜ ንላዕሊ ጸኒሑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍትሓዊ ' ውን ኮይኑ ስለዘይተረኸበ፡ ክፈርስ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ናይ ጥብቅናን ይግባይ ናይ ምባልን መሰል ስለ ዘይህብን ተሓታትነት'ውን ስለ ዘይብሉን፡ ካብ'ቲ ናይ'ታ ሃገር ሚኒስትሪ ፍትሒ ንላዕሊ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ናይ ፖለቲካ መሳርሒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ ናይ ተኸሳሲ ሰብኣዊ መሰል ዝረገጽ'ዩ። ምስ'ቲ ኣብ ቅዋም ዘሎ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ደቂ ሰባት ዝኸይድ'ውን ኣይኮነን። ምምሕዳሩ ድማ፡ኣብ ትሕቲ እቶም መዋእሎም ኣብ ሰራዊት ዝነበሩ ጀነራላት'ዩ። እቶም ንዕኡ ዝመስረቱ ኣብ ላዕሊ ዘለው ሰባት'ውን፡ ናይ ሕጊ ፍልጠት ወይ ተመኩሮ ዘለዎም ሰባት ኣይኮኑን።

ሬ.ድ.ኣ፡- ኣብ'ቲ ዝለኣኽኩሞ ቅሉዕ ደብዳቤ፡ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣብ መዳይ ምክልኻል ሃገር ምትእትታው ይገብር'ዩ ኢልኩም። እዚ ኣብ ግዚኡ፡ ፕረዚደንት ቅኑዕ ዘይምዃኑ ዝተገልጸሉ ኣጋጣሚ ነይሩ'ዶ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ብዛዕባ ኣሰራርሓ ዝምልከት፡ እቲ ቅሉዕ ደብዳቤ ገለ ነጥብታት ዘንበረ'ኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ እቲ ግንባር እንታይ ክዕቀብ ኣለዎ ጽቡቕ ጎኒ፡ እንታይ'ከ ድኹም ጎኒ ኣለዎ? ኣብ ዝብል ብዙሕ ርእይቶታት ዝተዋህቡ ኣሎዉ። እዚ ግዚኡ ምስ በጽሐ ምዝራብ እመርጽ። ብሓፈሻ ግን፡ ብዛዕባ ምምሕያሽ ስራሕና ንዝምልከት ብዙሓት ክህሉ ይኽእል'ዩ።

ሬ.ድ.ኣ ፥ናታትኩም ሕቶ ዘተ ንግበር ኣብ ዝብል'ዩ ዝጸቅጥ ይመስለኒ። ስለ'ዚ ዘተ ምግባር እንታይ'ዩ ጸገሙ? ኣብ ተሞኩሮኹም ነገራት ብዘተ ናይ ምፍታሕ ልምዲ የለን ድዩ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- እሱ'ዩ እቲ ሽግር ምትእምማን ከም ቀደሙ ኣሎ ኣይብልን ብወገነይ። እቲ ዘገድሰና ኣኼባ ባይቶ ስለዝኾነ፡ ባይቶ ብሕጊ መሰረት ኣብ እዋኑ ክእከብ ይግባእ ። ኣብ ናትና ኣሰራርሓ ግን፡ መራሒ ሃገር፣ ፕረደንትን ኣበ መንበር ባይቶን ስለዝኾነ ወይ ናይ ፈጻምን ሓጋግን ላዕለዋይ ቦታ ስለዝሕዝ፡ ባይቶ ናይ ምእካብ መሰል ፡ ንዕኡ ዝምልከት ጉዳይ ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ ማለት'ዩ። ብርእይቶይ ግን፡ ናይ ኣኼባ ግዜ ምሕላፍ ሕጋዊ ኣይኮነን።ሽግራት ብዘተ ናይ ምፍታሕ ልምዲ ኣሎና።ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን፡ ናይ እቲ ጉዳይ ቁሩብ ትርር ስለዝበለ ግን፡ ፍልይ ዝበለ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተሸ ግን፡ ሕጂውን ብዘተ ክንፈትሖ ንኽእል ኢና በሃሊ'የ።ሬድኣ፡- ሓደ ሰባት፡ ኤርትራ ኣብ ኵናት ዝጸንሐት ሃገር'ያ። ገና ብዙሓት መዕለቢ ዘይረኸቡ ጉዳያት ኣለው። ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ እንተኾነ'ውን ምሉእ ብምሉእኣይተመስረተን እዩ ዝበሃል። ቅድሚ ሕጂ'ውን ፕረዚደንት ኢሳያስ ጠቒሰዎ ነይሩ። ዶብ'ውን ኣይተሓንጸጸን። ኣብ'ዚ |ሕጂ እዋን፡ ነዚ ኣቕሪብክሞ ዘለኹም ሕቶታት ምልዓል ከቢድ'ዶ ኣይከውንን?

ኣቶ ጴጥሮስ- እዞም ዝጠቐስክዮም .ጉዳያት ቀጸራ ተገይርሎም፡ ኣብ 6 ወርሒ 7 ወርሒ ዝውድኡ ኣይመስለንን። ዋላ'ኳ ብኣዎንታዊ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ኣብ መስርሕ ሰላም እንተሃለወና። ብዕለቱን ሰዓቱን ከም'ዝን እዝን ክውድኡ እዮም፡ ከም'ዚ ክንገብር ኢና ኢልካ'ውን ዝዝረብ ዝከኣል ኣይመስለንን። ኣብ ህይወት ናይ ሓንቲ ሃገር ከም'ዚ ዝኣመሰሉ ሽግራት ክፍጠሩይኽእሉ'ዮም። ንነዊሕ እዋን'ውን፡ ክቕጽሉ ይኽእሉ'ዮም። ሓደ ሓደ ናይ ኣሰራርሓ ሽግር ክውሰኽዎም ከለው ከኣ፡ ናብ ዝኸፍአ'ምበር፡ ናብ ዝሓሸ ኩነታት ኣይነምርሕን ኢና። ኣነ ብወገነይ፡ ብዙሕ ዘሕፍር ነገር ከማን ኣይመስለንን። ንመጀመርያ ግዜ ብወግዒ ምውጽኡ ዝፈጠሮ ነገር እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ኩሉኻ ተመያይጥካ ንላዕሊ ሓሊፉ ዝኸይድ ነገር ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ከም ኤርትራውያን ዝተፈላለዩ ኣረኣእያ እንተለውና ዘገርም ነገር ኣይኮነን። ከም ኣሕዋት ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት እንተሃለውና'ውን ኣብ ሓደ ዕላማን ሓደ ሃገርን ተሓቛቒፍና ምስራሕ ዝተርፍ ኣይመስለንን። ስለዝኾነ ከኣ፡ ብናተይ እምነት፡ ናይ ምልማዱ ጉዳይ ኮይኑ እዩ ዝሰምዓኒ። ሬ.ድ. ኣ፡- ኣቐዲምካ ሓደ ነጥቢ ጠቒስካ ነይርካ። ኣነ ድሕር ሕጂ ብዙሕ ኣብ ፖለቲካ ናይ ምቕጻል ዕላማ የብለይን ኢልካ ነይርካ'ሞ። ናይ መጻኢ መደብካ እንታይ'ዩ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- የብለይን ናይ ብሓቂ። መደብ ዝበሃል የብለይን። ኣብ ፖለቲካ ዝበሃል ከምዘይኣቱ ጥራይ'የ ዝፈልጥ።

ሬ.ድ.ኣ፡- ንስኻን ካልኦትን ኣብ ቃልሲ ንብዙሕ ዓመታት ዝጸናሕኩም ኢኹም፡ ነታ ሃገር'ውን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበርኩም ኢኹም። ስለ'ዚ ንነብስኻ ካብ ሓላፍነትወይ ስልጣን ምግላል ዝብል ነጥቢ ጠቒስኩም ነይርኩም' ሞ፡ እዚ ንዓኹም ከቢድኣይከውንን'ዶ? ብወገንካ ነብሰ ምእላይ/ ምግላል እንተደኣ ሃልዩ፡ ንናይ ሃገር ይኹን ንናይ ህዝቢ ጥቕሚ ኣይሃስይን'ዶ?

ኣቶ ጴጥሮስ፡- ክልተ ነገር'ዩ። ከም'ዚ ዝበልክዮ ናትና ምህላው ተሞክሮን ካልእ ጠቓሚ ነገራትን ክህልዎ ይኽእል'ዩ ብናተይ ኣረኣእያ ግን፡ ናትና ምህላው ናይ ባህልታት ሽግር ከምጽእ ይኽእል ይኸውን። ብፍላይ ኣብ ዚ ቃልሲ ንነውሕ ዝበለ እዋን፡ ኣብ ጽኑዕ ውድባውን ምስጢራውን ዝኾነ ናይ ኣሰራርሓ ባህሊ ዝዓበየ ሰብ፡ ግሉጽነትን ኩሉ ክፉት ዝኾነኣሰራርሓን ኣብ ዝጠልብ መድረኽ ክሰርሕ ሽግር ክኾኖ ይኽእል'ዩ። ስለዝኾነ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣሉታዊ ገጽ'ውን ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ማለተይ'የ። ብሓፈሻ ግን፡ ንነውሕ ዝበለ እዋን ኣብ ስልጣን ምጽናሕ ንባዕሉ፡ ጸገም ምምጽኡ ኣይተርፍን'ዩ። ናይ መጻኢት ኤርትራ፡ ናይ ብሓቂ ነቲ ህዝቢ ዝደልዮ ከተንጸባርቕ ክትክእል ኣለዋ። እዚ ዝቕጽል ኣመራርሓ(መሪሕነት) ሓድሽ ወለዶ፡ ናብ ስልጣን ብምርጫ ክድይብ ኣለዎ በሃላይ እየ። ነዚ ሽግራት ካብ ዘስዓቡ ነገራት ሓደ፡ ንነዊሕ እዋን ኣብ ስልጣን ምጽናሕ'ዩ። ህ.ግ ኣብ 1994 ጉባኤ ኣብዘካየደሉ እዋን፡ መደቡ ብድሕሪ ክልተ ዓመት ንምእካብ'ዩ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ኣይተኣከበን። ኣብ 1998 ጉባኤ ክካይድ ነይርዎ ኣይተኻየደን። 2000 ዓ . ምህረት" ውን ተወዲኡ ማለት'ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ተርእዮታት ኣብ ዝበዝሕሉ እዋን፣ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ምስ ህዝቢ ዘለዎ ምትእስሳር ኣብ ሽግር ክወድቕ ይኽእል'ዩ። ብሓፈሻ ናተይ ርእይቶ ዝመጽእ መድረኽ ሓድሽ ወለዶ ህዝቢ ላዕለዋይነቱ ዘረጋግጸሉ ከንጸባርቕ ክኽእል ኣለዎ እየ ዝበል። ኣነ ብወገነይ ተሞኩሮ ኣለኒ ኢለ ዝግምት'ኳ እንተኾንኩ፡ ካብ ዝህቦ ጥቕሚ ዘስዕቦ ጉድኣት ክህሉ ስለዝኽእል ንሓድሽ ወለዶ ክንገድፈሉ ይመርጽ።

# ክምብል በለ 'ምበር

## ንምጥፋእ ብሕታውያን ጋዜጣታት ዝግበር ምስምስ ቅቡል ኣይኮነን

3ይ ዓመት ቁ.63 ~ መስከረም 2, 2001

ኣነ ሓደ ካብዞም ብሕታውያን ጋዜጣታት ሃገርና ብምዕንባበን ዝተሓጎሱ ዜጋታት እየ። ከምዝፍለጥ ምህላው ብሕታውያን ጋዜጣታት ኣብ ሓንቲ ሃገር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ንዝርኣዮ ጌጋታትን ድኽመትን ናይ መንግስቲ ንክቕላዕ ከም ባይታ ኮይነን ስለዘገልግላ። እዚ ማለት ህዝብን መንግስትን ብምይይጥ ብነቐፌታን ዝምራሕ እንተኾይኑ፡ እታ ሃገር ድልዱልን ህዝባውን መንግስቲ ይህልዋ። ኢኮኖምያዊ ምዕባለኣ ማ ርጉእን ዘተኣማምንን ኮይኑ ይምርሽ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ምይይጥ(negotiation) ናይ ዝኾነ ጸገም መፍትሒ ኮይኑ ከም ባህሊ ይሰርጽ።

ብርግጽ እዚ ባህሊ ኣብተን ዝማዕበላ ተባሂለን ዝፍለጣ ሃገራት ጽኑዕ መሰረት ዘለዎ ክኸውን ከሎ፡ በንጻሩ ኣብተን ሳልሳይ ዓለም ተባሂለን ዝጽውዓ ሃገራት ዓለም ግን እዚ ባህሊ ኣሎ ኢልካ ክትዛረበሉ ዘድፍር እዩ። መራሕቲ ናይዘን ሃገራት ነጻ ፕረስ ኢሎም ንሸሙ ይእውጁ። እንተኾነ እዘን ብሕታውያን ጋዜጣታት ንዝረኣየኦ ጌጋታትን ድኽመትን ናይቲ መንግስቲ ኣብ ዝነቕፋሉ እዋን ኣዳለውቲ ናይዘን ጋዜጣታት ብዘይከውን ምስምስ ናይቶም መራሕቲ ኣደዳ ሞት፡ስደት፡ ማእሰርትን ይኾኑ።

ኤርትራን መራሕታን ድማ ኣብ ሳልሳይ ዓለም ከም ምርካቦም፡ እዚ ሕማም ዝጅሮም ዘሎ ይመስል። ታሪኽ ብሕታውያን ጋዜጣታት ሃገርና ካብ ነዊሕ ዝተተሓሓዘ ክኸውን ከሎ፡ ኣብዚ ሓጺር ግዜ ድሕሪ ምብርባረን ግን፡ እዋናዊ ሓበሬታ ኣብ ምቕራብ ዘበርከትኦ ዝነኣድን ዓቢ ቦታ ዝሓዘን እዩ። ቀድሚ እዘን ጋዜጣታት ምፍጣረን ንዝነበረ እዋን ተዘኪሩ ነዚ ሕጂ ዘሎ እዋን ኣብ እንዕዘበሉ ፡ እዘን ጋዜጣታት ንህዝብና ኣዝየን ከም ዝደንገይኦ እዩ ክግምገም ዝኽእል።ብኻልእ ወገን ድማ፡ ኣብ ተመኩሮ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ እንተርኢና፡ ተቓዋሚ ሓሳብ ወይ ድማ ካብ ናይ መንግስቲ ዝተፈልየ ኣብ እተቕርብ ዘውሰድ፡ ናይ ብዘይፍርዲ ምእሳርን መሰል ይግባይ ዝቐንጥጥ ተግባራት ብዝፍለ፡ ኣብ ኤርትራ፡ እዘን ናብ ብሕቲ ጋዜጣታት ከምዚ ዝበለ ርእይቶ ናይ ምቅራብ ፍርሒ ዝቐንጠጣ ብምኳነን ኣብ ታሪኽና ፍሉይ ቦታ ሒዘን ይርከባ። እዚ ድማ ብርኡይ ድሕሪ ኣብ መንጎ 15 ላዕለዎት ኣባላት ህግደፍን መንግስትን ዝተፈጥረ ጸገም ጎሊሑ ይርአ ኣሎ። ህዝቢ ብዛዕባ'ዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምርድዳእ ናይ ምፍላጥ መሰል እኳ እንተለዎ፡ ብኣብ ስልጣን ዝርከቡ ኣካላት መንግስቲ ግን ክሳብ እዚ ቐረባ እዋን ብኣቶ ኣልኣሚንን ካልኦትን ዝተዋህበ ካልእ ! ዝኾነ ሓበሬታ ክወሃብ ኣይጸንሐን። ብሕታውያን ጋዜጣታት እምበኣር ነዚ ጋግ ናይ ሓበሬታ ንምጽባብ ዝተጻወትኦ ግደ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኣጋጣምን ኣነኣኢስካ ዝርአ ኣይኮነን።

እዘን ጋዜጣታት እዚኣተን ህዝቢ እዋናዊ ሓበሬታ ንኽረክብ ብዓቕመን ዝካየድኦ ፋሕተርተር ካብ ዝኾነ ወገን ዝኽወል ከምዘይኮነ ይፍለጥ።ንኣብነት ነቶም ናይዚ ጸገም ተዋሳእቲ ዝኾኑ ውልቀሰባትን ምሁራትን ቃለ-መጠይቓት ፡ ሓተታታት ከምኡውን ሰፍሕ ዝበለ ትንታነታት ብምቕራብ ብዝካየድኦ ጻዕሪ ህዝቢ እዋናዊ ሓበሬታ ክረክብ ኣኽኢለንኦ እየን። ገለ ሰባት እዘን ጋዜጣታት ዘቕረብኦ ሓበሬታ ጸግዒ ዝሓዘ እዩ ኢሎም ዝዛረቡ ኣለው። እዚ ግን ናተን ጸግዒ ምሓዝ ኣይኮነን እቲ ኣብ ስልጣን ዝርከብ ወገን ሓበሬታ ክህብ ድልው ብዘይምንባሩ ዝተፈጥረ ምዃኑ ኩሉ ክግንዘቦ ዘለዎ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ኣብዚ ግዜ'ውን እንተኾነ፡ እዘን ጋዜጣታት ካብቲ መንግስታዊ ኣካል ሓበሬታ ዘይረኸባ እንተኾይነን፡ ዝረኸብኦ ሓበሪታ ዋላ ናይ ሓደ ወገን ይኹን ከቕርባ ግቡኦን ከምዝኾነ ክንፈልጥ ይግብኣና። ናብቲ ዘሰክፈንን ንክጽሕፈሉ ዝተበገስኩሉ ሓሳብ ክኣትው። ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ መራሕትናውን ኣንጻር እዘን ውልዶ ብሕታውያን ጋዜጣታትናን ኣዳለውቲንን ዝኾኑ ሰባት ዝተላዕሉ ይመስሉ ኣለዉ። ተኣማንነት ናይዘን ብሕታውያን ጋዜጣታት ብህዝቢ ንምስኣን ድማ ጸለመታት ኣብተን ብመንግስቲ ዝውነና ጋዜጣታት ማለት ትርግታን ሓዳስ ኤርትራን ተታሓሒዞም ኣለው። እዘን ጋዜጣታት ግን ኣብ ክንዲ ነቲ ህዝቢ ካብኣን ዝደልዮ እዋናዊ፣ ሓበሬታ ዘምጽኣ

ኣብ ጸለመ እዘን ህዝቢ እዋናዊ ፣ ሓበሬታ ከምጽኣ ሓርኮትኮት ዝብላ ዘለዋ ብሕታውያን ጋዜጣታት ምውፋትርን ዘገርም እዩ።እዚ ድማ ኣብ ካልኦት ሳልሳይ ዓለም ' ከምንርእዮ ካብ ሓደ ድኽመታቱን ጉድለታቱን ክኣምንን ክቕበልን ዘይደልይ መንግስቲ ዝወሃብ ድኹም ግብረ መልሲ እዩ። ካልእ እቲ ዘገርም ኣብዘን ዝሓለፈ ቁርብ ሳምንታት ብምኽንያት ፈስቲቫል ኤርትራውያን ካብ ወጻኢ ዝመሓላለፈን ዝሰማዕን ዘሎ ዜናታት እዩ። እዚ ድማ ሓደ ንምጥፋእን ምድኻምን እዘን ጋዜጣታት ዝግበር ዘሎ ሸርሒ ሓደ እዩ። ንኣብነት ብቐረባ እዋን ኣብ ኣሜሪካን ኢጣልያን ዝተኻየደ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ከም ወኪል ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኮይኖም. ዜና ዘመሓላለፉ ጋዜጣኛታት፡ ኣብኡ ዝቕመጡ ኤርትራውያን እዘን ካብ ሕጊ ወጻኢ ኮይነን ዘለዋ ብሕታውያን ጋዜጣታት ሃገርና፡ መንግስቲ ፡ መዕገቲ ክገብረላን ክብሉ ጸውዒት ኣቕሪቦም ዝብል እዩ። ብርግጽ እቶም ዜጋታት ኢሎም ድዮም ኣይበሉን ብዘየገድስ፡ ኢሉም እንተኾይኖም፡ ዋላ'ኳ እታ ሃገር ናቶምን ናትናን ብሓንሳብ እንተኾነት፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጉዳይ ዝያዳን ቀልጢፉን ዝጽሎ እቲ ኣብ ከርሲ ኤርትራ ዘሎ ስለዝኾ፡ እዚ ጉዳይ 1 ብዝያዳ ነቲ ኣብ መሬት ኤርትራ ንዘሎ ሰብ ብዝያዳ ዝምልከት ኮይኑ ይስምዓኒ። ብዘይካ'ዚ፡ ዞም ዜጋታትና ኣብቲ ብደሞክራሲ ዝማዕበላ ዝበሃለሉ ሕብረተሰብ ዘለው ብምኳኖም ኣገዳስነት (FREE PRESs) ንዲሞክራሲያዊ ዝኾነ ስርዓት ልዕሊ ዝኾነ ዝግንዘብዎ እዩ ይመስለኒ። ከምኡ ብምኳኑ ድማ ኣብቲ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኣንጻር ብሕታውያን ጋዜጣታት ኢሎም ዝበሃል ዘሎ ዘረባ ኣብ ሓቅነቱ ስክፍታ ኣሎኒ። ብወገንነይ ከም ዝመስለኒ፡ መንግስቲ ካብ ምጽዋሩ ጸላዕላዕ ኢሉዎ ዘሎ፡ ነቲ በቶም ኣዳለውቲ ዝዳሎ ዜናንን ካልእ ሓበሬታን ዘይኮነ ነቲ በቲ ህዝቢ ዝውሕዝ ዘሎ ርእይቶን ኣብተን ጋዜጣታት ምስፋሩ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። እዚ ርእይቶ ናይ ህዝቢ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣዳለውቲ ካብ ህዝቢ ንዝመጾም ርእይቶን ሓበሬታትን ኣብ ዓዓምዱ ከም ዘለዎ ከስፍርዎ ጉብኦምን ሞያዊ ሓላፍነቶምን እዩ። ኣብዚ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጸጥታን ሃገራዊ ረብሓን ዘሎ ኣተሓሕዛ ዘንጊዐ ኣይኮንኩን።

ኣብዚ በቶም ኣዳለውቲ ጋዜጣታትን ኣዳለውቶምን ኣብ ዝወጽእ ዜናታትን ርእሰ ዓንቀጻትን ጌጋታት የብሉን ክብሃል ዘክኣል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ካብ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ዘለዎ ሓበሬታ ምርኩዝ ብምግባር ካእዮም ዝጽሕፍዎ። ስለዝኾነ፡ መራሕትና ቀድሚ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ነቐፌታ ናይ ምጽዋር ባህሊ ዘይነበረኩም እንተኾነኳ፡ ከምኡ ኮይንካ ምቅጻል ግን ምስ ግዜን ኩነታትን ዘይከኣል ስለዝኾነ ኣካይዳኹም ቀይርኩም ኣብዘን ብሕታውያን ጋዜጣታት ዝጻሓፍ ዘሎ ርእይቶ ናይ ህዝቢ ብኽፉት ልቢ ተቐቢልኩም ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ሓላፍነታዊ ብቕዓትኩም ክተርእዩ ይግብኣኩም።ኣይፋልን እንተበልኩም ግን፡ ታሪኽ ብዙሕ ይምህር እንድዩ ታሪኽ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ነብስኹም ከይተተግበረ እንከሎ ክትዝክሩ ዝግብኣኩም ኮይኑ ይስምዓኒ። ነዘን ብሕታውያን ጋዜጣታት ካብ ምጽላም ን ህዝቢ ኣፍካን እግርኻን ኣኪብካ ኮፍ በል እንተትብልዎ ክምሓሸኩም። ነዚ ውን ምስማዕ እንተኣበኹም፡ ነታ ድማ ብጽቡቕ እትልዓልን ተሰፋ ኣፍሪቃ እትበሃል ኤርትራ፡ ኣብ ጉጅለ እተን ዓመት ዓመት ስመን ብምክልባት ጋዜጠኛታት ዝጽውዓ ሃገራት ከይትጽንበር ዘሰክፍ ኮይኑና ንስከፍ ኣሎና። ስለዚ ኣብ ክንዲ ነዘን ጋዜጣታት ምክልባት ከምቲ ሓደ ብደሞክራሲ ይኣምንየ ዝብል መንግስቲ ዝገብሮ፡ ነዘን ጋዜጣታት ኣብ ክንዲ ምጽላምን ጉድለታትን ክእርማን ደገፍን ምትብባዕን ክትገብሩለን ይግብኣኩም።

ሰላም ንኤርትራ ይኹን

ተመሃራይ TH(ኣምቼ) ተሰነይ

# ስልጣን ናብ ህዝቢ ንምስግጋር ዘጋጥም ዘሎ ዕንቅፋታት

3ይ ዓመት ቁ.65 ~ መስከረም 9

ንምርካብ ስልጣን ናብ ህዝቢ ኣብ እዋኑ ክውሰዱ ዝግብኦም ጭቡጣት ስጉምትታት ምድህሳሰን፡ የጋጥመው . ንዘለው ዕንቅፋታትን ይምኽነዩ ንዘለው : ምስምሳትን ምኽሸሻሕን፡ እዋናውን ሓላፍታውን ኢዩ።

ድሕሪ 10 ዓመታት ናጽነታዊ ናይ : መሰጋገሪ እዋን ተመኩሮ፡ ብሓቂ ስልጣን ንህዝቢ ንምርካብ (ቅዋዋዊ ስርዓት ምትካል) ኣቐዲሞም ናይ ግድን ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምቲታት ኣለው። ብዘይ ብእኡ ግን ፡ዋላ ሃገራዊ ምርጫ ይገበር፡ ስልጣን ናብ : ህዝቢ ክሰጋገር ውሕስነት ኣለዎ ማለት ኢይኮነን።

ብመሰረት መብጽዓ ህዝባዊግንባር . ሓርነት ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪኡ ኣብ ናጽነትን ምስ ምእዋጅ ልኡላውነትን ኤርትራ፡ ሓቀኛ ለልጣን ናብ ህዝቢ ንምስግጋርን ኣብ ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ህዝባዊ ስልጣን ንምትካልን (ቅዋማዊ ስርዓት ምቛም)፡ ቅድመ መሰናድኦታት ክግበር ስለዘለዎ፡ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት መሰጋገሪ እዋን ኣድልዩ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዓወት ንምዝዛም ዝተሰከሞ ሓላፍነት ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን ቀንዲ ተዋሳኢ ክገብር ጎድንኳ እንተኾነ፡ ሰፊሕ ተሳትፎ ክህሉ ከምዝግባእ ተኣሚኑሉስ፡ ነቲ ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ በይኑ ከይብሕቶ ወሲኑ (ናይ 19 ግንቦት 1993 ኣዋጅ ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ቁ37/1993። ኣብ መሰጋገሪ እዋን፡ ንምትካል ህዝባዊ ስልጣን መጣጥሒ ክንጸፍ ዝድላ ባይታን፡ ክውሰዱ ዝግብኦም ጭቡጣት ስጉምትታትን፡ ኣየኖት ኢዮም?

ሀ. መንግስትን(ሓጋጊ፡ ፈጻምን ፍርዳውን ኣካላት) መንግስታዊ ትካትን (ማእከላውን ዞባውን ከባቢኣውን) ምህናጽን፣ ናይ ዳግመ ህንጸትን ልምዓትን መደባት ምፍጻምን፡ ኣብ መሰጋገሪ እዋን ፈቲንካ ምግምጋሞምን

ለ. መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝኽበረሉ ኩነታት ምፍጣር

ሐ, ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዘውሕስ ደሞክራሲያዊ ትካላት ( ናጻ ፍርዓዊ ኣካል፡ ናጻ ፕረስ፡ ናጻ ሲቪላዊ ማሕበራት፡...ወዘተ) ምህናጽ

መ. ቅዋምን ኣብኡ ተመርኲስካ ሕጊ ምርጫን ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፌታትን ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ነዲፍካ ብሃገራዊ ባይቶ ምጽዳቕ

ሰ. ድሕሪ ምጽዳቕ ቅዋምን ሕግታት ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፌታትን፡ እኩል ግዜ ተዋሂቡ ናጻን ርትዓውን ብዝኾነ ኣገባብን፡ ህዝቢ ድልየቱ ብሓርነትን ብዘይ ዝኮነ ጸቕጥን ብዝገልጸሉ (ፖለቲካዊ ሰልፍታት'ውን መስሪቱ) መገድን፡ ሃገራዊ ምርጫ ተኻይዱ ስልጣን ንህዝቢ ምርካብ።

እዞም ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ውሕስነት ንክኾኑ ክትግበሩ ዝነበሮም ዕማማት ዓበይቲ: ብድሆታትን ኣደናገርቲ ዕንቅፋታትን የጋጥምዎም ኣለው። እዞም ዕንቅፋታትን ብድሆታትን እዚኦም፡ ብውሕልነትን ብትብዓትን እንተዘይተመኪቶም፡ ዋላ ሃገራዊ ምርጫ እንተተገብረ፡ ብመብጽዓ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቀለም ኣብ ወረቐት ኮይኑ ትክርፍን ህዝቢ ከሲሩ ክወጽእን ኢዩ። ንናይ መሰጋገሪ እዋን ዕማማት ድር ዘጋጠሙ ዕንቅፋታትን ሕጂ ተገቲሮም ዘለው ብድሆታትን ኣየኖት ኢዮም?

ኣብ መሰጋገሪ እዋን ህግ ቀንዲ ተዋሳኣይ ክኸውን እምበር በይኑ ስልጣን ከብሕት ኣይተወሰነን። እንተኾነ ግን፡ ተመኩር መሰጋገሪ እዋን ከምዘረጋግጾ፡ ንኩሉ ሂወት ሃገር (ፖለቲካውን ቁጠባውን) ህግደፍ ብሒቱዎ ይርከብ። ንዝኾኑ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎም ዜጋታት፡ ከም ጸላእትን ተጻባእትን ሃገር ቆጺርዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ ህግደፍ ፍልይ ዝበለ ርእይቶን ገምጋምን ንዝሓዙ ተራ ካድረታትን ሓለፍትን ከይተረፈ'ውን፡ ተጻዋርነት ብዘየርኢ መገድን ንህዝቢ ከደናግር ይኽእል'ዩ ብዝብሉ ብልሓትን የስርሓኒ'ዩ ብዝብሉ ሰልበጣን ምስምሳን፡ ኣብ ካምቦ ጸላእትን ተጻባእትን ብምስራዕ፡ ዘይሕጋዊ ስጉምቲታት ኣብ ምውሳድ ይርከብ። ናይ'ዚ ተርእዮታት'ዚ ሕቶታት ብዙሕ'ዩ። ኣብ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝተራእዩ ናይ ምግላልን ዘየድሊ ናይ ምንጻል ስጉምትታት ምውሳድን፡ ኣብ ውሽጢ ግንባርን መንግስትን ኣብ ልዕሊ ተራን ሓለፍትን ናይ ምድርቋስን ናይ ምድስካልን ስጉምትታት፡ ካብ ህግደፍ ወጻኢ ንዘለው ሃገራውያን ከኣ ዘይምትብባዕ፡ ገለ ካብ'ቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኢዮም።

መንግስትን መንግስታዊ ትካላትን ንምህናጽን መደባት ዳግመ ህንጸትን ልምዓትን ንምፍጻምን ብዙሕ ሰራሑን ፍረታት ተረኺቡዎን'ካ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ኲናትን ጉድለት ዝነበሮ ኣካይላ ግንባርን መንግስትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ 10 ዓመታት ናጽነት ሕጂ'ውን ኣደዳ ጥምየት፡ሕማምን ድንቁርናን ኮይኑን ፍትሒ ብዝጎደሎ ምሕደራ ይሳቐን ኣሎ።ኲናትን ተኽእሉ ኲናትን ንምውጋድን፡ ጥዑይ ምሕደራ ንምትእትታውን ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ዝሓለፈ ተመኩሮ ገምጋም ምግባርን፡ ካብኡ ትምህርቲ ወሲድካ ሰላም ዝሰፍነሉ፡ መነባብሮ ህዝቢ ዝመሓየሸሉ፡ ምሕደራ ጥዑይ ዝኾነሉ፡ ኩነታት ምቕያስን የድሊ። እንተኾነ ግን፡ ሓገዝትን ፈጸምትን ኣካላት ግንባርን መንግስትን ብምዱብ ኣኼባታቶም፡ ኣባላት ግንባርን ሓፋሽ ህዝብን ድማ ብናጻን ቅሉዕን መድረኻት ክትዕ፡ ከሎ ገና ገምጋማቶም መታን ከይገብሩ፡ ግንባራውን መንግስታውን መሰጋገሪ ቅዋማትን ውሳኔታት ባይቶታቶምን ንማቤጽ ህግደፍ ኣቦመንበር፡ጸሓፍን ካልኦት ኣርባዕተ ሓለፍቲ ክፍልታትን ዘቑሙዎ) ምዱብ ኣኼባታት

ሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት ከይጋብኡ ልዕሊ ዓመት ሓሊፉ'ሎ። ህዝቢ ድማ ናጻን ቅሉዕን መድረኻትክትዕ ከይክፈተሉ ዓንቂፉ ኣሎ። ቅድሚ ሳልሳይ ወራር ኣብ ጥሪ 2000፡ ድሕሪ ሳልሳይ ወራር ከኣ ኣብ ነሓሰን መስከረምን 2000፡ ዝተጋብኡ ኣኼባታት ባይቶታት፡ ወድዓዊ ገምጋም ክግበርን ኣሰራርሓ ክእሩምን ንዝተበገሱ ኣባላት ባይቶ ንምውቃዕን፡ ንሓቀኛ ምስግጋር ናብ ህዝባዊ ስልጣን ንምዕንቃፍን፡ ማ/ቤጽ ህግደፍ መጀመርያ ግዜ ብተሳዓርነትን ትሕተ-ሃገራውነትን ዝኸሰሰ ቅሉዕ ውዲታዊ ጎስጓስ ኣብ ኣባላትን ኣብ ጥሪ 2001 ኣካይዱ። ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ እዚ ሓደገኛ ጎስጓስ ኣብ ህዝቢ ዝፈጥር ሻቕሎትን፡ገምጋምን ውሳነታት ባይቶን ንምዕንቃፍ ዝተኣልመ ውዲት ምዃኑን ብምርዳእ፡ ንጌጋ ብጌጋ ንምእራም ኣብ ክንዲ ምፍታን፡ ኣብ ኣኼባታት ተዘትዩሉ ብኣገባብ መታን ክፍታሕ፡ ግዚኡ ንዝኣኸለ ሕጋዊ ምዱብ ኣኼባታት ባይቶታት ክጽዋዕ ይጥለቡ'ምበር፡ ተነጺጎም። ማ/ቤጽ ህግደፍ ንመስርሕ ምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ዝዕንቅፍን ናብ ሓደጋ ዘእቱን ቅሉዕን ስውርን ዘመተታት ክካይድ ምስ ጀመረን እቲ ሕጋዊ መድረኻት ምስ ተነፍጎን፡ ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ ርእይቶኦም ንህዝቢ ቅሉዕ ዝገበሩ ኣብ ግንቦት 2001 ኢዩ። ማ/ቤጽ ህግደፍ ግን ናብ ኣኼባታትን ዘተን ክንዲ ምምላስን ናይ ህዝቢ ሸማግለታት ለበዋታት ክንዲ ምስማዕ ን፡ ኣብ ከባቢ በዓል 10ይ ዓመት ናጽነት፡ ቀዳማይ ጸላኢ ብልሽውና(ኮራፕሽን) ምዃኑን፡ ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ ናይ ብልሽውና ገበኖም ክሽፍኑን፡ ካብ ስልጣን ስለዝተኣልዩ ካብ ውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ተበጊሶምን፡ ኢዮም ዝቃወሙ ዘለው እናበለ ከጎሳጉስ ተራእዩ።ፖለቲካዊ መሰል ህዝቢ ንምድርቋስን፡ ንመጻኢ ምብሓት ስልጣኑ ንምርግጋጽን ድማ፡ ብዝተፈላለየ ቃለ መጠይቓትን ሰሚናራት ህዝብን፡ ወጻኢ ካብ እተነድፈ ሕጊ፡ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ከም ናይ ኣርባዓታት ብትሕተ ሃገራዊ ስምዒት ከፋፊልትን ብናይ ግዳም ሓይልታት ምወላ ተደረኽትን ጥራይ ክኾና ከም ዝኽእላ ኣምሲሉ ብምጉስጓስ፡ ማ/ቤጽ ህግደፍ፡ ህዝቢ ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ከም ዝእፈፍ ንምግባር ፈቲኑ።

ብብልሽውና ክሕተቱ ዝግብኦም እቶም ዝኾነ ይኹን ገንዘብ ዘይሕዙ ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ ዘይኮኑስ፡እቶም ምልዮናት ዶላራት ዘዋፍሩ ኣባላት ማበጽ ህግደፍ ምዃኖምን፡ ኩሎም እዞም ካብ ስራሕ ደው ኢሎም ዘለው ተቃወምቲ ኣባላት ባይቶ ክእርሙ ድሕሪ ምቅላሶም ዘደስከሉ ምዃኖምን ድሕሪ ምኽሻሕ፡ ናይ 1 ብልሽውናን ናይ ስልጣን ደልዮም ( እዮምን ምስምሳት እናፎኸሱ ክመጹ ተራእዮም። እዞም ዝቐደሙ ኮነ 1 ብድሕሪ ሕጂ ክእለሙ ኽኽእሉ ጭብጢ ዘይብሉም ክሲታት፡ ኣብ ! ባይቶ ወይ ናብ ሸማግለ ህዝቢ ብግሉጽ ወሪዶም ክጨባበጡ ተበዲሆም ኣለው።

ናብ ህዝቢ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ጎስጓሳት ፍረ ከም ዘየምጽኣሉ ዝተረድአ ይመስል፡ ናብ ናይ መወዳእታ ጥምጥም ንምእታው፡ ፡ ቤጽ ህግደፍ፡ ኣብ ነሓሰ 2001 ሓዲሽ ጎስጋስ ጀሚሩ ይርከብ። ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ ኣፈራሪሕካን ! ሸሒጥካን ንምክፍፋልን፡ ንኹሎም : ኮኒንካ ንገሊኦም ብገበን (ንናይ ወያነ "ኣጀንዳ መጋበርያ ኮይኖም ብዝብል : ጭብጢ ዘየቕረበሉ ክሲ) ወንጂልካ ( ንምቕንጻልን፡ ሓገግትን ፈጸምትን (ኣካላት ግንባርን መንግስትን ( ዘይወሰንዎ፡ ህዝቢ ግን ዝመረቐ . ንምምሳል፡ ብኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝጀመረ ውዲታዊ ጎስጓስ ኣብ (ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብጻዕቂ ይካየድ ኣሎ።

ኣብ 6ይ ገጽ ይቕጽል

## ክምብል በለ'ምበር

# ፖለቲካዊ ሰልፍታት ፈቲና ጸሊእና ክህልዋና'የን

3ይ ዓመት ቁ.50 | ሓምለ 19

ኣብዚ ቀረባ እዋናት፡ እቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ በታ ብሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ስልጣን ዝተሀባ፡ብኮሚቴ ንምንዳፍ ሕጊ ምርጫን ንምቛም ሰልፍታትን እትፍለጥ ብኣቦ ወንበርነት ኣቶ ማሕሙድ ሸሪፍ እትእለ ኮሚቴ፡ ስርሓ ማላት እቲ ሕግታት ነዲፉ ድሕሪ ምዝዛማ ፡ ዛጊት ብዘይተፈልጠ ምኽንያት እታ ኮሚቴ ፈሪሳ ኣላ። እቲ ህዝቢ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ዝነበረ ንድፊ ከኣ ዋላ'ኳ እንተረቐቐ ግብቡእ ንኸይካትዓሉ ግን ካልእ ነገራት ስለ እተላዕለ፡ ነቲ መሰሉን ክብሩን ዝሕሉ ንድፊ ብዙሕ ዘየስተባሃለሉ መሲሉ ይርአ ኣሎ። ርጽ'ዩ እቶም ኣብዚ እዋንዚ ርእይቶታቶምን ሕቶታቶምን ንመንግስቲ ኤርትራን ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍን ኣቕሪቦም ዘለዉ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኣፍልጦኡ ክዓቢ፡ ዝመስሎ ርእይቶ ክህብ፡ እሂን ምሂን ክብል ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ሓጊዞም'ዮም። ስለዝኾነ ከኣ ንዓይን ንኻልኡት ብዛዕባዚ ጉዳይ ብዙሕ ኣፍልጦ ንዘይነበርም ዜጋታትን፡ እቲ ቁናን ዘይነበሮ ልሙጽ ጥራይ ዝመስለና ዝነበረ ሓርጎጽጎጽ ኣካይዳ ህዝባዊ ግንባርን መንግስትናን ገለ ቁንጣሮ ኣምር ክንሕዝ ሓጊዙና'ዩ። ዝናፈሱን ዝጸሓፉን ዘሎዉ ርእይተታት፡ እቲ ሓደ ወገን ትም ክብል ስለ ዝመረጸ፡ እንተስ ሓልዩ እንተ ሓኒኹ ብዙሕ ጉዳት ይወጽእ ኣሎ ገና'ውን ገለ ፍታሕ እንተዘይተገይሩ ካልእ ጉዳት ክንሰምዕ ኢና። ገለ ሓለይቲ ሃገር፡ እዚ ትም ምባል ናይ መግንስትና ዘስግኦምን፡ ቀጻሊ ምስጢራት ምውጽኡን ዘሸቑርሮምን፡ ከብዶም ሓቑፎም ይምህለሉ'ዮም ዘሎዉ። ይኽደን ዘብል'ዩ። እዚ ረኺብናዮ ዘሎና ናጽነት ንምርካብ፡ እቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ክእለዩ ኣለዎም ኢሉ ኣሚንሎም ዝተቐትሉ ዜጋታትን ካልእን ምስጢር ምስ ዚወጽእ ንሓድነትና ከሃስዮ'ዩ ዝብሉ ወገናት መሊኦም'ዮም። ዝኾነ ኮይኑ ዝወሃቡ ዘሎዉ ርእይቶታት፡ ነታ እንምነያ ዝነበርና፡ ቅዋማዊትን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምርካብ ሓገዝቲ ክኾኑ ከሎዉ፡ ገለ ገለ ግን ንረብሓ ሃገር ኣብ ክንዲ ዝጠቕሙ ናብ ሐንፍሽፍሽን ዘየድሊ ካልእን ነገራት ዝዕድሙ እዮም። እዚኦም ዓይነት ርእይቶታት ከኣ ክንጥንቀቐሉን፡ ካብ ምውጽኦምን ምዝርግሖምን ከኣ ኣሰናዳእቲ እዘን ጋዜጣታት ክትጥንቀቑሉምን ይግባእ። ንሕና ዘገድሰና ዝወሃቡ ዘሎዉ ርእይቶታትን ሓሳባትን ነዛ ብመስዋእትን ስንክልናን ብሉጻት ኣሕዋትና፡ ኣሓትና፡ ኣቦታትናን ኣዴታናን ዝተረኽበት ሃገር ዘርብሑ ምስ ዝኾኑ ጥራይ'ዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ምእንቲ ረብሓ ውልቀ ለባት ከይትንከፍ ኢልካ ዝወሃቡ ርእይቶታት ንዓና ኣይንታይናን'ዮም። ኣብ ስልጣን ተኾይጡ ንዘሎ፡ ስልጣኑ ንኸይትትንከፎን ገለ ሃንፋትን ከይፍጠር፣ ካብ ርእሰ ዓንቀጽ ኣትሒዝካ ክሳብ 8 ይ ገጽ ዝኸይድ መከላኸሊ ርእይቶታት ምቕራብ፡ ዋላ'ውን ንህጻን ቀልዓ ዝተሰወጦን ዝዕዘቦን ዘሎ ከይዲታት ከተታላሎ ምፍታን ንዓና ዘርብሓና ብዘይሙኳኑ፡ ኣብ ገጻትኩም፣ ኣይተስፍሩልና። ካልኦት'ውን ረብሓታቶምን ግላዊ ጥቕምን ስለ ዝተተንከፎም ንእተስፍርዎ ዘሎኹም ግላዊ ርእይቶታት ንዮ በሉልና። ኣየድልየናን'ዩ። እቲ ይኹን እቲ ንሕና እዚ በዞም 15 ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን ማእከላይ ሸማግለ ህ.ግ.ደ.ፍን ቀሪቡ ዘሎ ሓሳባት ናይ ብሓቂ ስለዘይተተግበረ ድዩ ንዛረብ። ስለምንታይ ዘይተተግበረ ከኣ ንዘቲ። እንተዘይኮይኑ ካልእ ዓይነት ርእይቶን ትሕዝቶን ሒዘናልና ክቐርባ እንዳልየን ጋዜጣታት፡ ንውልቃዊ ረብሓታት ዓምታተንን ካልእን ክሓናጥጣ ስነ-ምግባራዊ'ውን ስለዘይኮነ፡ ፍንፉን ስራሕ' ውን'ዩ። ሉሚ ንዓና ንኤርትራውያን ዓቢ ውራይ ቀሪብና ኣሎ። ታሕሳስ 2001። 5 ወርሒ'ዩ ተሪፍዎ። ሃገራዊ ምርጫ ምክያድን ምስግጋር ናብ ቅዋማዊ መንግስትን። እቲ ኣብ ዓመተ 1993 ብኣዋጅ ቁ.37/1993 ዝተመስረተ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዕድመ ስልጣኑ 4 ዓመት ዋላ'ኳ እንተነበረ ዛጊት ርዱእ ብዘይኮነ ምኽንያት ግን 8ይ ዓመቱ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ መንግስቲዚ ንኽቀውም ኩሉ ኤርትራዊብሃንቀውታ ዝጽበዮ ዘሎ'ዩ። ከምቲ ዝሓበርክዎ ከኣ፡ 5 ወርሒ'ዩ ተሪፍዎ ዘሎ። ምድላዋት ግን ኣይግበርን ዘሎ። ንድፊ ብኮሚቴ ንምንጻፍ ሕጊ ምርጫን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ተነዲፉ ኣሎ። እቲ ንድፊ ሕጊ ምርጫን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ተነዲፉ'ዩ'። ንኽትዕ ከኣ ወሪዱ ተባሂሉ። (ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ጋዜጣ ኣልሓያት ኣብ ዝግበሮ ቃል መጠይቕ) ብመሰረት ሕጊ፡ ሃገራዊ ባይቶ ብዝመዘዛ ኮሚቴ ንኽትዕን ዘተን ናብ ህዝቢ ክወርድ ነይርዎ። ሰናይ ድሌት ፕረዚደንትኢሳይያስ ኣፈወርቂ ስለዘይኮነ ግን፡ እታ ኮሚቴ ተኣልያ። ገለ ካብ ኣባላታ ደስኪሉምን ካብ ስልጣና ተኣልዮምን። ካልእ ሒዛተ'ላ ማለት'ዩ።

እቲ ምኽንያት መእለዪ እታ ኮሚቴ ኣይተገልጸን። «ፕረዚደንት ፖለቲካውያን ሰልፍታት ክምስረታ ስለዘይደለ'ዩ» መግለጺ ኣቦ ወንበር እታ ኮሚቴ ነበር ኣቲ ማሕሙድ ሸሪፍ'ዩ። «መስደመም'ዩ» መልሲ ፕረዚደንት ኢሳይያስአወርቂእዩ። ኣነ ኣብ ከተማ ኣስመራ'ዩ ዝቕመጥ። ምናልባት ስራሕ ሓዲረ እቲ ጻውዒት ሓሊፉኒ ከይከውን'ምበር፡ ብዛዕባ እዚተነዲፉ ዘሉ ንዘተ ኣይተዓደም ኩን። ብስራሓ ንእከብ'ሞ ንዛተ ንኸውን ኢለ ከኣ ይጽበ ነይረ። ዛጊት ግን ኣይተዛተኹን፡ ሰባት ከካብ ዝተፈላለያ ትካላት ተዋጺኦም ' ውን ይዛተዩ ኢለ ትጽቢት ገይረ፡ ገና ግን ኣይተባህለን። ኣብ ማይተመናይ ከም ዝተዛተዩሉ ሰሚዔ። ጽቡቕ። ምኽንያቱ ኣነ ክዝተየሉ ከም ኤርትራዊ መሰላይ ዋላ'ኳ እንተኾነ ስለ ዘይተዛተኹሉ ግን ኣይጸድቅን'ዩ ኢለ ኣይማጎትን። ናይ ብሓቂ ብቅንዕና ካልኦት እንድሕር ተዛትዮሙሉ ኣብ ናቶም ዘይርዕመሉ ኣብነት የብለይን። ግን ክንደይ ካብ ዜጋታትና'ዮም እስከ ብዛዕባ እዚ ንድፊ ተዛትዮም?

ጋዜጣታት ከኣ ይነብብ። ብፍላይ ብሕታውያን ጋዜጣታት ካብ ብሕታውያን ጋዜጣታት'ውን እተን ነዚ ዓቢ ውራይናውራይ ህዝቢ ብምኳኑን ናይ ህዝቢ ኣገልገልቲ ሙኳነን ኣሚነን ዝሸባሸባሉ ዘለዋ ጥራይን። ወግዓዊት ልሳን መንግስቲዝኾነት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ እቲ ንድፊ ናብ ህዝቢ ድሕሪ ምቕራባ ዝገበረቶ ነገር የልቦን። እቲ ዝገርም ካብ ገንዘብ ህዝቢ ብድጎማ እትኸይድ ጋዜጣ ክንሳ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ውራይ ከይተዛተዩ ኣፉ ምዕባሳ ገላ ሕቡእ ኣጀንዳ ዶኾን ሃልዩ ናብ ምባል የብጽሓካ። ምኽንያቱ ሃገራዊ ቅዋም ንኽትዕ ብዝምልከታ ኮሚሽን ተነዲፉ ምስ ቀረበ፡ ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣገልግሎት ቴለቪዥዮን ኤርትራ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊኡ ዘሉዎ ኣፍልጦ ንኽዓቢ ዝተጻወትኦ ተራ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ኣይርስዖን'ዩ ። ብመልክዕ ድራማታት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት ውድድር ወዘተ ድዩ ብኻልእ መንገዲታት ቀሪቡ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ህዝቢ ተዛትዩሉ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ቤተ መንግስትና ተቐሚጡ ዘሎ ሃገራዊ ቅዋምና ከኣ ፈርዩ።

ጋ ዘ. ጣ ታ ት ብሕቲ ' ውን ነቲ ጉዳይ ህዝቢ፡ ዋላ'ኳ ከም ጉዳየን ይሓዝኦ'ምበር ሓደ ዓቢ ጌጋ ዝፍጽምኦ ግን ኣሎ። ንሱ ከኣ ብዛዕባ ሙቛም ፖለቲካውያን ሰልፍታት ኣብ ዝወሃብ ርእይቶ'ዩ። ኣብ ገለ ገለ ከኣ'ሞ «ፖለቲካውያን ሰልፍታት ንኤርትራ የርብሓዶ ይጎድእ » ኣብ ዝብል ጥሙር እርእስቲ ክትዕ ኣብ ገጻተን ይሰፍር ኣሎ። እዚ ርእይቶ'ዚ እንተተኻታዕናሉ ዘይጽላእ እንተኾነ፡ እቲ ንድፊ ክዛዘምን ብሃገራዊ ባይቶ ተቐባልነት ረኺቡ ክጸድቕን፡ መንግስቲ ንክትዕ ኣውሪድዮ እናበለ ምቕራቡ ግን ንህዝቢ ንድሕሪት ምምላሱ'ዩ ዝኸውን። እቲ ድሕሪ ክንደይ ክትዕን ዘተን ብ23 ንቦት 1997፡ ብመንገዲ ቅዋማዊ ባይቶና፡ ከምዝለዓለ ሕጊ ናጻን ሉኡላዊትን ሃገርና ኤርትራ፡ ሃገራ፡ ቅዋም ብወግዒ ቅቡል ዝኾነን ዝጸደቐን፡ ኣብ ተግባር ዛጊት ግን ዘይወዓለ ቅዋምና፡ ኣብ ዓንቀጻቱ ኣስፊርዎ ካብ ዘሎ ምስ እንርኢ፡ ኩሉ ዜጋ፡ ንፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ባህላውን ዕላማታት ውድባት ኪቐውም መሰል ኣለዎ።» ዓንቀጽ 19/6። ስለዚ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽዚ ከኣ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ፖለቲካዊ ውድብ ናይ ምምስራት መሰል ይህልዎ። ንኣቃውማ እዚ ፖለቲካዊ ውድብ ብዝምልከት ከኣ እዚ ብኮሚቴ ንንድፊ ሕጊ ምርጫን ፖለቲካውያን ሰልፍታትን ተነዲፉ ዘሎ ሕግታት ተዛቲናን ተኻቲዕናን ብእንጽድቖን እንቕበሉን ሕጊ ይውሰን። ኣንባቢ ክርድኣለይ ዘሎዎ ውድብ ማለት ሰልፊ ማለት ምስ ዝኸውን'ዩ። ምቛም ፖለቲካውያን ሰልፍታት ህዝብና ኣሚኑሉ፡ ተኻቲዑሉ፡ ተዛትዩሉ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ተቐቢሉ ዘጽደቖ ስለ ዝኾነ ኤርትራ ሃገርና ፈቲና ጸሊእና ድሕሪ 5 ወርሒ ናብ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትሰጋገር ስለዝኾነት፡ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ክህልዋና'የን። ሕጂ ዘድልየና፡ ዘተ ኣባ ኣቃውምኦንን ካልእን'ዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ቲ ህዝቢ ረድዩን ፈትዩን ዝተቐበሉ ሙቛም ፖለቲካውያን ሰልፍታት ንድሕሪት መሊስካ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ኣብዚ እዋንዚ ምቛም እንታይ ይመስለካ?» ዝዓይነቱ ርእይቶ ኣብ ገጻትካ ምስፋር ኣየርብሕን '።

እዚ ሒደት ኣዋርሕ'ውን ናብ ቅዋማዊ መንግስቲ ክንሰግር ብሙኳና፡ እቲ መብጽዓ ኣብ መዓልቱ እንተተኸቢሩ፡ ብመሰረት ሃገራዊ ቅዋም ዓንቀጽ 2/3'ው ን ክንቅየድ ኢና። ክጠቕስ፡ «እዚ ቅዋ" እዚ፡ እቲ ዝለዓለ ሕን ምንጪ ናይ ኩሉ ሕግታትን ሃገር አርትራ ስለዝኾነ፡ ኣንጻር ፊደሉን መንፈሱን ዝኸይድ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፡ ትእዛዝ ወይ ተግባር ፍሩስ እዩ።» ይብል። ኣብ መደምደምታ፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ዓናቕጽ ሃገራዊና ሰፊሩ ዘሎን ብሃገራዊ ባይቶና ከኣ ተቐባልነት ረኺቡ ጸዲቑ ዘሎ ቅዋምና፡ ኤርትራ ሃገርና ፈቲና ጸሊእና ፖለቲካውያን ውድባት ክህልውኣ'የን። እዚ ከኣ'ዩ ዕላማ መስዋእትን ስንክልናን ብሉጻት ደቂ ኤርትራ። ስለዚ ንሕና ንዛተ። ብሕታውያን ጋዜጣታት ከኣ ዝኸፈትክንኦ መሳጢ መድረኽ ኣስፍሓልና።መንግስታውያን መራኸቢ ብዙሃንን ካልኦት ጌና ካብዚ ክልቲኡ ኣብ ሓዲኡ ከምበበን ዘይከኣልኩ ጋዜጣን ከኣ ታሪክ ጽባሕ ንግሆ ከይከሰኩም ኣብ ዓምድታትኩም ህዝቢ ዘካትዕ ነጻ ዓምዲ ክፈቱ። ወድሓንኩም።

ያሬት ሃብተሚካኤል
ደቡባዊ ምብራቕ
ኣስመራ

## መንግስቲ ከምዚ እንተዝብለና፡ ህዝቢ ክንደይ ምተሓጎሰ?

ሓምለ 29 2001 - 3ይ ዓመት ቁ.53

ክቡር ህዝበይ፡ ብዝርኣኻኒ ትብዓት፡ ምጽዙዝነት፡ ሓድንትን ትዕግስትን ብጣዕሚ ተሓጉሰ። ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ብኹሉ እሙንን ድሉውን ሙኳካካ ኣረጋጊጸ። ንዝመጽእ'ውን ንዓኻ ሒዘ ዘሰክፍ የብለይን።ዝያድኡ ከምእትገብር እኣምን። እወ ህዝብና ንፈልጥ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሃገር ደረጃ ሓያለይ ምዕባለታትን ስጉምትታትን'ኳ ተጌሮም እንተሃለዉሓፋሽ ህዝብና ብማሕበራዊ ናብራን ካልእን ከምዘይጠዓመካ ንዕዘብ ኣሎና። ብዝኾነ፡ ከምዚ ዝረኣኻዮ ተዓናቒፍና'ምበር ንራህዋኻን ጽቡቕካን ካብ ምሕሳብ ኣየቋረጽናን። ድቃስ ለይቲ'ውን የብልናን። ብሓፈሻዝገበርካዮ ኣበርክቶ፡ ንዓና(መንግስቲ) ዓቢ ሞራልን ሓያል ጾርን ኮይኑና ኣሎ። ንግዚኡ ግዝያዊ ጸገምና ክሳብዝሓልፍ ቁሩብ መነባብሮኻ ንምምሕያሽ ቁስልኻ ንምሕዋይን ሞራልካ ሓፍ ንምባልን ቀጺሉ'ውን ንነባሪ ፍታሕ ክንገብር እናተማባጸዕና በዚ ዝስዕብ ግዝያዊ ኣዋጅ ነዚ ዝስዕብ ለውጥታት ነበስረካ ኣሎና።

1. ብቐዳምነት ህዝብና ባህ ክብለካን ክትቀስንን እዞም ብሓሳብ ተፈላሊና ዝነበርና መተዓብይትን መቓልስትን መሳርሕትን ኣሕዋት ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍን ሃገራዊ ባይቶን መንግስትን፡ ሰብ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ዘይጋገን ዘይኳረን የለን። ኣብ ቃልሲ መሪርን ነዊሕን ምርድዳእን ዘሕለፍናዮ ጊዜን ቦታን ኣብ ግምት ኣእቲና ኩሉ ገዲፍና፡ ነቲ ዘየሰማምዓና ዝነበረ ብዘተን ምርድዳእን ንኽንፈትሖ ሰሚዕና ኣሎና። ተዛቲና ዓቕምና ብዝፈቕዶ ክንገብር እንሆ ከም ቀዳማይ ጉድለ ታትና ኣሪምና ብዝበለጸን ዝቐንዐን ዝሰፍሐን ክንሰርሕ ዳግማይ ተዓጢቕና ኣሎና። (ካብኡ ዝሓይሽ እንተሎ ድማ ገርና ድምጽኻ ክንሰምዕ ድሉዋት ኣሎና)
2. ሰራዊት ኣብ መንን'ዚ ዓመት(1 ክጣየስን ክፉኖን'ዩ። ዘይከኣል ኣይኮነን፡ ጸገም እንተመጺኡ ድማ ኩሉ ህዝብን ሰራዊትን ኩሉ ግዜ ድሉውነቱን በቦትኡ ፍሉጥን እዩ። ስለዚ ነቲ መስርሕ ብዙሕ ምድላዋትን መጽናዕትን ኣየድልዮን'ዩ። ዝበዝሕ ይጥቀም ኣይጥቀም ሞያ ኣሎዎ። ነዚ'ዩ ስኢንዎ ዘሎ። ንኣብነት ሓረስታይ ናብ ማሕረሱ ሰራሕተኛ መንግስቲ ናብ ስርሑ፡ ነጋዳይ ሸቃጣይ ናብ ሸቐጡ፡ ዳቓይ ናብ መንደቑ ወዘተ... ዝበዝሕ ድማ ኣብ ስራሓት ህንጻ ትሕተ ቅርጺ ከም እንዳ ኮርያን ካልእን ዝነበረ ሞያ ካብ ከምኡ ምተጠርየ።
3. ክራይ ገዛ ካብ ዘሎዎ ብፍርቂ ወይ ትሕቲኡ ክጎድል ካብዚ ወርሒ.... ሰብ ገዛ ክተሓባበሩ ነተሓሳስብ ኣሎና።
4. ዋጋ ማይ፡ መብራህቲ፡ ላምባ፡ ጋዝ፡ ቴለፎን፡ ብፍርቂ ወይ ትሕቲኡ ካብ ወርሒ....ጎዲሉ ኣሎ። ንግዚኡ መንግስቲ ገለ ክጣበብ'ዩ።
5. ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሰብ ደሞዝ ኣቦ ስድራ ዝነበርካ ብምኽንያት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ክተትን ተባሂሉ ምሉእ ደሞዝ ንምክልኻል ሃገር ዝኸፈል ዝነበረ ካብዚ ወርሒ.... ምሉእ ደሞዝካ ክወሃበካ እዩ።
6. ኣብ ውሽጢ ሃገርናን ወጻእን

ዝፈርዩ ሃለኽትን ዘይለኽትን ኣቐሑት በብደረጃኦም ዋጋታት ትሕት ክብሉ'ዮም። ዘይከኣል ኣይኮነን፡ ካብ ወጻኢ ዝኣትዉ ግብሪ ውሑድ ይኸፍሉ፡ ምቁጽጻር ድማ ይገብረሎም። ነቶም ናይ ውሽጢ'ውን ብዓይነትን ብብዝሕን ከምዝፈርዩ ኮይኖም ሓገዝን ምቁጽጻርን ይግበረሎም። ነጋዳይ ሸቃጣይ ድማ ከም ሃገራውያን ክሳብ ዝርህወና ክሰስዑ ከምዘይብሉም ብሰሚናር መልክዕ ይግለጸሎም።
7. ምዕዳል መሬት ንመንበሪ ገዛ፡ ከምዚ ተጀሚርዎ ዘሎ ቀዳምነት ንደቂ ዓዲ ጤሳ ብምሃብ ፍታሕ እናገበርካ(ነዚኦም ከይፈታሕካ ፍታሕ ስለዘይግበር)፡ ኣብ .ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ዝቐልጠፈ ከከም ከእለቱ ብደሞዝ ዝኽፈል ብፍሉይ ልቓሕን ካልእን ክፍቀድ'ዩ። ዘይከኣል ኣይኮነን፡ ኣብ ኩለን ከተማታት ሰፊሕ መሬት ኣሎ። ብሰብ ገዛ ዝኽፈል ገብሪ ክንኪ'ዩ።
8. ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመትከል፡ ብሕጊ፡ ንእሽቶ ከሎኻ ኣቦ ስድራ ከይኮንካን ኩሉ ዜጋ 18 ዓመት ዝረገጸ ሓደ ዓመትን 6 ወርሕን ከገልግል፡ ዚ ወዲኡ ኣብ ቦትኡ ክምለስ ከምኡ እናበለ እቲ መስርሕ ሰንሰለት ክቕጽል። ካብዚ ወጻኢ ጸገም እንተ መጺኡ ንኹሉ ወዲ ሃገር ማዕረ ይበጽሖ። እንተዘይኮይኑ ጉዳይ ሃገር ኣብ ሃ/ኣገልግሎት ጥራሕ ምጽዓን ጽቡቕን ቅቡልን ከምዘይኮነ መንግስቲ ነቒሑሉ ኣሎ።
9. ሃገራዊ ኣገልግሎት ንደቂ ኣንስትዮ ከም ደቂ ሃገር ግቡእ እንተተወሲዱ ፍሉይ፡ ጽፉፍ፡ ቅልልን ሕጽርን ዝበለ ምስተፈጥሮኣዊ ትዕድልተን ዘይጻባእ ንዕምባባ ዕድሚኤንን ዕድለንን ዘይጎድእ ክኸውን።
10. ንህዝብን መንግስትን ዘየተሓሳት ብሕግን ብነጻን መታን ክንሰርሕ፡ ዲሞክራስያውያን ክንከውን ብዝቐልጠፈ ቅዋምና ተግቢርና ቅዋማዊ መንግስቲ ተኺልና ኣሎና። ጸገም የብሉን። ፍርዳውያን ትካላትና ከኣ ምሉእ ናጽነት ንክህልወን ,ክንሰርሕ ኢና።
11. መብዛሕትኣን ትካላትን ሚኒስትሪታትን መንግስቲ ከም ዝበጻሕናዮ ዝሕቱል ዘይብሱል ዘይጽፉፍ ኣሰራርሓ ከም ዘለ ወን ርኢና ኣሎና። ካብ ሕጂ ንደሓር በቶም ዝነብሩና ሓዳስቲ ኣባላት ብሓድሽ ስርዓት ኣወዳድባን ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን ብምግባር ስርሐን ከጽፍፋ፡ ብሕጊ ክሰርሓን ከስርሓን መሰልን ግቡእን ሰራሕተኛ ከማልአ ካልእ ዝተፈላለየ ጉድለታት ከማሓይሻ እየን።
12. ኣብ ስራሕ፡ ተጋዳላይ ገባር ሲቪል ዝበሃል ንስራሕን ሰራሕተኛታትን ዓቢ ሕማም ኮይኑ ጽኒሑ። ካብ ሕጂ ንኤው እዚ ሓሳብ'ዚ የለን። ሰብ ብኽእለቱን ሞይኡን ኣብ ስራሕ ይምደብ። ክርሳዕ ዘይግብእ ጉዳይ ኣሎ። እቲ ንሃገር ክብል ሂወቱ ወይ ክእለቱ ዘየማዕበለ ክፉል ተጋዳላይ ንስራሕ ብዘይጸገም ክብረቱን መሰሉን ክሕለወሉ ቅቡል እዩ። ዝምዕብለሉ፡ ዝመሃረሉ ሞያ ዘጥርየሉ ዕድላት ምሃብ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። ስም ተጋዳላይ ጥራሕ ቦታ ምሃብ ግን ንዕኡን ነቲ ስራሕን ጽቡቕ ኣይኮነን። እዚ ከጸግም ጽኒሑን ኣሎን።
13. ተመሃሮና 2ይ ደረጃ ምስ ወጽኡ ዝመሃሩለን ዝተፈላለያን ብዙሓትን ኮሌጃት ናይ ሕርሻ፡ መሃንድስ፡ ሕክምና፡ መምህርና፡ ስነ-ኪነት፡ ስነ-ጥበብ፡ ወዘተ... ካብ ሕጂ ጀሚርና ክንሰርሕ ኢና። እዞም ብስንኪ ጸቢብ ዕድልሓንቲ ዩኒቨርስቲ ብዙሓት ንፉዓት ከሎኹም ዕድልኩም ተዓጽዩኩም ዝጸንሐ ክትምሃሩለን ኢኹም።
- 14. ኣብ ኤርትራ ካብ ሕጂ ንድሕሪት ስራሕ ኣልቦነት ዝብሃል ባይታ የብሉን። ኩሉ በብደረጅኡን ሞያኡን ብዝቐልጠፈን ብዝጸፈፈን ክዋፈር እዩ።• እየ
15. ብቑዕን ምዕቡልን ምዱብ ሰራዊት ሃገር ምስ ምሉእ ዘመናዊ ዕጥቅን ስንቅን መሳለጥያን ከምኡ'ውን ጽቡቅ ደሞዝ ዘሉዎ፡ ካብዚ ወርሒ/ዓመት...ጀሚሩ ክህልወና ንህዝቢ ይምልከት።
16. ንውሉዳትን ስድራን ስውኣት ክንሕግዞም ኣሎና። ምስ'ዚ ዝዛመድ ነቶም ፍርቂ ኣካላቶም ዝተሰውኡ ስንኩላትና በብዓቕሞም ዝሰርሑሉን ዝሕገዝሉን ካብቲ ዝነበሮ ብዝሰፍሐን ዝበለጸን ክትግበር እዩ።
17. ምንም'ኳ ዋጋ በንዚንን ይኹን ናፍታን፡ ብዓለም ለኻዊ ዋጋ ይጽሎ እንተኾነ መንግስቲ ገለ ተጣቢቡ ንግዚኡ ዋጋታቱ ክትሕት ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ዋጋ መጉዓዓዚ ካብ ዘሎዎ ክትሕት እዩ። ካልእ ንህዝብና ኣድላዪን ጠቓምን ትብልዎ ባዕልኹም ሓሲብኩም ምስ'ዚ ከተበስሩና እምነ። ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርክዎ ሓሊመዮ ወይ ተተምንየዮ ጥራሕ ኣይኮንኩን። ክትግበር ጥራሕ ዘይኮነ ክቀላጠፍ'ውን ስለዝኽእል እየ ጽሒፈዮ። ከመይ ጌሩ?

እወ ልክዕ ሰላም ክህሉ ኣሎዎ። ብዘይ ሰላም ኩሉ ከቢድ'ዩ። ተሰፋ ንገብር ጉዳይ ሰላም ብሕጊ ኣብ ኢድ ማሕበረሰብ ዓለም ኣትዩ ስለዘሉ ካብ ሕጂ ንደሓር እናተሓየሸ ክኸይድ። ብወገንና ንጉዳይ ሰላም ከምቲ ጀሚርናዮ ዘሎና ተወሳኺ ጻዕርን ምትዕጽጻፍን ክንገብር ኣሎና። እግዚሄር-ረቢ ይሓግዝና። ብዝኾነ እቲ ዘሎ ሃዋህው ወይ ኩነታት ማሕንቆ ክንጥቀመሉ ኣይግባእን። ዋላ ከምዚ ዘሎዎ ከሉ ዝያዳ ክንነፍዕን ጸገማት ሰጊርና ንምዕባለን ራህዋን ክንጥምትን ይግብኣና። ከምኡ ዘይንገብረሉ እንታይ ምኽንያት ኣሎ? ገንዘብ፡ ንለቓሕ፡ ሓገዝ ከኣ ንሓትት። ነዚ መንፍዓት፡ ቅንዕናን ድሌትን ወሲኽና - ቁስልና ዘይንሕውየሉ ቁጠባና ዘይነማዕብለሉ ዕዳና ዘይንኸፍለሉ ምኽንያት የልቦን። ድምር ናይ'ዚ ኩሉ ከኣ እታ ንምነያ ምዕብልቲ ኤርትራ እንክንርኢ ዝኸልክል የለን።

መም. ረዘነ ጎይትኦም
ቤት ት/ሰማእታት

## ዛራ ገጠምቲ

### ናብ ሰሰን ሓፍተይ

ሰሰን ሓፍተይ ኳዕናን እምባ
መዘና ወርሒ
ብተፈጥሮ ትምርሒ
ደብዳቤኺ በጺሓትኒ
ተሻቒለ ስለዝወራሕኩ
ሩፍታ ዓሲሉኒ
ልኡማት ቃላትኪ ብጠምጠም ኣንቢበዮ
እቲ ዚተላበኽኒ ግን መሪጸ ክንስዮ
እቲ «ኣብ መንጎ ስንጭሮ
ብጎነይ እምባ
ብቐድመይ ሩባ '
ተንቃዕረርኩ ሰማይ
ተደነንኩ ምድሪ
ኮይኑንስ...
ጽምዋ በርቲዑኒ»
ክትብሊ ብምረት ዚገለጽክዮ
ሰሰነይ ኣይትጽልእዮ
ንዓኺ ደኣ፡
ካብ ሓሳብ ዘናግፍ
ምዑዝ መዝሙሩ የዕዋፍ
ዉነኻ ዚሰልብ ሽታ
ናይ ዕምባባታት ሃጉግታ
ናይ ኣግራብ ነይነይታ
ድምጺ መንጫዕጫዕታ
እኳ ኣለኪ
ዘዘናግዓኪ
እነሆሎና'ዶ ብገልጠምጠም ጸሚምና
ነዝስ ኣየድልዮን'ዩ ለበዋ
ኣይምሰልኪ ሰሰን ከተማ 'ዩ ጽምዋ።

ሄኖክ ተስፋብሩኽ

## ንኺድ ንዘልኣለም

ሰግለለት ህይወተይ፡ ኣንቲ ታቦት ልቢ
ዕንባባ ሱፍ በይነይ፡ ቁሩብ'ሞ ሕሰቢ
ከመይ ኢልኪ ትረግኢ ከይገደፍና ሓድጊ?
ክሳድኪ ቀኒኑ፡ ዓይንኺ ከሰለምልም
ሰማይ ክትጥምቲ፡ ግርማኺ ኪፍስም
ግደፍያ ጸሓይ ንኺድ ንዘልኣለም
የለን ሓዋይ ብርሃን ኣብ'ዚ ሓድሽ ዘመን።
ዕንበባ ሱፍ በይነይ፡ ከም ወርቂ ጎባጉብ
ኣነስ ሃሪፈየ፡ ዘመነ-ጦብላሕታ
ዘመን'ቶም ቀነይቲ ውቅያኖስ ስነ-ጥበብ
መዛሙር ተፈጥሮ ኪዝምር ብደስታ።
ዕንበባ ሱፍ በይነይ፡ ግራታ ኣብ ሰማይ
መኣዝን ቀይሪ፡ ኩኒ ከምዚ ኸማይ።
ኣይፋል ተበልኪ ግን፡ ተፋጸኺ ባጫ
ኣነስ ኪጭልጥ'የ፡ ናይ ዘልኣለም ዋንጫ።
ምድራዊ ዕረፍቲ ትንፋስ ትገሽሉ
ስጋይ ካብ መንፈሰይ ዝፈላለየሉ፡
I 'ታይ ኮንኪ ትነብዒ፡ ካዕቦ ተተንፍሲ?
ኣይትደፍኢ 'ባ፡ ቆጽልኺ 'ይተርግፊ
ክጠልበኪ 'ኳ እየ፡ ዕንበባይ ዕትብቲ
ገጽ 'ንዶ ክልእዮ'ዚ ዘመን ሓላፊ።
ዘይ ኮርየ 'ንደኣለይ፡ ዕንበባይ ውቅብቲ
ብልኡል ጎይታ'ምበር ኣይኮንኩን ብኣኺ
ኣይሰምዕን'ዩ ዚ ባዕልና ንኺዶ
ከርስና ብዃዒ ከይከውን ሞጎጎ።
ፈትዩ ከይፈጥረና ኣብ ዘመነ ጦብላሕታ
እንሆ ደኒንና ነዘይም እህህታ።
ዕንበባ ሱፍ በይነይ ኣንደበታ ቀለም
ብዘይ ቀነይቲ ኮ ጣዕሚ 'ይብላን ዓለም።

ገብረሂወት ተስፋይ

## ሸዑ'ያ ኣስመራ

ቀትሪ ርኢኹም ኣይትፍረዱ
ኣብ'ቲ ከውታ ከይትርዕዱ
ዕቑር ዝወዓለቶ ጸገማ
ለይቲ'ያ ትድሕድሖ'ዛ ከተማ
ቅኒት ኣለዋ ዓለም
ዜማ ኣለዋ ሕሰም
ግን፡ ብሕልና'ዩ ዝሰማዕ
ኣብ ልቢ'ዩ ዝገማዳሕ
ርኣዩ 'ሞ ተዛወሩ
ብጽባቐ ቀትሪ ኣይትዕወሩ
ፋጻ ሕሰም ኣሉ ኣብ ከውታ
ዛንታ ጸገም ትንበብ ብዓውታ
ዕሽል ጸወታ ዘመዱ
ነታ ቁልዕነቱ'ኳ ዘይከኣለ የአንጊዱ
ንምንባር ውሕስነት ከናድየላ
ይግባይ ይብል ኣሉ ኣብ ከተማ
በ'ስሓይታ ኣሰናኑ ኣናሓርቀማ
ርኣዩ'ሞ ክትኣምኑ
ሰብ ንሰብ ክገዝእ ብዋገ
ውረድ ደይብ ክበሃሉ
ኣብ ስምዒት ክዛተዩ
ኣስተውዕሉ ሸዑ
ክትርእይዋ ኢኹም እታ ሕንጢት
ብተመስጦ ከተቋምት
እዝና ጋሊሃ ክትጸናጸን
ገና ከላ ምስ ክፋእ ክትሕቆን
ኣሸበሸብ እንተቐጸለ ጸገማ
ናይ ዕዳጋ ቃላት እንተጠቀማ
ደይ ናብኡ' የ ኢላ'ያ ደምዲማ
ኣንፈት መጻኢኣ ብደዋ ሓሊማ
ሸዑ'ያ ኣስመራ ንብዓታ ተውሕዞ
ጸልማት ተኸዲና ትብኪ ትቁንዞ

ኣኽሊሉ ተ/ጽዮን

ሳልሳይ ዓመት ቁ.59 | ነሓሰ 19 2001

3ይ ዓመት ቁ. 52 |ሓምለ 26 2001

## እዋናዊ ዛዕባ

# "መኾርመዩ ዝረኸበስ ፡ መሳፍሒ ነይስእን"

ፕሮፌሰር የማነ ግርማጽዮን

እቲ ቀንዲ መጽሓፍየይ፡ ኢትዮጵያ ንወደብ ዓሰብ ክትካረዮ መደብ ከምዘሎ ተለገሊጹ ዝብል ኣብ ጋዜጣ ሰቲት ዓርቢ 13 ሓምለ 2001 ኮይኑ፡ እታ «ኢትዮጵያ ንወደብ ዓሰብ ክትካረዮ..." እትብል ቃል ምስ ኣንበብኩ፡ እታ ምስላ ለባማት ወለድና፡ "መኾርመዩ ዝረኸበስ፡ መሳፍሒ ነይስእን» እትብል ብሂሎም ኣብ ኣእምሮይ ክትመላለስ ጀመረት። እዛ ምስላ እተብርሆ፡ ዝገበርካ ገይርካ ኣብ'ቲ እትደልዮ ቦታ ንእሽቶ መኾርመዩ ጥራይ እትኣክል ቦታ ሓዝ ማለቶም ኮይኑ፡ እታ መኾርመዩት ምስ ሓዝካ ኣብኣ ኮይንካ መሳፍሒ ንምርካብ ዝኾነ ነገር (ተንኮል፡ ብልሃት...) ብምግባር መሳፍሒ ንምርካብ ቀሊል'ዩ ማለቶም'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝነበረቶ'ሞ ንርእ፦ ካብኡ እዛ ምስላ ብተግባር ምስርሓ ክንርዳእ ኢና። ህዝቢ ኤርትራ ናጽነተይ እናበለ ከሎ፡ ዓለም ብሕልፊ ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ድልየቱ ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ንኽቑረን ገበረት። እዚ ድማ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ንምእታው፡ ቅድም መኾርመዩ ንምርካብ ጥራይ እዩ ዝነበረ እቲ ሚላ። እው፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብዘይ ፈደረሽን ምሉእ ብምሉእ ክትጽምበር ኢትዮጵያ ዝገበረቶ ጻዕሪ ፈሺሉ'ዩ ናብ ምቕባል ፈደረሽን ዝወደቐት። እዚ ዘበለኒ፡ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ጉዳያትወጻኢ፡ ምክልኻልን ገለ ካልእ ንኣሽቱ ነገራት እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ምምሕዳር ኤርትራ ባዕላ-ንባዕላ እትመሓደረሉ ውሽጣዊ መንግስቲ ነበራ። እዚ ድማ ፓርላማ፡ ኣብያተ ፍርዲ ብናጻ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ሰለማዊ ሰልፊ ናይ ምግባርን መሰል፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ናጻ ፕረስ፡ ፖሊስ ሰራዊት፡ ባንዴራ፡ ትግርኛን ዓረብን ከም ወግዓዊ ቋንቋታት ወዘተ ነበሩ። ኮታስ ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ብኤርትራውያን'ዩ ዝመሓደር ነይሩ። ኢትዮጵያ ግን፡ ንዝመጽእ መደባት ትፈልጦ ብምንባራ፡ ጥራይ ኣብ ኤርትራ ኣትያ መኾርመዩ ንምርካብ ንኽትክእል'ያ ነቲ ፈደሬሽን ዝተቐበለቶ።

ኢትዮጵያ ብጉልባብ ፈደረሽን ንኤርትራ ኣትያመኾርመዩ ምስ ረኸበት ከኣ፡ መሳፍሒ ንምርካብ ንፓርላማ ኤርትራ ዓጸወት፡ ባንዴራ ኤርትራ ኣውረደት፡ ሰለማዊ ሰልፊ ምግባር ብናጻ ሓሳብካ ምግላጽን ናጻ ፕረስን ከልከለት፡ ነቶም ወግዓውያን ቋንቋታት ብኣምሐርኛ ተክኣት። ኮታስ እቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ከም መንግስቲ ዝሰርሐሉም ዝነበሩ ኩሎም ብምእላይ፡ «ኤርትራ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ እያ ኢላ ኣወጀት። ኣብ'ዚ እንርእዮ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ ፈደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ምፍራሳ ወይ ነቲ ዝኣተወቶ ቃል ምጥላማ'ዩ። ካብኡ ንደሓር ኢትዮጵያ ካብ መኾርመዩ ሓሊፋ ኣብ ኤርትራ ከም ድልየታ ከተሰፋሕፍሕ ከኣለት። እምበኣር፡ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ እትገበሮ ውዕላት ኩሉ ግዜ ምስ ኣፍረሰት ወይ ምስ ጠለመት ምኻና፡ ምፍራስ ፈደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። ካልኣይ፡ እቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቅን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናውን ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ዝገበርዎ ርክባት ንግዚኡ ኣወንዚፍና፡ ናብ'ቲ መለስ ንኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዝብሎን ዝፈጸሞ ጥልመትን ንርአ። ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣርትራውያን፡ «ኣብ ኢትዮጵያ ከምድልየትኩም ክትሰርሑን ክትነብሩን ትኽእሉ ኢኹም። ካብ ኢትዮጵያ ዘውጽኣኩም የለን» እዩ ዝብሎም ዝነበረ። ግን፡ ነዘን ቃላቱ ብምጥላም፡ ንኤርትራውያን ንብረቶም ብምዝራፍ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ኣባሪርዎም። ንብዙሓት'ውን ኣሲሩን ኣሳቒዩን ናብ ሞት'ውን ኣብጺሕዎም'ዩ።

እቲ ሳልሳይ ጥልመት ኢትዮጵያ ንኤርትራውያን፡ ንጉስ ዮውሃንስን ራእሲ ኣሉላን ክልቲኦም ትግራዎት፡ ኣብ ልዕሊ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን ዝፈጸምዎ ጥልመት'ዩ። እዚ ደኣ ከም ኣብነት ኣቕሪበዮ'ምበር፡ ኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ብሓይሎም ዝገዝእዎ ወይ ኣብ ኢዶም ዘእትውዎ፡ ዳርጋ ኩሉ ብምትላልን ብምጥላምን ምዃኖም ታሪኽ ይነግረና።

ሕጂ ናብ'ቲ ዘበገሰኒ ርእሲ ክምለስ።እንተደኣ ኢትዮጵያ ንወደበ ዓሰብ ከም እትካረዮ ሓቂ ኮይኑ፡ ከም ርእይቶይ ብሕልፊ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ማለት ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ጸገማት ከይተፈትሐ ፧ህዝቢ ኤ ር ት ራ ን ኢትዮኣያ ኣሚኑ ዝኾነ ስ ም ም ዒት በዘን ዝስዕባ ነጥብታት ኣይቅኑዕን'ዩ።

ቀዳማይ ከም'ዚ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ፡ ኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ጥልመት ባህርያት ስለዘለዎም ንዝመጽእ'ውን ክጠልሙ እዮም ዝብል ግምት'ዩ ዘሎኒ።

ካልኣይ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብህዝቢ እትመርጸን ተሓታትነት ዘለዎን መንግስቲ ሕጂ የለን። ቅድም'ውን ኣይነበረን።ነዚ ኣብነት ከኣ፡ ንጉስ ሃይለ ስላሴ ንዕኡ ዘገልግል ቅዋም ኣጽዲቑ ይገዝእ ነበረ። መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ፡ ንንጉስ ሃይለስላሴ ብወትሃደራዊ ዕልዋ ኣልጊሱ ናብ ስልጣን ምስ ደየበ፡ ነቲ ቅዋም ንጉስ ሃይለስላሴ ሰሪዙ ንዕኡ-ንመንግስቱ-ናብ ፡ ስልጣን ዘደይብ ሕጊ ኣወጀ። መለስ ዜናዊ'ውን ከም'ቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ገዛእቲ፡ ነቲ መንግስቱ ዝባሓገጎ ሕጊ ብምቕያር፡ ንዕኡ-ንመለስ ኣብ ስልጣን ዘደይብ ሕጊ ኣጽደቐ። ኣብ'ዚ ክንርእዮ ዝግባእ ቅዋም ሓንቲ ሃገር ሓንሳብ በቲ ህዝቢ ምስ ጸደቐ፡ ብሕጊ መሰረትክመሓየሸ ይኽእል'ዩ።

ከም'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ግን፡ ብሓይሊ ፈጺሙ ኣይግባእን'ዩ። እምበኣር ብዓመጽ ኣብ ስልጣን ብዝድይቡ መራሕቲ ምስ እትምራሕ ኢትዮጵያ ዝኾነ ውዕላት ምግባር፡ ቀዳማይ እቶም ብዘይ ሕጊ ናብ ስልጣን ዝድይቡ መራሕቲ ኣብ ደስ ዝበሎም ግዜ ነቲ ውዕላት ከፍርስዎ ስለዝኽእሉ ቅኑዕ ኣይኮነን። እስከ ተሓታትነት ዘለወን መንግስታት እንግሊዝን ኣመሪካን ንርአ'ሞ ምስኣን ንኢትዮጵያ ነነጻጽራ። እንግሊዝ ብመልክዕ ክራይ ንሆንግ ኮንግ ካብ ቻይና ወሲዳታ ነይራ። መዓልቲ ክራይ ምስ ኣብቐዐ ከኣ፡ እንግሊዝ ንህንግ ኮንግ ናብ ዋንኣ ቻይና መሊሳትላ። ከምኡ'ውን ኣሜሪካ ንፓናማ ካናል ካብ ፓናማ ተኻርያታ'ኳ እንተነበረት፡ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ምስ ተፈጸመ ብመሰረት ውዕላ ንፓናማ ካናል ንፓናማ መሊሳትላ።

እዘን ክልተ ሃገራት፡ብሕጊ ዝግዛእ መንግስቲ ዘለወን ብምኻነን ነቲ ዝፈረምኦ ውዕል ከይጠለማ ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ርኢና። ኢትዮጵያ'ኸ በቲ ውዕል ክራይ ተቐይዳ ንወደብ ዓሰብ፡ ከም 'ቲ እተባህለ ሓቂ እንተደኣ ኮይኑ ድሕሪ 30 ዓመት ንኤርትራ ከተርክባ ኣይትኽእልን'ያ ዝብል እምነት'ዩ ዘለኒ። ኢትዮጵያ ካብ ቅድም ሕጂ'ውን ወያነ ዘይሕሰብ ምኳኑን፡ ኮነ ኢልካ ንምትላልን ንዓሰብ ንምሓዝ ከቢድ ጻዕሪ ኣካይዶም እዮም። ንዓሰብ ክወስድዋ ወይ ክሰርቕዋ 'ዩ መደብ ነይርዎም። እንተኾ ግን፡ እቲ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጸፊዑ ብምምላስ ምስራቕ ከሊእዎም። እሞ ደኣ ህዝቢ ኤርትራ ከመይ ኢሉ'ዩ ነታ ብሓይሊ ደልዮማ ዘይኮነሎም ወደብ ዓሰብ ብኽራይ ክህቦም? ምስላ ቀዳሞት ከም'ዚ ይብል፡ «ክሰርቀኒ ዘረኣኽዎስ፡ ክመልሰለይ ነይኣምና» እዩ'ሞ፡ ትማል-ትማል ክሰርቕዋ ንዝደለዩ ዓሰብ ከመይ ገይሩ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ክመልሱለይ እዮም ኢሉ ኣሚኑ ንኢትዮጵያውያን ዘካርዮም? ድሕሪ 30 ዓመት እዚ ሎሚ ዝቃለስ ዘሎ ወለዶ ገሊኡ ክሐልፍ'ዩ ገሊኡ ክኣርግ'ዩ'ሞ፡ ነቲ ዝመጽእ ወለዶ ዝኾነ ሕርኽርኽ ዘይብላ ኤርትራ ደኣ ነውርሶ'ምበር እንደገና ምስ ኢትዮጵያ ምጉትትን ውግእን ዘስዕብ ጉዳይ ኣይንግደፈሉ። ክራይ ወደበ ዓሰብ'ውን ንዝመጽእ ንደቕና ኣብ ጸገም ከውድቐም'ዩ። ኢትዮጵያ ንዓሰብ ባዕላ'ያ ካልኦት ወደባት የርብሑኒ'ዮም ኢላ ዝገደፍቶ ' ሞ፡ ከምዝኾነት ሃገር ወይ ከም'ቲ ንወደብ ጅቡቲ እትጥቀመሉ ንኽትጥቀመሉ ምፍቃድ'ዩ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጠቅም። ስለ'ዚ፡ ንዓሰብ ወደብ ን30 ዓመት ምክራይ ማለት መኾርመዩ ምሃብ ማለት ስለዝኾነ፡ ከም'ቲ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ንኢትዮጵያ ኣሚንካ ዝኾነ ውዕል ምግባር ኣይግባእን'ዩ። ብሕልፊ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ብወያነ ዝቀሰለ ቁስሊ ህዝቢ ኤርትራ ከይሓወየ፡ ጉዳይ ዶብ ጠልጠል ኢሉ ከሎ፡ ምስ ኢትዮጵያ ንግዚኡ ዝኾነ ስምምዓት ምግባር መንዓቒ ህዝቢ ኣርትራ እዩ። እወ ናይ'ቲ ኣብ ግዜ ኲናት ሓርነት ዝፈሰሰ ደምን ዝዓነወ ንብረትን ወግዓዊ ይቕረታን ካሕሳን ኣይሓተትናን። ከምኡ'ውን ጽቡቕ ጉርብትና ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ'ውን ነይሩ ይኸውን። ህዝቢ ኤር ት ራ ይ ቕረ ታ ሓቲቶም ከምኡ'ውን ግቡእ ካሕሳ ከፊሉም እንተዝኾኑ፡ ብዘይካ'ዚ ንወደባት ኤርትራ ግቡእ ክፍሊት ከም'ዚ ንጅቡቲዝኸፍልዎ ምኽፍል እንተዝለምዱ ነይሮም፡ ምናልባት ንኤርትራ ከም ጡብ ኣዲኦም ምቕበጽዋ ነይሮም። ካሕሳ እንተዝሕተቱ ከኣ'ሞ፡ ብዛዕባ እቲ ካሕሳ ክሓስቡን ክማጎቱን ግዜ ምወሰደሎም'ሞ፡ ኣብ ምውራርና ደኾን ኣይምተደናገዩን ነይሮም?

ብዕለት 15/7/01 ቲቪ ኤሪ እምልከት ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ፡ ከተማ ሰንዓፈ ፈጺማ ብሰራዊት ወያን ዓንያ ተመልኪተ። ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ውዕል ሰላም ምስ ኤርትራ ሰላም ከምዘይደልዮ'ዶ ኣይኮነን ዘብርህ? ንምንታይ'ከ ነቶም ህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ኩሉ ዘኽብሮም ሓርበኛታት መቓብሮም የዕንውዎ? ብሓፈሽኡ ወያነ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክብሩ ዘይደልዩ ምኻኖም ብቐጻሊ'ዮም ዝገልጽዎ። ከም'ዚ ከኣ፡ ይብሉ፦ «መንግስቲ ሻዕብያ ከይጠፍኣ፡ ምስ ኤርትራ ሰላም ኣይንገብርን ኢና።» ይብሉ። ህላዌ መንግስቲ ሻዕብያ ንህዝቢ ኤርትራ እዩ ዝግደፍ። እቲ ሕቶ ግን፡ ንምንታይ ወያነ እዚ ኹሉ ሕማቕን ኣረሜናዊ ነገራትን እናገበሩ፡ ንሕና ደለይቲ ሰላም ንኸውን? ንሰላም ምድላያ ጽቡቕ'ዩ። ግን፡ ከም'ቲ ዝብሃል ብሓደ ኢድካ ኣይጣቃዕን እዩ። ንሕና ተወረርቲ፡ እሞ ድማ ንሕና ንሰላም ክንሓትት ከሎና፡ ንሳቶም ክኣብዩ ከለው፡ «ዘመን ግርምቢጥስ ማይ ንዓቐብ» እዩ ኮይኑ ዝረኣየኒ። በቲ ካልእ እቲ በዳሊ ኣብ ክንዲ ንሰላምን ንዕርቕን ዝሓስብ፡ ብኣንጻሩ እቲ ተበዳሊ ንሰላም ኣዝዩ ክደልያ የብሉን። ከም'ዚ ምግባርና የንዕቐና'ዩ ዘሎ። እው፡ ኣብ'ዚ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ዕለት ሕታም ጋዜጣ ሰቲት፡ ሓደ ስሙ ዘይገለጸ በዓል ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ምክራይ ወደብ ዓሰብ ከም'ዚ ዝስዕብ ምባሉ ትርግታ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰምዐ ይመስለኒ።«እዚ ኣብ ኣጀንዳና (ኣጀንዳ መንግስቲ ኢርትራ)የለን።» ድሕሪ . ምባሉ፡ ስርዓት ወያነ ተመዛበልቲ ናብ ዓድታቶም ከይምለሱ ዕንቅፋት ኣብ ዝገብረሉ ዘሎ እዋን፡ መስርሕ ሰላም ብግቡእ ከይሳለጥ ማሕለኻታት ኣብ ዝፈጥረሉ ዘሎ ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ወዶብ፡ ክራይን ካልእ ተመሳሳሊን ምዝራብ ዘይሕሰብ ምኻኑን፤ኮነ ኢልካ ንምትላልን መኣዝን ንምቕያርን ዝተዘርግሐ ወረ ክኸውን ከምዝኽእል ኣብ ዝሃቦ መልሲ ኣብሪሁ። እቲ ካልእ ዘሕሰብ ጉዳይ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓብስ ኣድማስ ናይ 9 ሓምለ 2001 ከምዘንበብክዎ፡ "ኣሜሪካ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምልከት ሓድሽ ፖሊሲ ኣውጺኣ» ይብል። እቲ ቀዳማይ ኢትዮጵያ «ብብሄር» ዝምራሕ መንግስቲ ክትቅይሮ ዘስምዕ ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ኢትዮጵያ ምስ'ቶም «ተቓወምቲ» ሰላም ክትገብር እዩ ዝብል። ሳዕቤን እዘን ክልተ ነጥብታት ንኤርትራ፡ ንተንተንቲ ፖለቲካ ኤርትራ እገድፎ። እታ ሳልሰይቲ ነጥቢ ከም'ዚ ትብል፦«...ኤርትራ ከም ሃገር ህላዌኣ ንኽቕጽል ምስ ኢትዮጵያ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምትእስሳር ክህልዋ ከም ዝግባእ የገንዝብ።» ይብል። ቅድሚ ምውላዕ ኲናት 30 ዓመት'ውን፡ ኣመሪካ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነተይ እናበለ ከሎ፡ ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ንኽቑረን'ያ ገይራ። ሳዕቤኑ ከኣ፡ ናይ ኣማኢት ኣሽሓት ህልቂትን ስንክልናን ኤርትራውያን ኢትዮጵያውያን ዘስዓበ ናይ 30 ዓመት ኲናት ኮይኑ። ብብልዮናት ዝግመት ንብረት'ውን ዓንዩ'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ ድሕሪ እዚ ኹሉ ክሳራ ኤርትራ ናጻ ኣብ ዝኾነትሉ ግዜ፡ ሓቂ እንተኾይኑ፡ ኣመሪካ ኤርትራ ከም ሃገር ህላዌኣ ምእንታን ክቅጽል ምስ ኢትዮጵያ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምትእስሳር ክትገብር ማለት ኣዝዩ ዘተሓሳስባ'ዩ። ኣብ'ዚ ክሕተት ዝግብኦ፡ ነዞም «ኤርትራ ብቁጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ።» ዝብሉ፡ ኢትዮጵያ'ኸ ርእሳ'ዶ ክኢላ ትፈልጥ'ያ? ኣይትፈልጥን'ያ!! ኢትዮጵያ ካብ'ተን ኣብ ዓለም ዝደኸያ ሃገራት ሓንቲ እያ። ሃገራት ኣፍሪቃ'ኸ ቁጠባ ርእሰን'ዶ ክኢለን ይፈልጣ'የን። ናይ ብሓቂ ክንዛረብ እንተኾይንና፡ ዓለምና ሎሚ እናተዋሃሃደት፡ ሓንቲ ካብ'ታ ካልእ እናደለየት እትነብረሉ ግዜ'ዩ። ኣመሪካ ከይተረፈት ብዙሕ ነገራት ካብካልኦትሃገራትትደሊ'ያ።ካልኦት'ውንከምኡካብኣ።

እንተደኣ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፖለቲካን ቁጠባን ክትተኣሳሰር ኮይና፡ ነቲ ወሪራ 30 ዓመት ዘድመየቶ ህዝቢ ኤርትራ ወግዓዊ ይቕሬታን ግቡእ ካሕሳ ክተከፍል ኣለዎም። እዚ'ውን ንህዝቢ ኤርትራ ክብሪ'ዩ። ከምኡ'ውን እዚ ብምኽንያት ወራር ወያነን እተኸሰተ ሽግር መዕለቢ ምርካብ ኮይኑ፡ ብድሕሪኡ ምስ ኢትዮጵያ ምትእስሳር ዘድሊ እንተኾይኑ ንህዝቢ ኤርትራ ዝግደፍ'ዩ።

# ፕረዚደንት ንሚኒስተር ካብ ስልጣን ከባርር ሕጋዊ ስልጣን የብሉን

ኣብዛ ሃገር ዘደንጽውኒ ነገር እንተሃልዩ፡ ዓቕሚ ሰብና ብግቡእ ዘይንጥቀመሉ ምኽንና'ዩ፡ ሰብ'ኮ ሃብቲ'ዩ። ጸጋ'ዩ እቲ ዝኸበረ ጸጋ ሃገር። ኣብ ሃገርና ግን ከምኡ ዓይነት ኣይኮነን። እዚ ዝበልኩሉ ምኽንያት ካብ ዝተፈላዩ ትዕዝብትታት'ዩ። ናጽነት ካብ እንረክብ ኣትሒዝና ንኣካይዳና ክንዕዘቦ እንተፈቲንና፡ ዘገርም ገራት ጥራይ ኢኻ ትዕዘብ፡ ኣብ'ዛ ዓቕሚ ሰባት ትብል ነጥቢ ኣተኲረ ክዛረብ እንተኾይነ፡ ብምድስካል ሓላፍቲ ኪጅምር። ምኽንያቱ ቲ ተራ ህዝቢ ጸብጺብካ'ውን ቦታ ስዘይትረኽበሉ። ኣብ አርትራ ክንደይ ዝኣኽሉ ሓለፍቲ ካብ ስልጣኖም ተኣልዮም ኣዝም ብዙሓት ።።ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ፖለቲካዊ ቀልውላው። ምክትል ፕረዚደንት ሃገረ እርትራ ከይተረፈ ካብ ስልጣን ተባሪሩ፡ ዘገርም ነገር'ዩ። ግን ዕላማ ከኸውን ስለዝኸእል ኣይትግረምን ከኣ። ነዞም ሰባት'ዚኦም ግን እታ ሃገር ብምድስካሉም ማለት ሓንቲ ሃገር ካብ ሰራሕ ብምድስካል'ያ ትረብሕ ማለት ድዩ? ኣይመስለንን።ኣይኮነን ከኣ ምኽንያቱ እቲ ዝእለየሉ ወይ ዝባረርሉ ዘለዉ ሚኒስትሪ፡ ትካል ወይ ካልእ ብዘይ ሓላፊ ንዓመታት ወይ ኣዋርሕ ይጓዓዝ' ሞ፡ ተሰሪዑ ዝነበረ ፕሮጀክትታት ንድሕሪት ይጉተት። ዘይተደልየ ወጻኢታት ይሓትት። ቦታእቲ ሚኒስትሪ ወይ ትካል ሕንፍሽፍሽ ይኣትዎ ማለት'ቱ። ሓላፊ ኣብ ስልጣን ክነብር ኣለዎ ማለት ድዩ? ኣይፋል። የግዳስ ገበን ምስ ዝፍጽም ካብ ንሃገር ዝጠቅም ዝኀድእ ስለ ዝበዝሕ ምእላዩ ብሕጋዊ ኣገባብ ይምረጽ። ኣባና ኣብ ኤርትራ ከምኡ ዓይነት ብሕጋዊ ኣገባብ ሓደ ሚኒስተር፡ ከምዝን ከምትን ገባናት ስለ ዝፈጸመ ካብ ስልጣን ተኣልዩ ዝብል ዜና ደቂሰ እንክላኹ እንተዘይሓሊፋኒ ዛጊት ኣይሰማዕኩን። ብተደጋጋሚዝሰማዕኩዎ ብዘይካ ተኣልዩ ካልእ የልቦን። መን'ዩ ን ዝኣሊ? ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ? በየናይ ስልጣን? ከምለስ ዝግብኦ ሕቶ'ዩ።

ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ፡ ንሓደ ሚኒስተር ወይ ላዕለዋይ ሓላፊ ካብ ስልጣን ከባርር ሕጋዊ ስልጣን የብሉን። ስልጣኑ ምምዛዝ/ምምራጽ ደኣ'ምበር ምውራድን'ውን ኣየጠቓልልን እዩ። ኣብ መሰጋገሪ ቅዋም ኤርትራ ኣዋጅ ቁጽሪ 37/1993 ዓንቀጽ 6(ሸ) ፕረዚደንት መንግስቲ ኤርትራ ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮሚሽናትን በዓል መዚ ታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ምምዛዝ ስልጣን ኣለዎ። ምእላይ፡ ምብራር ወይ ምውራድ ግን ሓላፍነት የብሉን። ምኽንያቱ ቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ብፕረዚደንት ምስ ቀመ ብባይቶ እዩ ዝጸድቕ። ክወርዱ ከኣ ባይቶ እዩ ስልጣን ክህልዎ፡ ስለዚ ባይቶ : ዘጽደቐ ሓላፍነት ፕረዚደንት ክምንዝዮ ወይ ክጥሕሶ ሕጋዊ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ'ዚ ኣብ ግብሪይ ውዓል ንብሉ ዘሉና ሃገራዊ ቅዋም፡ ብ23 ግንቦት 1997 ብቅዋማዊ ባይቶ ዝጸደቐ ስልጣንን ዕማማትን ፕረዚደንት ኣብ ዓንቀጽ 42 ተርዚሩ ይርከብ። ዓንቀጽ 42 ንኡስ ዓንቀጽ 17 ናይ'ዚ ቅዋም'ዚ ከኣ ንፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ "ብፕረዚደንት ዝተሾመ ሰብ ካብ መዝነቱ ብፕረዚደንት ምውራዱ ይክኣል"ይብል።።። እንተኾነ እዚ ቅዋም(1997) ኣብ ግብሪ ስለዘይወዓለ፡ ኣይሰርሕን'ዩ። ሓይሊ'ውን የብሉን። ኣሰቲ መሰጋገሪ ቅዋምና ከኣ ንፕረዚደንት ንሓደ ሚንስተር ይኹን ካልእ ሰብ ሓንሳብ ባዕሉ ምስ ሸሞ ወይ ሓላፍነት ምስ ሃቦ ክኣልዮ ስልጣን፡ ሕጋዊ ሓላፍትን መሰልን የብሉን።

ኣብርሃም
ካብ ዩኒርስቲ ኣስመራ
3ይ ዓመት ቁ.41 | ሰነ 17 2001

# ሓዳስ ኤርትራ መጸለሚት 'ዶ ኣራሚት

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንብሕታውያን ጋዜጣታት ምጽላም ዝዓበየ ቁም ነገር ወሲዳ ትንቀሳቐስ ኣላ። እዚ ዘመተ'ዚ ርኡይ ኮይኑ፣ዕላምኡ ነዘን ኣብ ህዝብና ዕእቢ ተቐባልነት ዝረኸባ ዘለዋ ናይ ህዝቢ ጋዜጣታት ተኣማንነት ጎዲሉ ህዝቢ ክፍንፍነን ንምግባር ምኳኑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ'ሎ።

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብናይ ህዝቢ ድጎማ እናተንቀሳቐሰት ፣ኣብ ክንዲ ነቲ ብሻቕሎት ክሰርሕን ክመሃርን ዘይከኣለ ህዝቢ ሕባርን ምምሃርን፣ ኣንጻር እተን ንህዝቢ ሕእበሬታ ዘዐንግላ ዘለዋ ጋዜጣታት ቀስታ ምቕናዓ።ንሕቡእ ኣጀንዳ መንግስቲ ዘቃልዕ ነገር'ዩ።እዚ ኣለት፣መንግስቲ ንብሕታውያን ጋዜጣታታት(ፕረስ ሃገርና)ንምድኻም ነዲፍዎ ዘሎ ውጥን ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ።

እዛ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ዝጸሕእፈቶን ሕጂ ዝተፈጥረን ኩነታት ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ዘለዎ ጽሑፍ እተውጽእ ጋዜጣ፣ሕጂ ንርእሳ ከም ኣዝያ ፍጽምቲ ገይራ ተቐርብ ዘላ ጽሑፋታ ከሕፍራ ይግባእ እናበልና ፣ኣድላወቲ ብሕታውያን ጋዜጣታት ድማ፣ ነቲ ንግሆ ተጻሒፉ ንምሸቱ ዝፈርስ ትሕዝቶኣ እናልዓልኩም፣ንህዝቢ ከተቃልዕዎ እናጸዋዕና፣ትም ኢልካ ምዕዛብ ግን፣ ሳዕቤንክምዘለዎ ምዕዛብ ከድልየኩም'ዩ ንብል።

መሓሪ ሓየሎምን
ትኩእ ብኢደን
ኣስመራ

# ዘረባ ጥራይ ኮይንና ከይንተርፍ!

ድሕሪ'ዚ ናይ 15 ኣባላት ባይቶን ፕረዚደንትን ኩነታት ብዙሕ ናይ ሰባት ርእይቶታት ኣንቢበ። ዳርጋ ዝበዝሕ ርእይቶታት ንምንታይ ኣኼባ ወይ ዘተ ዘይካየድ ኣብ ዝብል ዝጸቅጥ ክኸውን እንከሎ ገለ ገላ ብፍላይ ኣብ ጋዜጣ ትርግታ ዝጽሕፉ ከኣ ምስ መንግስቲ ጽግዕ ኢሉም ኮን ደኾን እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒምና ቦታና ነዕቢ ዝዓይነቱ ርእይቶታት ዘቐርቡ ኮይኖም ረኺበዮም። ናይ መንግስቲ መርገጽን ሓበሬታን ካብ ጋዜጣ ትርግታ ንረኽቦ ብምህላውና ዝያዳ ክትምስገን ይግብኣ። ኩሉ ርእይቶታት(ብዘይካ ናይ ትርግታ) ንለውጢ ዝእንፍት'ዩ። ናይ ትርግታ ግን ኣብ ሕሉፍ ንንበር፡ ፍንትት ኣይንበል እዩ።

እቲ ኮይኑ እቲ ልዕሊ ጻጻስ ክንኩትልኽ እንተዘይፈተንና ይሓይሽ። እቲ ሓቒ ካብቲ ቀንዲ ምንጩ እናረኽብናዮ ወሰን ወሰን ኮለል እንተበልና ኣየምሕረልናን። እቶም ኣብ ሕመረት መንግስቲ ዝጸንሑ ዓበይቲ ሓለፍቲ ኣባላት ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን እቲ ኣሎ ዝብሃል ጸገማት ሓደ ብሓደ ኣለልዮም ንህዝቢ ብመንገዲ ብሕታውያን ጋዜጣታት ይሕብሩ ኣሎዉ። እዛ ሃገር ናብ ዲቕ ዝበለ ምልኪ ተምርሕ ከምዘላ ይእምቱልና ኣሎዉ።።ነዚ መንግስቲ ካብኦም ንላዕሊ ዝፈልጦ የለን። ስለቲ ሓበሬትኦም ከነመስግኖም ምተገብኤ። ብዝተረፈ ዝነበርኩሞ ስራሕ ካባኹም ንሕና ንፈልጥ ክንብሎም ኣብ ዘመነ ግርምቢጥ ዲና ዘሎና ዘብል'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ሕቶዚ ሕጂ ምልዓል እዋኑ ኣይኮነን። ብደገ ዝምወላ ሰልፍታት ኣይፍቀድን ወዘተ... ዝብል ዘረባታትን መደረን ህዝቢ ንምድንጋር ኢልካ ዝህውተት እዩ። ስልጣን ጥዑም ጥዑም ስለ ዝጠዓሞም ግዚኡ ኣይኮነን እናበሉ ክነብሩ ስለ ዝደለዩ ጥራይ እዩ። ሎሚ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ሙኳኑ ኣመስኪሩ እዩ። ሎሚ መን'ዩ ዘይህዝባዊ ግንባር? ህ.ግ ሓደ ፍሉይ ቀጽሪ ናይ ፍሉያት ሰባት ኣይኮነን። ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ህ.ግ ናይ ሓርበኝነት ጅግንነት፡ ሃገራውነት፡ ተወፋይነት መለለዪ ጠባይ እዩ። ከም ሓደ ፍሉይ ደምበ ጌርና እንተዘይወሰድናዮ ጽቡቅ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምቹእ ኩነታት ቅዋም ኣይኮነን ሰልፍታትውን ክቐማን ክነጥፉንን ጸገም የብለንን። ውሽጢ ውሽጢ ናይ ሃይማኖት ናይ ኣውራጃ፡ ወዘተ... ፍልልይ ኣሎ እናበልካ ሰብ ከምዝፈርሕ ምግባር፡ ከምቲ ዝብልዎ ኣረጊት ሸጣራ መጻንሒ ስልጣን ጥራይ'ዩ። ኣተሓሳስባ ህዝቢ ልዕሊ ኣተሓሳስባ መንግስቲ ከምዘሎ ጥራይ ኢኻ በዚ እትርዳእ።

ኣብ መደምደምታ፡ እዚ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ከየምርሕ ህዝቢ እሂን ምሂን ክንብልን ጻዕርታትና ክነዛይድ ይግባእ። እገሌ ከምዚ በለ እገሌ ከምቲ በለ ይኣኽለና። ዘረባ ኮይንና ከይንተርፍ። ሃረርታ ናይ ራህዋ፡ ቅሳነት፡ ምዕባለ እምበር ናፍቖት ናይ ውልቀ ሰባት ክህልወና ኣየድልን። ካባይ ጀሚርካ ንውልቀ ኣይኮንናን ሂወትናን ኣካላትናን ከፊልና።

ግርማይ ገብረስላሰ
ዓዲ ኣቤቶ
3ይ ዓመት ቁ.52 | ሓምለ 26 2001

## ዛራ ገጠምቲ

### መንጤለን የቐንየለይ

እቲ ጸሊም ደበና ዘብረቐረቐ
ዝግላህ ዘይመስል ከየብረቐ
ህቦብላ በርቂ ከየኽተመ
ጊሉኡ ጌይሩኒ እናህደምድመ
ሎምስ... ይመስለኒ'ሎ
በርሃው ዝበለኒ
ቁሩብ ፎኺሱኒ
እቲ ሓያል ዝመስል ደበና
ጥብ...ጥብ እናበለ
ሰብኣይ፣ኣንስቲ ህደምና
ጊዜኣ የእኺላ
መንጠሌን ተላዒላ
መንጠሌን ኣትያቶ
መንጠሌን ዘራጊቶ
ዘራእትና ከተንቅጾ።
ንቐውዒ ክንትስፎ
ክትገልሆ ርኤያ
ብዙሕ ኣመስጊነያ
ከመይሲ....
ከሪመ'የ ጸልሚቱኒ
ብርሃን እዝጊ ሓሪሙኒ
ድጉል ሓዊ ኣናኺሰ
ብትኪ የዕንተይ ረሚሰ
ስለ ዝኸረምኩ
ሕጂ ግና...
ብርሃን ፈጣሪ
ንኸርእያ ብቐትሪ
ባናኣ ኣብሪሃትለይ
መንጠሌን የቐንየለይ!!

ዋካ ገብሩ
ኣስመራ

## ዛራ ገጠምቲ

### ብኻ ጨካን ኔርካ

ቁራስ እንጌራ ብፍቕርኻ ተባሪኽ
ማይ ዮርዳኖስ ኮንካ ብርውየትካ
ሓንቂቐ
ጠምጠም ኢለካ ዘይወዳእ ስሰዐ።
ካብ ውህደትካ ኣይተመጠን ግዜ
ግንያ ፍቅርኻ እናሻዕ እናወሓዘ
ኣድህቦ ኣይሃብክዎን ምሳኻ መሪጸ።
ኣመና ለዋህ ኔርካ ንፍቕሪ
ዓይኒ ግን፡ ኣንቢሩልካ ፈጣሪ
ከም'ዚ ከማይ ምሳይ ተቓጺጹ
ንዝፈጠሮ ኣፍቂሩ እምብዛ ተጣዒሱ።
ነዚ እንተነይሩ እቲ ጉዕዞ፡
ብኻ ጨካን ነይርካ
ንለዋህ ፍቕሪ ሕቖኻ ትህቦ
ገጽካ ኣዕቲብካ ፍሽኽታ ተርሕቐ
ሉሚ ክነብዕ ኣይምነበርኩን
ዝኽርታተይ ምሃሰሰ ሳሕቲ ምደገሰ።
ከሰዐይ ብኽፍቱ እኽለ ማይ ነፊጉ
ምፍላይካ ኣይጸሮን ንደገ ኣዘዊጉ
ንብዓተይ ንቓንዛይ ካብ ዘይሓጸቦ
እህታይ ምኽኣል ካብ ዘይዓጅቦ
ብኻ ጨካን ነይርካ
ፈጣሪ ኩሉ ዓለም ንእስነትካ ርእዩ
ምሕረት ከውርደልካ ጸሎተይ
መዕረግኩ
ንዓይ'ውን ምሕረተይ ምመጸ
ሓዘኑ ወዲኡ ልበይ ምቐበጸ
መጻኢ ከኣ ምዳህሰሰ።

ግርማይ ኣብርሃም
3 ነሓሰ 2000.

## ዛራ ገጠምቲ

### ሰብ ይጥንጡጥ . . .

ከም ጣንጡ
ነቲ ቐዛፊ ተሰኪሙ
ክጡንጡጥ ከምዘይ ጸነሐ
ንርእሱ ይበልያ ደሓር
ሰብ ምስኮነ
ይሰሃሎ
ንክሕምዶ
ጣንጡ'ኸ ብዓሶ
ትመውት'ዶ?
እንተ ሰብ'ሞ
ይጡንጡጥ
ይሰብስብ
ይሕምድ ።

ሳባ ኪዳነ
1-08-2000


መቓልሕ

ዋና ኣሰናዳኢ
ማቴዎስ ሃብተኣብ
ኣባላት ምስንዳእ
ዳዊት ሃብተሚካኤል
የዕብዮ ገብረመድህን
ሰላም በየነ

## ጦብላሕታ

# ደብዳቤ ናብ ዓርኪ ስዉእ ኣቦይ

ክቡር ዓርከ'ቦይ፡ ከመይ ኣለኻ? ይቕሬታ ግበረለይ፡ ንስለ ምሉእነት'ዛ ናይ ዕድመ ደብዳብይ'ምበር ጽቡቅ ምህላውካ ኣንዳዕዲዐ እፈልጥ'የ። ዝኸበርካ ዓርከ'ቦይ፡ ሎሚ ዝዕድመካ ዘለኹ፡ ኣብ ገዛና ሓደ ጉዳይ ስለ ዘሎ'ዩ። ሕጹ፡ መርዓ፡ ጥምቀት'ዶ መሲሉካ? ኣይፋሉን። ደሓን ርግእ በል ባዕለይ ክጸውየካ'የ። ኣነ ኮታ ዓርከ'ቦይ ሕጹ፡ መርዓ፡ ጥምቀት ደኣ ንነና በየን ኣቢለን ክመጻ? መን'ከ ክሕጸ? መን ከምርያ...መን...? ካብ ሰብ ከይትሰምዖ ዘይከም ቤትካን ቤት-ዘመድካን ሓጎስ ንዓና ጓና'ያ። ቀደም ሳላ ሃይለስላሰን ደርግን ሎሚ ከኣ ኣ.... .ወኻዕታን ምዝናይን ኣይብጽሒትናን' የን። ክቡር ዓርከ'ቦይ መታን ስፍሕ ዝበለ ኣፍልጦ ክትረክብ፡ ብዛዕባ ገዛና ገለ ሓበሬታ ክውስኸ። ገዛና'ምበኣር ሓንቲ ኣዝያ ንእሽቶ ክፍሊ'ያ። ከይተሓሰወኒ ክንዲ'ቲ ብጣዕሚ መነባብሮ ቅ፡ ውሉድ ሰብ ዝመስል ከልብኻ ዝቕመጠላ ንእሽቶ ክፍሊ. ክንዲ ፍርቃስ ትኸውን'ያ። ብዛዕባ ዕቤታ'ምበር ብዛዕባ ጽባቐ እንተመጺእኻስ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ'ዩ ዘለወን። ማለተይ እታ ናይ'ቲ ከልቢ ቤት ብሕብሪ ዝማዕረገት፡ ቦሌፎን፡ ማቴኔላ...ወዘተ ኩሉ ኣለዋ። ገዛና ግን ካብ'ታ ነብስኻ ንጋድም ብምግባር እትእቶ ግን ብዝተጨፍለቐ ዚንጎ ዝተሰርሐት ጸባብ ማዕጾ ጀሚርካ፡ ብማይ ብዝበስበሰ ካርቶናትን ተንኮበትን ዝተኻበበ...ጨራታት ዘይክልክል፡ ካብ ነጠብታ ዝናብ ዘየማዕቁብ መንዲቓዊ ገጻት ገዛና፡ ኣብ ክራማት ናብ ንእሽቶን ዓሚቝን ዒላ እትቕየር፡ ግደፍ ሰብ፡ እተን ህላዌኣን ንምርግጋጽ ኣብ ጨፈቃን ጅቅጅቅ ማያትን ዝፈረያ ጣንጡ'ውን ዝተሓሰማኣ ምድሪ-ቤት...ኮታ ንፈውሲ ማሕላ ጽቡቕ ዝበሃል ነገር ዘይብላ ምድራዊት ሲኦል'ያ። ገዛና!! መናፍስቲ ጥፍኣት ዝዛነዩላ ጸባብ መቓብር። ኦ ፈጣሪ ንዓኣ ኣይትኸላኣና! ዓርከ'ቦይ ኣይትሓዘለይ ስቕ'ለ ከድክመካ ጸኒሐ።

ወዮ'ባ ገዛና ትፈልጣ ኢኻ። ዛጊት ዳርጋ ዓሰርተ ዓመት ኮይኑ ካብ ሜዳ እትው ምስ በልካ ስድራ ጅግና ብጻየይ ንምርኣይ ኢልካ ገዛና ብምምጻእ ኣዘናጊዕካና። ኣየ'ባ እቲ ዕላልካ ክጥዕም ዝነበረ!! ሽዑ ምስ ኣቦይ ብሓባር ዝተሰኣልኩሞ ስእሊ ገዲፍካልና። ቀጻሊ እናመጻእካ ደሃይና ክትፈልጥ ምዃንካ ተመባጺዕ ካልና ከይድካ። ደሓር ግን እግሪ ኣሕጺርካ ዓርከ'ቦይ። « ዝኸሰዐ ሰብ ረሰዐ» ኮይኑ። ይዋእ ድፍእ ዝበለ'ምበር፡ በዓል ዓርከቦይ'ሲ ኣብ ጽቡቅ ኣለኹም።

ካልእ ከኣ'ባ ዘኪረ። ኣብ ግዜ 6ይ ወራር ካብ ተጓዳኢ ቀመማት ንምድሓን ዝሰራሕኩሞ ንኣፍንዓኹምን ኣፍኩምን ገጥ ኣቢሉ ዝሓትም ማስኬራ ኣርኢኻና። ሽዑ ነቲ ኣንጻር ምህላው ዝፈታተነኩም ዝነበረ ጎዳኢ ጋዛት ንምምካን ኢልኩም ትገብርዎ ምንባርኩም ውጽኢት ነርይዎ። እዚ ማስኬራ'ዚ ንመዘከርታ ተባሂሉ ከባቢ ኣብ ቤተ-መዘክር ዝቕመጥ'ምበር ድሕሪ ናጽነት ትጥቀምሉ ኢኹም ዝብል ሓሳብ ኣይነበረናን። ሕጂ ኣብ ኣሰራርሓኹም ዕግበት ስኢኑ፡ ርእይቶኡ ደስ ንዘብል፡ ገዝፍቲ ጌጋታትን በደላትን ኣብ ቅድሚ ዓይኑ እናኹደዱ ከም ኣእምሮ ዘለዎ ፍጡርን ከም ዜጋን በጨቕ ንዘብሉ መረረ ድማ ድምጺ-ኣልቦ ንምግባር ኣፉ ትሓትምዎ ዝበላ መን ነይሩ? ሎሚ ግን እታ ዝረኣየት ዓይኒ ኣሚና! መስኪራ!! ዓርከ'ቦይ ሕጂ'ውን ንዓኻ'የ ኣቕሪበ ዝዛረበካ ዘለኹ'ምበር፡ እናሰማዕካ ከም ዘይሰማዕካ እናረኣኻ ከም ዘይረኣኻ፡ ብጥዑይካ ዕውር፡ ብጥዑይካ ጸማም ምዃን ቀሊል ኣይኮነን ዓሰርተ ዓመተይ ተለማሚደዮ'የ። ግን ሓደራኻ ዓርከ'ቦይ ንኻልእ ከይትነግር። ማለተይ ከየደስክሉኒ። ነገራት ከይተሓዋወሱኻ። «ምድስካል» እትብል ቃል ንካብ ስልጣኖም ዝወረዱ ጥራይ ስለ እትገልግል፡ ኣነ በዓል ስልጣን ከይመስለካ። ኣየ ዓርከ'ቦይ ስልጣንያ ዘይብለይ ከመይ'ሉ ስልጣን ይህልወኒ። ዝበልኩኻ ደኣ ካብ ህ...ላ...ወ...ካብ ም...ን...ባ....ር ከይድስክል 'የ ዝብለካ። ኣንታ ካብ ዓርከ'ቦይ ተኣምር ኮይኑ ገመል ብዓይኒ መርፍእ እንተሓለፈት'ሞ፡ ንዓና ከኣ እንተሓለፈልና፡ ነዚ ካብ ብሰንኪ ተተኻኻኢ ኵናት ኣብ ደንደስ ምጽናት ተገምጊሙ ዘሎ ዘርኢ ቤትና'ባ እንተተመለሰናዮ። ተተኻኻኢ ኵናት'ምበር ተተኻኻኢ ዘርኢ'ኳ እናወሓደ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ዓርከ'ቦይ በዓል ከማና ንስኻ'ኳ ሎሚ ሰዲርኩም ኢኹም። እንቋዕ ' ፈጠረልኩ"!! ኩሉኻ ሓደ ኣይትኹን። ኤእ ሓወቦ እንተኾነ ግን፡ ንዓና' ውን ብዝወሓደ ቤትና ከይዓኑ ሕሰቡልና። ነገሩ «ነንጭዋ ንዓጽሮ ሞታ ንድሙን ከኣ መጻወቲታ» እናኾነ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ሓንሳብ ዓርከ'ቦይ፡ ዳዊት ዝኽርታተይ ተጀሚሩ'ምበር ኣይተፈጸመን። ሕጂ'ውን ንድሕሪት ክመልሰካ። እቲ እዋን ናጽነት ንገዛና ክትመጽእ እንታይ ግዲ ኢኻ ዘበልካኒ? ረሲዕካዮ ዲኻ? «ኣቦኻ ንርዌተ-ቃሕታኻ ዝተበጀወ ጅግና'ዩ ዶ'ኸ ኣይብልካንን? ሽዑ ኣሚነካ ዓርከ'ቦይ። ሎሚ ግን...ሓዚነ...ጉህየ... ። በቲ ጅግና» እናበልካ እናሻዕ ተልዕሎ ዝነበርካ ስውእ ኣቦይ ተላግጽ ምንባርካ ተሰዊጡኒ። ብርግጽ ኣቦይ ቃሕታ ውጹዓት ንምምላእ ከም ዝተሰውኣ እፈልጥ! ነዚ ቃሕታ'ዚ ግን ንሱ እቲ ከበድቲ ደናጉላ ዝተጸቀጠ ዕዳ መከራና ዝተኸፍለ ጅግና ካብ መቓብር ወጺኡ ክትግብሮ ከም ዘይክእል'ውን ; ኣጸቢቐ እፈልጥ። ብዘይካ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሞት : ሰዒሩ ዝሃለወ ሰውእ መዓስ ኣሉ? ኣቦይ በዚ . ኣይሕመን'ዩ ተልእኾኡ ፈጺሙ'ዩ።

ከም በዓል : ንስኻ ሕድሩ ተቀቢልኩም ቃሕታና ዘይምፍዋስኩምን ክትባልሁና ዘይምፍታንኩምን ግን...ዘተሓማሚ ጥራይ ዘይኮነስ ዘካስስ'ውን'ዩ። ሄ...! በዓል ዓርከ'ቦይ'ሞ መን ክኸሰኩም። ኩሉ ባዕልኹም ! ኮይንኩም ። እንተደሊኹዎ ትኣስሩ፡ ተባርሩ ! ተደስክሉ... ትምሕሩ......።

ዓርከ'ቦይ ምስልኻ ይለዋወጠኒ'ሎ። ካልእ ነገር : ክትብለኒ'ውን እዝክር ኣለኹ። ኣብ ቀጽሪ ሓደ ቤ/ጽ ተንበልብል ንዝነበረት ውህደት ኣርባዕተ ሕብርታት ንዝኾነት ባንዴራ እናመልከትካ «ኣቦኻ ነዛ ባንዴራ'ዚኣ'ዩ ወዲቑ፡ ካብ ልቢ ከኣ ዘምረላ» 1 ኢልካኒ። ኣብ'ቲ ኣዋርሕ'ቲ ንስኻ'ውን ከምኡ ትገብር ምንባርካ እዝክሮ'የ። ከም'ዚ ሎሚ ከይኮነ ተ ሽዑ ትእመን ነይርካ" ሎ ሚ ክርእየካ ከለኹ ግን ዓርከ'ቦይ፡ ባንዴራ ኣብ ትሰቀለሉን ትወርዱሉን ነ ሰዓታት ክትዝምረላ'ስ ይትረፍ፡ ነዛ ኣብ ገለ 1 ኣጋጣሚታት እትግበር ናይ ሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ጸሎት፡ እታ ደቒቕ ዓመታት ዝነውሓትካ ክትመስል ቅድሚ «ዕረፍ» ክትመጣላዕን ነቲ ፈላጻይ ዘውዕል ክሳድካ ክትደርዝን ይርእይ'ለኹ፡ ኣቤት! ከምኡ 1 ክትገብር ከኸፍኣልካ። ጽናሕ ኣወድኣኒ ዓርከ'ቦይ ዓሰርተ ዓመት ተዓዚበ'የ። ዓሰርተ ዓመት ምሉእ ድማ ሓዚነ። ዓው ኢልካ ዘይብከዮ ሞት ሕጹይ ኮይኑኒ። ግን ንብዓተይ ኣብ ክንዲ ንደገ ንውሽጢ ኣፍሲሰ መጀመርታ ከም ውሉድ መጠን ኣቦይ ዘይምርካበይ ነቢዐ ደሓር ግን፡ ዓርከ'ቦይ ንዓኻ ነቢዐልካ። ብሂወትካ ከለኻ ነቢዐልካ። ኣቦይ ኣብ ሰበይ ሰብካ ወገነይ ወገንካ...ኣብ ገንዘብን ንዋይን ከይተጨማለቐ ወርቃዊ ታሪኽ ገዲፉ ስለ ዝተሰውአ ኣ ኮሪዐሉ...ተሓቢነሉ..." ኣንታ ናትካ'ኸ ተሓጺብካ ኣ ኣብ ጭቃ። ሕሉፍ ታሪኽካ ብነብሰ-ፍትወትን ጥልመትን ተጀሊሑ፡ ንዝተቐመጠሉ መትሓዚ ስ ንዘመስል ሕብሪ ማይ መሲሉ መንነትካ ክለዋውጥ ት ክርኢ ከለኹ'ኳ እምብዛ'የ ዝጉሂ። እሓፍር። እሓፈርልካ ከኣ። ካብ እዝግ 'ስ መቓልስቲ'ቦይ'ምበር ኢኻ። ዝገርም'ዩ ንስኻ ግን ቅንጣብ ሕፍረትን ስክፍታን ዘይብልካ ቆርበትካምሒርረጉዱ።«ዓሻጽቡቕ'ሎዘመድዓሻ ግን ከፌእዎ' ሉ» 'ኳ ተባሂሉ" ዓርከ'ቦይ ስጋ ለቢስካ ስለ ዝተዛወርካ ጥራይ፡ ኣለኹ ኣይሞትኩን ከይትብለኒ። እፈልጥ'የ ዓርከ'ቦይ ጥዑም ትበልዕ፡ ጥዑም ትሰቲ፡ ጽቡቕ ትኸደን፡ ጽቡቕ ትረግጽ ኣለኻ። ኣይሞትካን ማለት ግን ኣይኮነን። ዓርከ'ቦይ! ሕልና ሞይቱ'ዩ!!

ዝተደብየ ሕልና ዝተጠፍጠፈ ስጋ፡ ዝተቓቐረት ትንፋስ፡ ኣለኹ ኣይሞትኩን ኢላ ምምጓታ እንታይ ትርጉም ኣለዎ።ንሰብ'ኮሕልና'ዩዘንብሮ።ኣይ!ትንፋስዘለዎ ሬሳ ካብ ምኻን ኣድሕነና ጎይታ። ዓርኮ'ቦይ፡ ንምኻኑ ዘለናሉ ከባቢ'ኸ ትዝክሮ ዲ'ኻ? ግዜ ወሲዱ'ዩ ከይትርስዖ ኢለ'የ" ወይለይ...ኣንታ ስማዕ'ንዶ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን'ባ ደሃይ ገዛና ገይርካ ነይርካ።

ነቲ ብሃብቲ ክትኮስ ደልዩ ዘሎ ሓውኻ፡ ብዘይካ'ታ ኣብ ማእከል ከተማ ዝገዛእካሉ ቪላ፡ ተወሳኺ ንደቁ ዝኸውን ገዛ ንምስራሕ፡ ነታ ንእሽቶ ገዛናን ገዛ ጎረባብትናን ኣፍሪሱ ክሰርሕ ምስ ኣፍቀድካሉ፡ እቶም ከፍርሱ ዝተላእኩ ወትሃደራት ከተማ ብስም «ማስተር ፕላን» ብሓላፍነትካ ከም ዝተኣዘዙ ዘረድእ ወረቐት እንድ'ዮም ኣርእዮምና። እዋይ ምጹተ ንኸሉ ዓለም! ኣንታ ዓርከ'ቦይ ክንዴይ ትጭክን! ነታ ንመቓብርካ ዘይትምነያ ገዛ ድማ ከትግድፈና ተደናዲንካ። ነቲ ብጻየይ እትብሎ ኣቦይ'ኳ ኣይትዝክርን። "ኤእ»ኢሉ ዝገንሕ መንፈስ ተሳኢኑ። ብዝኾነ ን፡ ኣምላኽ ጥዑም'ዩ" ካብ'ቲ ናታትና ዝሓሸ ቦታ ረኺብካስ ያኢ፡ ንወዮ ገዛውትና ካብ ምፍራስ ከም ዝተቐጠብካ ድሒረ ሰሚዐ። ግን ከኣ ኩሉ ወዮ'ዩ። እቲ ዘፍረስካዮስ ናይ መን ከይከውን? ናይ ከም'ዚ ከማና ውጹዓት እንደኣሉ ዝኸውን። ተዛረብ ኢሉኒ'ምበር ገዛና'ውን ጽባሕ ተፍርሶ። ወዲ ሓወቦኻ ወይ ወዲ ኣኮኻ፡ " ገዛ የድልየና'ሎ" ኣብ ዝበሉኻ እዋን።

እንተንሕና'ሞ ክሳብ'ታ ትመጽና እምባ ሓቑፍና ክንጽበየካ ኢና። ካብኡ ሓሊፍናስ እባ ከኣ ንገብሮ ነገር የለን። ግደፍ ደኣ ዓለም ምስ ዘሎ'ያ ዓርከ'ቦይ። በቃ ንርኹብን እንግድዓን ንዘለዎን ጥራይ። ዓርከ'ቦይ ናብ'ቲ ክጽሕፍ ዘበገሰኒ ጉዳይ ክመልሰካ። ዝመጽእ ሮቡዕ ገዛና ምጻእ። እታ ላንድክሩዘር ዝዓይነታ መኪናኻ ግን ኣይትማላኣያ። ምኽንያቱ፡ ደሮና ክኾና'ዩ። ከይትባላሸወካ። ካብ'ተን ንእስ ዘበላናይስራሕመካይንእንተገበርካይሕሸካ።ኩሉ ኣብ ትሕቴኻ እንድ'ዩ ሓቀይ?...በቃ'ሞ ካብኣተን ተምጽእ። ግን ከኣ፡ ጎደናታት ገዛውትና ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ። መኪና ሒዝካስ ይትረፍ ዓረብያ'ኳ ንጋዶ። እሞ ዋላ ብእግርኻ እንተመጻኻ'ኸ? እንታይ ኣለዎ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ምሉእ ብእግርኻ ዘሰጎምካላ ፋልመይቲ መዓልቲ ትኾነልካ።

በጃኻ ምጻእ ዓርከ'ቦይ፡ ህይወት ስኡናት ኣብ ከመይ ዝበለ ገድሊ ተሸሚማ ከም ዘላ ክትርኢ። ኣንጻር ናይ'ቲ ንስኻ እትነብሮ ዝንባዕ ንብዓት ክትዕዘብ ገዛና ምጻእ። ኣብ'ቲ ርሁው ጥቕኻ ምሒር ካብ ምስሓቕ...ካር...ካር...ክትብል ከለኻ ካብ ዓይንኻ ንዝምንጩ ናይ ሓጎስ ንብዓት ጥራይ ኢኻ ትፈልጥ። ኣብ ገዛና ግን፡ ዘይከም ናትካ ብጓሂ ዝተኾምተረት፡ ዓሰቢ መሰዋእታ ጥልመት ዝተደበሰት፡ ዝያዳ ደም መሪር ንብዓት እትጭንጉዕ ልቢ.እተጸሮ ሕሰምን መከራን፡ ቁጠዐን ምስትምሳልን ዝንበቦ ንብዓት ኢኻ ክትርኢ። ንብዓት ልቢ!

ዓርከ'ቦይ ደሓር ገለ ነገር ከይትብለኒ፡ ኣብ ገዛና ሳሎን የብልናን። ምስ'ቲ ኣብ ገነት ከይትህሉ ዘጠራጠካ ሶፋታት ገዛኻ ዝመጣጠንስ ይትረፍ፡ ዋላ ኩርሲ'ውን የብልናን። ገሪሙካ'ዶ ዓርከ'ቦይ? ኣብ ምንታይ ደኣ ኮፍ ትብሉ ዝብል ሓሳብ ዘለካ ኮይኑ ይስመዓኒ'ሎ። ክምልሰልካ። ኣደይ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ዱኳ፡ ኣነ ድማ፡ ኣብ ኩሮኹረይ፡ ዓርኮ'ቦይ ካብ ኣብ ምንታይ ኮፍ ትብሉ? እንታይ ትበልዑ? ዝብል ሕቶ ምቕዳም ምሓሸካ።

«ንኽብዶም ዘይረኸቡ መቀራጠምያ ንርእሶም ይደልዩ መጠምጠምያ» ኣይትግበሮ" ምዃን ሓቕካ ኢኻ፡ ኣብ ከብዲ ጽጉብ ጥሙይ መዓስ ኣሎ። ሕጂ ግና ሓደ ነገር ዘኪረልካ። ፍቓደኛ እንተኾይንካስ፡ እታ ኣደይ እትቕመጠላ ዱኳ ነጻ ያ ዘላ። ነጻ!! ኣብኣ ኮፍ ክትብል'ዶ ምኸኣልካ? ዋላ ትንኣስካ፡ እንታይ ደኣ'ኸ ይገበር!!??

ዓርከ'ቦይ ኣብ'ዚ ከተማ ኮይነ እጽሕፈልካ ምህላወይ ደስ ከም ዘይብለካ እኣምን'የ። ግንባር \ኣሎ እናበልካ ትጽቢትካን ክውንነትን ኣይክቃደውን'ዮም። ከምኡ ምባልካ ቅኑዕ'ዩ። ከመይ'ሲ እዚ እዋን'ዚ በዓል ኣነ እንድለየሉ እዋን ስለዝኾነ። ኣብ እዋን ሰላም ነዛ ንዓይንኹም ትጸልኡና። ድምጺ ቃንዛና ምእንታን ከይትሰምዑ ኣእዛንኩም ዎክ ማን ትውትፍሉ ከም ዘይነበርኩም፡ ኣብ ግዜ ኩናት ግን ብላምፓዲና ደሊኹምና። ኣብ ዓረር በጺሕኩም ለጊስኩም። ኣብ ውዑይን ኣብ ዝሑልን ዝጥበሱ መጋበርያ ረኺብኩም። ሓቅኹም በዓል ዓርከ'ቦይ። ሓ...ደ...ል...ቢ» እናበልኩም ድማ ትዋጥዩ" ዓርከ'ቦይ፡ ይኣክል!! ክሳብ መዓስ'ዩ ወረጃ-ማዕዶ ክኸወን? ክሳብ መዓስ ኢና ከም ኣውታር ብኣጻብዕትኹም ክንቃነ? ኣረ ክሳብ መዓስ ኢና ከም ፓፓጋሎ ብጣለነት ንዝተላዕጠጠ ድምጽኹም ክንደግም ...ክሳብ መዓስ? ዝኸበርካ ዓርከ'ቦይ ስክፍታኻ ምእንታን ክጎድል፡ ኣነ ገና ትምህርቲ ንምዝዛም ሓደ ዓመት ተሪፉኒ ስለ ዘሎ ዛጊት ኣብ ሰራዊት ኣይተጸምበርኩን። ወላ ትምህርቲ'ምበር መን ምነሓፈኒ። እቶም ዝርካቦም ክልተ ኣሕዋተይ ን፡ እንተስ ይጥዓሞ እንተስ ይሕሰሞም፡ ኣብ'ቲ ንስኻ ትመርጸሎም ኣብ ግንባር' ዮም ዘለው። ኣነን ኣደይን ኢና ኣብ'ታ ገዛ ዝተረፍና።

እንተ ሉ ሚ ግን...ዓርከ'ቦይ እታ ትመጸላ መዓልቲ ሮቡዕ'ያ ትኸውን ዘላ። ከይትርስዓ። ቀጸራ ኣይትጥላም ሕድሪ! ዓርከ'ቦይ ከም'ቲ ንቡር ንሰብ ዝያዳ ኣብ ሓጎስካ ኢኻ ትዕድሞ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሽግርካስ ጻውዒትን ዕድመን ከይተጸበየ ባዕሉ'ዩ ዝመጽእ። ኣነ ንዓኻ ኣብ ሓጎስ ኣይኮንኩን ዝዕድመካ ዘለኹ። ኣብ ሽግር'የ ዓዲመካ። እቲ ጉዳይ ብሰባት ምስ ሰማዕካዮ ብድድ ኢልካ ከም ዘይትመጽእ ስለ ዝፈለጥኩ ግን ክጽሕፈልካ ተገዲደ። መሳሕቐ ሰብ ከይትኸውን ኢለ'የ። ዕድመ ኣብ መርዓን እንግዶትን ስለ ዝለመድካ፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምዕዳምካ ከም ዘይወሓጠልካ እፈልጥ'የ። ብዝኾነ ግን ከም'ዛ ዘይበልኩኻ ገዛና ብምምጻእ ገጽካ ኽደን እታ ደቃ ኣብ ዝብጻሕ ንምብጻሕ ርስሓት እንዳማታ ሓጺባ፡ ጸጉሪ ዓዲ ሃገር ቀኒና ዘዕበየት ኣሚን ስውእ ብጻይካ፡ ኣዴና፡ እቲ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዕድመ ስልጣንኩም ዘወረዳ በደልን ምርሳዕን ኣብ ኩብዳ ጸይራቶ ክትሳለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ልዕሊ'ቲ ክትጸሮ ዝነበራ መሊኡ ብምትኳሱ ናብቲ ናይ መወዳእታ መዕርፎ ህይወት ብምዝዛው ምስ ዘይምንባር ወጊና። በል ዓርከ'ቦይ ገዛና ብጻሕ መንግስተ-ሰማይ የዋርሳ! ኣዳይ ዓሪፉ'ላ!!

የርህወሉ ወዲ ዓርክኻ
ኣስመራ

3ይ ዓመት ቁ.67 | 16 መስከረም 2001